ንመንነትካ ምንባር

መጋቢ ኪሮስ ተስፋይ

ናይሮቢ፡ኬንያ

© 2009
መሰል ደራሲ እተሓለወ እዩ።

ንርእይቶ በዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ተጠቐሙ
Pastor Kiros Tesfay
E-mail: keruedu@yahoo.com

Design & layout by ZION Graphics
zions_graphics@yahoo.com

ermiaszion@yahoo.com

እዛ መጽሓፍ እዚኣ
ነቶም ብምኽንያት እምነቶም
ኣብ ዝተፈላለየ ቤት-ማእሰርቲ
ብመከራ ዝሓልፉ ዘለዉ
መዘከርታ ክትከውን እውፍያ።

ትሕዝቶ

ምስጋና 7
መቅድም 9

ቀዳማይ ክፋል - ጽውዓኻ (መንኑትካ) ምፍላጥ 11

መእተዊ 13
ምዕራፍ-1 ብክርስቶስ ውልድነት አምላኽ ኢና 17
ምዕራፍ-2 ብክርስቶስ ተስፋ አምላኽ ኣሎና 23
ምዕራፍ-3 ብክርስቶስ ኪዳን ኣሎና 31
ምዕራፍ-4 ብክርስቶስ "እስራኤል" (ህዝቢ አምላኽ) ኢና 37
ምዕራፍ-5 ብክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ሰይጣን ስልጣን ኣሎና 43

ካልኣይ ክፋል - ንዝተጸዋዕካሉ ጽውዓ ብቕዕ ኪንካ ምምልላስ 49

መእተዊ 51
ምዕራፍ-6 ኣካይዳና ኣብ ማእከል ማሕበር 53
ምዕራፍ-7 ከም ደቂ ብርሃን ኪንካ ምምልላስ 61
ምዕራፍ-8 ዕውት ሓዳር 67
ምዕራፍ-9 ክርስትያናዊ ስድራቤት 75
ምዕራፍ-10 ስርዓት ዕዮ 79

መደምደምታ 83

ምስጋና

በመጀመርታ ነዛ መጽሓፍ እዚኣ ጀሚረ ንኽውድእ ብመንፈስ ዝረድኣኒ ኣምላኽ ኣብርሃም፡ ይስሓቕን፡ ያዕቆብን ከመስግን እፈቱ። ቀጺለ፡ ነዛ መጽሓፍ ብኮምፒዩተር ብምጽሓፍ ካብ መጀመርታ ዝተሓባበሩኒ ሚልዮን ወልዱ፡ ኣቤል ገዛኢ፡ የሩሳሌም ተወልደመድህን፡ ትርሓስ ተኽለኣብን የመስግኖም። ከምኡ'ውን ኣንቢቦም ጽቡቕን ሃናጽን ርእይቶ ዝለገሱለይ ብዓይታ ኣቦታተይን ኣሕዋታይን ፓስተር ሚኪኤል ኣብርሃ፡ ዘማሪ ዑቕባስላሴ ሃይለ፡ ወንጌላዊት ሓርነት ሳሙኤል፡ ፓስተር ሄኖክ ሃብተን ፓስተር መኮንን ገረዝግሄርን ከመስግኖም እፈቱ። ኣምላኽ ኣገልግሎትኩምን ምርዳእኩምን ይባርኽ ይብል።

ብገንዘብ ንዝሓገዙኒ ሰባት'ውን ኣምላኽ ዕዮ ኣእዳውኩም ይባርኽ እብል። ብፍላይ ድማ ነዛ መጽሓፍ እዚኣ ቃላት ብምእራም ዝተሓባበረን ናይ መወዳእታ ቅርጻ ንምትሓዝ ዝደገፈንን ኣማኑኤል ኤልያስ ከምኡውን ለይኣውት ብምግባር ዝደገፈኒ ኤርሚያስ ዘራጽዮን ኣምላኽ ይባርኽኩም እብል።

መጋቢ ኪሮስ ተስፋይ

መቅድም

ንመጽሐፍ ኤፌሶን ደጋጊመ ድሕሪ ምንባበይ፣ ንህይወተይ አዝያ ስለ ዝመሃረትንን ዝለወጠትንን፣ ነዛ ቦኽሪ መጽሓፍ ክጽሕፍ ክኢለ፣ ናብ ኢድ ብዙሓት ሰባት በጺሓ ንለውጢ ኽትከውን ድማ እምነ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ዝርዝራዊ ትሕዝቶ ናይ መጽሓፍ ኤፌሶን ዘይኮነ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይታ መጽሓፍ ዝሓዘት እያ። ክጽሕፍ ከለኹ ኽኣ ኣብዛ መጽሓፍ እዚኣ ዝተረዳእክዎ እሞ ሰባት ኪርድኡዎ ዝደልዮ ቀንዲ ነጥብታት ኣሎ። ብርግጽ እዚ ነጥብታት መወዳእታ ምግላጽ ናይ መጽሓፍ ኤፌሶን ክብል ዘይኮንኩ፣ በቲ ዝበጻሕክዎ ንእሽቶ ምርዳእ ሰባት ኪርድኡዎም ዝደልዮ ነገራት እየ ጽሒፌ ዘለኹ። እዚ ነጥብታት እዚ፦

1. እቲ ለውጢ ህይወት፣ ካብቲ ክርስቶስ ዝፈጸሞ፣ ሕጂ ድማ ምእንታና ኮይንዎ ዘሎ ዚብገስ ኮይኑ፣ ንሱ ኽኣ ነቲ "ብክርስቶስ" ዘሎና መንነት ዚውክል እዩ።
2. ነቲ መንነትካ ብምፍላጥን ብምእማንን ብምሕዳስ ሓሳብካ ከምእትልወጥ እሞ ብድሕሪኡ ብዘይ ጸገም ነቲ ዘሎካ መንነት ኣብ ምድሪ ኪንካዮ ከምእትመላለስ ንምግላጽ እዩ።
3. ድምር መንነትካ ምፍላጥን ነቲ መንነትካ ድማ ብቑዕ ኪንካ ምምልላስን፣ ምሉእ ብምሉእ "ብመትከልን" "ብተግባርን" እንጸር ጸላኢ ምቅላስ ምኽኑ ንምግላጽ እዩ። ምኽንያቱ ብዙሓት ሰባት መንፈሳዊ ውግእ ኢሎም ኪምህሩ ኽለዉ ካብ ኤፌሶን 6ይ ምዕራፍ ፍቕዲ 10-17 ዘሎ ሓሳባት እዮም ዚጅምሩ። ናይዛ መጽሓፍ ዕላማ ግና እዚ ኣብ ኤፌሶን 6 ካብ 10-17 ተጠቒሱ ዘሎ ስእላዊ መግለጺ መጠቓለሲ ናይ መጽሓፍ ኤፌሶን ብምልእታ ምኽኑ ንምርዳእ እዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ ድማ ኤፌሶን ካብ ምዕራፍ 1 - 6 ፍቕዲ 9 ተገሊጻ ከም ዘላ፣ ኤፌሶን ብምልእታ ድማ ኣብ ኤፌሶን ምዕራፍ 6 ካብ 10-17 ተሰዊራ ከም ዘላ ንምግላጽ እዩ።

መጋቢ ኪሮስ ተስፋይ

ቀደማይ ክፋል

ጽወዓኻ (መንነትካ) ምፍላጥ

መእተዊ

እምላኽ ንወዲ ሰብ ኪፈጥሮ ከሎ፣ ከምዚ ሕጂ ኣብ ሰባት እንርእዮ ፍጽምና ዘይብሎም ፍጥረት ኮይኖም ኪነብሩ ኣይነበረን ዕላምኡ። ግናኸ ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚብለና ሰባት "ብመልክዕ ኣምላኽ እተፈጥሩ" ከምኡ ድማ ምስኡ ሕብረት ኪህልዎምን ክብረት ዘለዎምን "ደቂ ብርሃን" ዝኾኑን ገይሩ እዩ ፈጢሩዎም። ኣብዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ ብመሰረት መልእኽቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ኤፌሶን እንታይነት መንነት ሰብ "ብክርስቶስ" ክንምልከት ኢና። ከመይሲ፡ እቲ ብሰንኪ ሓጢኣት ጠፊኡ ዝነበረ ክብረት፡ ብክርስቶስ ስለ ዝተመልሰ። ካብቲ ሓደ ዕላማ ስጋ ምልባስ ክርስቶስ ንዓና ካብቲ ዝነበርናዮ ኣውጺኡ ናብቲ ዘለኣለማዊ መደብ ኣምላኽ ንኼእትወና እዩ።

ነዚ ንምግላጽ ገለገለ ኣገደስቲ ቃላት ተጠቂመ ኣለኹ። ንኣብነት እዚ ዚስዕብ ኣብታ መልእኽቲ ተደጊሙ ተጠቒሱ ዘሎ እዩ፡-

"**መንነት**" - ሰለስተ መግለጺ ክንህበሉ ኢና፡-

- **ጽወዓ እዩ** - ጽወዓ፡ እቲ ብሰንኪ ሓጢኣት ዝተወስደና ነገር፡ ክርስቶስ ሰብ ኮይኑ ብምምጻኡ ብዝፈጸሞ ፍጹመ ንምቕባሉ ዚውሃበና ዕድል እዩ።

- **ቦታ እዩ** - ቦታ፡ ብክርስቶስ ብዝተፈጸመ ፍጹመ፡ ሕጂ ብስጋ እንነብሮ ዘሎና፡ ግናኸ እቲ ዚረአ ናብራና ዘይኮነ እቲ ብክርስቶስ ዝኾነ ሰልጣናዊ ኣቃውማና እዩ።

- **ክብሪ እዩ** - ክብሪ'ውን ምስዚ እንብሎ ዘሎና "ቦታ" ዚብል ምትሕሓዝ ዘለዎ ኮይኑ ኣቲ ብክርስቶስ ዘሎና መንነታዊ ባህርይ ዚገልጽ እዩ።

"**መንፈሳዊ ክውንነት**" እዛ መንፈሳዊ ክውንነት እትብል ቃል ብዙሕ ግዜ ተደጊማ ክንረኽባ ስለእንኽእል ኣብዚ ገለጻ ክንገብረላ። እዚ ሓሳብ'ዚ ብሓፈሻኡ ብዛዕባ ኪንዮ እቲ በዒንቲ ኮነ ብኣካላት ስምዒት ዚግንዘብ ረቂቕ ህልውና ንምግላጽ እንጥቀመሉ ሓረግ እዩ። ኣብዛ መጽሓፍ ድማ ኣቲ ብክርስቶስ ዝተፈጸመ ነገር ማለት ድሕሪ ትንሳኤ ዝረኽብናዮ ኩነተ-ህላው፡ ኣቲ

ብጸጋ ብእምነት ብምቕባልና ኣባና መንፈሳዊ ሓቂ ኮይኑ ዘሎ ዚገልጽ እዩ።

በዚ ድማ "ብክርስቶስ" ዚብል ጥርኑፍ ሓሳብ፡ ናይዛ መጽሓፍ "ቴማ" ወይ ሕመረት ሓሳብ እዩ። እቲ ንሕና ዘሎና መንፈሳዊ ኣቃውማ ኩሉ "ብክርስቶስ" ዝኾነልና እዩ። ካብኡ ወጻኢ ንሕና ዝኾነ መንፈሳዊ ህልው የብልናን።

ብመሰረት መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ኤፌሶን፡ እታ መጽሓፍ ብዛዕባ ብክርስቶስ ዘሎናን ዝረኸብናዮን ክብሪ እያ እትዛረብ። ንኣብነት፡ ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ ጥራይ ሽሞንተ ግዜ ዚኸውን ብክርስቶስ ዚብል ተጻሒፉ ንረክብ። ስለዚ ኸኣ ናይዛ መጽሓፍ ትሕዝቶ ካብ መጽሓፍ ኤፌሶን ዝተወስደ ስለ ዝኾነ ዝያዳ ክብርሆን ክገልጸን ደልየ ዘለኹ። ብክርስቶስ ዘሎና መንነትን ነቲ መንነትና ድማ ብቑዓት ኪንና ኽንመላለስን ዚብል ሓሳብ እዩ።

እምበርኣርከ ሰብ ነቲ ዝተጸወዓሉ ጽውዓ ብቕዕ ወይ ድማ ዕዉት መንፈሳዊ ህይወት ሒዙ ኪመላለስ እንተኾይኑ፡ መጀመርያ ነቲ ዝተጸውዓሉ ጽውዓ፡ ንሱ ኸኣ ብክርስቶስ ዘለዎ መንነት ኪፈልጥ ኣለዎ። ነቲ ዝፈለጦ ብእምነት እንተተቐቢሉዎ ከኣ፡ ኣብ ህይወቱ መንፈሳዊ ክውንነት ይኸውን።

ብክርስቶስ ዘሎካ ቦታ፡ ወይ መንነት፡ ዘይትፈልጥ እንተኼንካ ግና፡ ንርእስኻ ከም ተራ ሲጋ ዝለበሰ ሰብ ስለእትወስዳ፡ ከም ኣከያይዳ እዚ ዓይነት ሰብ ትኸይድ። ማለት ምስቲ ብክርስቶስ ዘሎካ ናይ መንነት ቦታ ዘይከይድ ኣኻይዳ ይህልወካ።

"ክቡር ሰብ ግና ክቡር ሓሳብ ይሓስብ፡ ኣብ ክቡር ነገር ከኣ ይጸንዕ።" (ኢሳ 32፡8)

ሰብ መጀመርያ ኣብ ክቡር ነገር ኪርከብ ኣንተኾይኑ፡ "ክብሩ"፡ ንሱ ኸኣ ብክርስቶስ መንነቱ ብክርስቶስ) ክፈልጥ ኣለዎ። ሃዋርያ ጳውሎስ እዚ ስለ ዝተረደኣ፡ ንሰብ ኤፌሶን ከምዚ ኢሉ ኪጽልየሎም ከሎ ንርእይ፡-

"ኣምላኽ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ኣቦ ክብሪ ብፍልጠቱ መንፈስ ጥበብን መንፈስ ምግላጽን ምእንቲ ኪህቡኹም እሞ ኣዒንቲ ልብኹም በረሀ፡ ተስፋ ጽወዓኡ እንታይ ምኻኑ፡ ሃብቲ ርስቲ ክብሩ ኣብ ቅዱሳኡ'ውን እንታይ ምኻኑ ክትፈልጡ እኽሊ ኣለኽ።" (ኤፌ 1፡17-18)

ኣብዚ ጽሑፍ እዚ እንተኣስተብሂልና፡ "ብፍልጠቱ መንፈስ ጥበብ ኪህበኩም" ዚብል ሓሳብ ኣሎ። ኣብዚ ጥበብ ኪበሃል ከሎ ንምንታይ ከምዜመልክት ነስተብህል። ብርግጽ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ጥበብ ብኻልኣ መገዲ'ውን ክንርእዮ ዚከኣል እዩ። ንኣብነት፡ ጥበብ ዓለም (1ቆሮ 1፡18-19)፡ ዘረባ ጥበብ-ተጣቢብካ ምዝራብ (1ቆሮ 2፡1-2)፡ ከምኡውን ኣጋንንታዊ ጥበብ (ዳን 2፡1-

2)። እዚ ሕጂ ግና ብዛዕባ ናይ ኣምላኽ ጥበብ ማለት ብዛዕባ ካብ ኣምላኽ ዚወሃበካ መንፈሳዊ ጥበብ እየ ኪዛረብ ደለየ ዘለኹ። ንሱ ድማ ጥበብ ካብተን ውህበታት ምግላጽ ሓንቲ ኮይና ብዛዕባ መጻኢ ዜፍልጠና ህያብ እዩ። እተን "ውህበታት ምግላጽ" ዚበሃላ ቃል-ፍልጠት፡ ቃል-ጥበብን ምልላይ መናፍስትን ኪኾና ከለዋ፡ ቃል ፍልጠት ንዘሎን ዝሓለፈን ዚገልጽ ውህበት ምግላጽ እዩ። ኣብነት፡ ነብዪ ናታን ብዛዕባ ውድቀት ዳዊት እተዛረቦ እንተርኢናዮ ቃል ፍልጠት እዩ። 2 ሳሙ 12፡1-5 ተጠንቂቕና ነንብቦ።

ቃል ጥበብ ግና ብዛዕባ መጻኢ ዚገልጽ ውህበት ምግላጽ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ጳውሎስ ኣምላኽ መንፈስ ጥበብ ኪህበኩም፡ እሞ ተስፋ ጽወዓኡ ክትፈልጥዎ ዚብል ዘሎ። ቃል ጥበብን መንፈስ ጥበብን ዚብል ሓሳብ፡ ዚመሳሰሉሉን ዚፈላለዩሉን ነገራት ኣሎ። ዚመሳሰሉሉ ክልቲኡ ብዛዕባ መጻኢ ስለዚዛረቡ ኪኸውን ከሎ፡ ዝፈላለየሉ ኸኣ ቃል ጥበብ ካብቲ ውህበት መንፈስ ቅዱስ ኮይኑ ንገለ ይወሃቦ ንገለ ከኣ ከይወሃቦ ይኸእል። ከመይሲ፡ ቃል ጥበብ ንቤተክርስቲያን ንምህናጽ ዚወሃብ ውህበት እዩ። መንፈስ ጥበብ ግና ውህበት ምግላጽ ኮይኑ ብዛዕባ መንፈሳዊ ፍልጠት ንነፍሲ ወከፍ ንጥቕሚ ዚወሃብ ውህበት እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ጳውሎስ ንሰብ ኤፌሶን ኪወሃበኩም እጽሊ ኣሎኹ ኢሉ ዝጸሓፈሎም።

"ግናኸ ንነፍሲ ወከፍ ምግላጽ መንፈስ ንጥቕሚ ይወሃበ እዩ።" (1ቆሮ 12፡7) እዚ ሕጂ እንዛረበሉ ውህበት መንፈስ ጥበብ፡ ነቲ ብክርስቶስ ዝተወደኡ፡ ሕጂ ብእምነት እንኾኖ ምኳን፡ ድሕሪ ክርስቶስ ምምጽኡ "ደሓር" ብጋህዲ እንግለጸ፡ ነዚ ዘፍልጠና ውህበት ምግላጽ እዩ። ንኣብነት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ምስ እንርኢ እዚ ውህበት እዚ ዝነበሮም ክልተ ሰባት ኣለዉ። እቲ ሓደ ነብዪ ዳንኤል፡ እቲ ኻልኣይ ድማ ሃዋርያ ጳውሎስ እዩ። እስኪ በብሓደ ንርኣዮም፡-

1. ዳንኤል

ዳንኤል መንፈስ ጥበብ ዝነበሮ ተባሂልኡ ከምዘሎ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። ዳንኤል ነቲ ኣብ ዳሕራይ ግዜ ዚኸውን ምኳን ብመንፈስ ምግላጽ ግለት፡ በታ ኣብኡ ዘላ ጥበብ ጌሩ ዘመናት ዚፈልጥ ሰብ ኔሩ። ስለዚ ድማ እቲ ኣብ ጊዜ ንጉስ ነቡካድነጻር ዝረኣዮ ራእይ ንዳሕራይ ጊዜ ዚኸውን ምኳን፡ እቲ ንጉስ ብዛዕባ እንታይነቱ ምግላጽ ምስ ተሳእኖ፡ ዳንኤል ግና ብመንፈስ ጥበብ ገይሩ፡ እንታይ ምኳኑን ኣበየናይ ዘመን ምኳኑን ኪገልጸሉ ኸሎ ንርኢ።

"መንፈስ ቅዱሳን ኣማልኽቲ ዘለዎ ሰብኣይ ኣብ መንግስትኻ ኣሎ። ብዘመን ኣቦኻ ድማ ብርሃንን ኣእምሮን ከምቲ ጥበብ ኣማልኽቲ ዝኾነ ጥበብ ተረኽበ ...።" (ዳን 5፡11)

2. ሃዋርያ ጳውሎስ

ሃዋርያ ጴጥሮስ፡ ብዛዕባ ጳውሎስ ኪዛረብ ከሎ መንፈስ ጥበብ ከም ዝነበሮ መስኪሩሉ ኣሎ። ከምቲ ኣብቲ ጽሑፍ እንምልከቶ ጴጥሮስ ብዛዕባ መጻኢ ዚኸውን ምኽን እናተዛረበ ከሎ እዩ መስኪሩሉ። ንሱ ኣብ ካልእ ደብዳቤታቱ ጳውሎስ ብዛዕባ መጻኢ ከምኡ ዓይነት ከም ዝጸሓፈ ንግንዘብ። ከምዚ ክኣ ይብል፡-

"ስለዚ ክኣ ኣቱም ፍቁራተይ፡ ነዚ እናተጸበኹም፡ ብዘይ ነውርን ብዘይ መንቅብን ብሰላም ኣብ ቅድሚኡ ክትርከቡ ተጋደሉ፡ ከምቲ እቲ ፍቁር ሓውና ጳውሎስ ድማ ቦቲ እተዋህበ ጥበብ ዝጸሓፈልኩም ነቲ ትዕግስቲ ጎይታና ንምድሓንኩም ቁጸርዎ።" (2ጴጥ 3፡14-15)

እምበኣርከ፡ ኣምላኽ መንፈስ ጥበብ እንተሃበካ እሞ ብእኡ ድማ መንፈሳዊ ኣዒንትኻ እንተተኸፊቱ፡ ነቲ ብክርስቶስ ዝኾንካዮ ምኽን፡ እተወደኤ ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽ ሎሚ ብምፍላጥን ብምእማንን ኣብ ህይወትካ መንፈሳዊ ክውንነት (ክዉን መንፈሳዊ ሓቂ) ብምልባስ እትነብሮ ናብራ ዳሕራይ ግና ብምርኣይ ማለት ብግልጺ እትኾኖ ምኽን ብምልኣት ክርደኣካ ይኽእል።

ምዕራፍ 1

ብክርስቶስ ውኩድ ኣምላኽ ኢና

ውልድነት ኪበሃል ከሎ እቲ ናይ ኩሉ'ቲ ወዲ ሰብ ምስ ኣምላኽ ዘለዎ ሕብረት መጀመርታ እዩ። ብሓፈሻ ውሉድ ዚብል ሓሳብ ንናይ ዝምድና ሰባት ምስእንርኢውን ገለ ዚገልጸ ሓቂ ኣሎ። ኣብ ቤት ኣቦኻ ዘሎ ኹሉ ኪምልከተካ ወይስ ኪብጸሓካ ኣንተኾይኑ፡ መጀመሪያ ዜድለይካ ነገር ውልድነት እዩ። ውልድነት፡ መሰል'ውን ስለ ዚገልጽ፡ መጽሓፍ ቁዱስ ከምዚ ይብል፡- *"ደጊም ብደ'ሕርዚ ውሉድ እምበር ባሮታ ኣይኮንካን። ውሉድ ካብ ኮንካ ግና ብክርስቶስ ወራሲ ኣምላኽ ኢኻ" (ገላ 4፡7)*

ውሉድ ኢና ዚብል ብዙሕ ግዜ ሰሚዕና ኽንከውን ዚከኣል እዩ። ሕጂ ኣብዛ መጽሓፍ ክዛረበሉ ደልየ ዘለኹ ግና፡ ከመይ ኢልና ውሉድ ከም ዝኾንና እዩ። ኣቐዲምና ግና፡ ፍልልይ ናይቲ ናትና ውልድነትን ምስቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዚዛረበሉ ውልድነት የሱስን ንርኣ። ናትና ውልድነት ብክርስቶስ ስለዝኾነ ብዛዕባ ውልድነት ናይ የሱስ ክንርኢ።

ውልድነት የሱስ

ብመጀመርያ፡ ውሉድ ዚብል ቃል፡ ቃል ብቓሉ ንየሱስ ክርስቶስ ዚውክል እዩ። የሱስ ክርስቶስ ናይ ባህርይ ውሉድ ኣምላኽ እዩ። እዚ ግና ናይ ሓደ ምልዓልን ናይቲ ሓደ ምትሓትን ዘርኢ ዘይኮነስ፡ ሓድነት እዩ ዘመልክት። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብዚ ጉዳይዚ ኮነ ኣብ ካልእ ገለጻታት ንሰብ ብዚርደኡ ቋንቋ ስለዚዛረብ ውሉድ ንዚብል ሓሳብ ንኺገልጽ ሰብኣዊ ዝምድናታት ክም መወከሲ ይጥቀም። ትሕዝትኡ ግና ኪንዮ እዚ እዩ። እምበኣርከ፡ ነቲ ምፍልላይ ኣካልነት እግዚኣብሄር ኣቦን ወድን ብኽምኡ መገዲ ይገልጽ። እዚ ድማ ከምቲ ካብ ሰብ ዝተወልደ ብባህርይ ድማ ሰብ ዝኾነ ክርስቶስ ድማ ውሉድ ኣምላኽ ምባሉ ናይ ባህርይ ውልድነቱን ኣምላኽነቱን እዩ ዝገልጽ። ብዛዕባ ናይ የሱስ ውልድነት ቅድሚ ህላወ ስጋን ድሕሪ ህላወ ስጋን ውሉድ ምኽኑ ዝገልጹ ጽሑፋት ክንርኢ።

ሲጋ ቅድሚ ምልባሱ

የሱስ ገና ሰብ ከይኑ ናብ ምድሪ ቅድሚ ምምጽኡ ወዲ አምላኽ ተባሂሉ ተገሊጹ ኣሎ። ምናልባሽ ገለገለ ሰባት ግና የሱስ ምስ ተጠምቀ እዩ ወዲ አምላኽ ከይኑ ዚብል ኣመለኻኽታ ዚህልምም ኣይሰኣኑን። ብዛዕባ'ዚ ነገርዚ ብዙሕ ኣይክገልጽን እየ። ግና'ኸ ውልድነት የሱስ ክርስቶስ ዘለኣለማዊ መንፈሳዊ ሓቂ እዩ። ከመይሲ፣ መጽሓፍ ቅዱስ የሱስ ሰብ ከይኑ ናብ ህላወ ሲጋ ቅድሚ ምምጽኡ፣ ውሉድ ምኳኑ ይገልጽ እዩ። *"መወዳእትኡ ንመደይሲ ይሓፍረ ግዲ ይኽኑ ኢሉ ወዱ ለኣኸ።" (ማቴ 21:37)* እዚ ምሳሌኣዊ ደኣ ይኹን እምበር ናይ ኣቦን ወድን ህላው ዜመልክት ኣበሃህላ እዩ።

ዝያዳ ነዚ ውሉድነት ክርስቶስ ቅድሚ ሲጋ ምልባሱ ዚገልጸልና ግን ኣለና። ኣብ ካልኣይ መዝሙር "ኩራኹ ቐልጢፉ ይነድድ እዩ እሞ፣ ከይኹሪ፣ ኣብ መገዲ ኸሎኹም ድማ ከይትጠፍኡስ፣ ንወዱ ስዓምም" ይብል። (መዝሙር 2:12) ኣብ ካልእ ቦታ ድማ "... ወዲ አምላኽ ከኣ ግብሪ ድያብሎስ ምእንቲ ኪፍርስ ኢሉ እዩ ነዚ እተገልጸ" ይብል። (1ዮሃንስ 3:8) እዚ ዜመልክቶ ሓቂ፣ "ወዲ አምላኽ" ካብ ቀደሙ ወዲ አምላኽ ምንባሩ፣ ደሓር ግና ግብሪ ድያብሎስ ንምፍራስ ምግላጹ ወይ ምግሃዱ እዩ። ብቐደሙውን ግብሪ ድያብሎስ ይሃሉ ኣይሃሉ ወዲ አምላኽ እዩ።

ሲጋ ድሕሪ ምልባሱ

የሱስ ሲጋ ድሕሪ ምልባሱ ወዲ አምላኽ ምኳኑ ዚገልጽ ብዙሕ ጽሑፍ ኣሎ። ቀጺልና ብዛዕባ እዚ ሓቂ ዝመስከሩ ኣካላት ክንርኢ።

እግዚኣብሄር ኣቦ

እግዚኣብሄር ኣቦ ባዕሉ ንየሱስ ብዛዕባ ውልድነቱ መስኪሩሉ። ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ብዛዕባ'ዚ ከምዚ ዚብል ነንብብ፦

"የሱስ ክርስቶስ ምስ ተጠምቀ፣ ብኣኡ ካብ ማይ ወጸ፣ ሰማያት ተኸፍተ፣ መንፈስ ኣምላኽ ድማ ከም ርግቢ ወረዱ ኣብ ርእሱ ኪቕመጥ ረኣየ። ኣንሆ ድማ ብኣኡ ዝሰመረኩ ፍትዊ ወደይ እዚ እዩ ዚብል ደምጺ ካብ ሰማያት መጸ።" (ማቴ 3:16-17)

ስለዚ የሱስ ክርስቶስ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ናይ ባህሪ ውሉድ ከምዝነበረ ኢና ክንፈልጥ (ክንርዳእ) ንኽእል።

ጴጥሮስ

ሃዋርያት ሓደ ጊዜ ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ "ንስኻትኩምከ መን እዩ ትብሉኒ?" ተባሂሎም ምስ ተሓተቱ ጴጥሮስ ብዛዕባ መንነት የሱስ ክርስቶስ ከምዚ ኢሉ ኪምልስ ከሎ ንርኢ፦ *"ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ሀያው ኣምላኽ ኢኻ።" (ማቴ 16:16)*

የሱስ ክርስቶስ (ብዛዕባ ርእሱ)

የሱስ ክርስቶስ'ውን ብዛዕባ ርእሱ ምስ ኣቦ ዘለዎ ሕብረት ኪገልጽ፣ "ኣቦ" ዚብል ቃል ተጠቂሙ። እዚ ኽኣ ሓድነቱ ስለ ዚገልጽ፣ ኣብቲ ጊዜ እቲ ዝነበሩ ኣይሁድ ንስኻ ሰብ ክነስኻ ስለምንታይ ንርእስኻ ምስ ኣምላኽ ተመዓራሪ ኣሎኻ ኢሎም ተቓወምዎ።

"... ኣይሁድ ክኣ ሰለቲ ምጽራፍካ ሰብ ክነስኻ ነፍስኻ ኣምላኽ ሰለ ምግባርካን እምበር ..." (ዮሃ 10:33)

እዚ ጽሑፍ እዚ ኣምላኽነት ናይ የሱስ ዚገልጽ ጽሑፍ ምኳኑ ክንርዳእ ንኽእል። ከመይሲ ብባህርዩ ውሉድ ከምኡ'ውን ኣምላኽ ምኳኑን ሓድነቱን ዚገልጽ እዩ። ምእንትዚ ድማ ንርእስኻ ስለምንታይ ኣምላኽ ትገብር ኣሎኻ? ኢሎም ኪማኑቱዎ ከለዉ፣ ኣነ ንርእሰይ ኣምላኽ ኣይገበርክዋን ኢሉ ኪምልሰሎም ከሎ ኣይንርእን። እኳደኣ ካብዚ ምዕራፍ ከይወጻእና *"ኣነን ኣቦን ሓደን ኢና"* ኢሉ መለሰሎም። (ዮሃ 10:30)

ብክርስቶስ ዘሎና ውልድነት

ንሕና ብክርስቶስ ዝኣመንና፣ ብእምነት ብክርስቶስ ውሉድ ኣምላኽ ኢና። እዚ ውልድነት እዚ ናይ ጸጋ ውልድነት ተባሂሉ ይጽዋዕ። "ጸጋ" ማለት ሓፈሻዊ መጸውዒ ሀያብ ኣምላኽ ኮይኑ፣ ብኽምኡ (ከይከፈልካሉ) ዚወሃበካ ማና ብኽምኡ (ከይተኽፍለሉ) ዘይመጸ ማለት እዩ። ስለዚ፣ ኣምላኽ ንዓና ውሉዱ ምእንቲ ኪገብረና፣ ወዱ የሱስ ክርስቶስ ሲጋ ለቢሱ ኪመጽእ ኣድልዩዎ። ንሕና ድማ ብክርስቶስ የሱስ ውሉድ ንምኳን በቒዕና።

ገሊኡ ፍቑር ብኣኡ ዝጸንሐና፣ ንውዳሴ ክብሪ ጸጋኡ ብፍታው ፍቓዱ ብየሱስ ክርስቶስ ንርእሱ ውሉድ ክንክና ቀደምዎ መደበና።" (ኤፌ 1:5,6)

ናትና ውልድነት ብየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ኪፍጸም የሱስ ክርስቶስ ሰብ ኮይኑ ኪመጽእ ካብ ኣድለየ፣ እታ "ብ" እትብል ፊደል ዓብዪ መንፈሳዊ

ምስጢር ዝሓዘት ፊደል ምኳና ክንርዳእ ክንክእል ኣሎና። እቲ መደብ ኣምላኽ ብዛዕባ ውሉድ ምኳና ማለት ብየሱስ ኣብ መዝሙር ዳዊት ከምዚ ኢሉ ተዛሪቡ ኣሎ፡-

"... እቲ ምዱብ ምኽሪ (ኣምላኽ) እንሟር ኣለኹ፡ እሜኣብሄር በለኒ ንሰኻ ወደይ ኢኻ፡ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ።" (መዝ 2፡7)

እዚ ጽሑፍ እዚ "ሎሚ" ብምባል ሓንቲ ምድብቲ መዓልቲ ወይ'ውን ፍልይቲ መዓልቲ ከምዘላ እዩ ዚገልጽ ዘሎ። ከምቲ መጀመርታ ዝገለጽናዮ ነዚ ናይ ባህርይ ውልድነት የሱስ ክርስቶስ ዚገልጽ ሓሳብ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ንሱ መጀመርታን መወዳእታን ዘይብሉ ዘለኣለማዊ ውሉድ እዩ'ሞ እዛ ጽሕፍቲ ትገልጾ ዘላ ውልድነት ብመንጽር ፍልይቲ መዓልቲ እንተርኢናዮስ ብዛዕባ ኣየነይቲ መዓልቲ እዩ ዚዛረብ ዘሎ? ኣብታ መዓልቲ እተፈጸመ ናይ ውልድነት ፍጻመ'ኻ ከመይ ኔሩ? ዚብል ሕቶ ኪምለስ ዘለዎ ኣገደሲ ነጥቢ እዩ።

እታ መዓልቲ

"ሎሚ" እትብል ቃል መጀመርያ ዘለዋ ሓንቲ ፍልይቲ መዓልቲ እተመልክት ምኳና ርዱእ እዩ። ስለዚ ብዛዕባ ናይ ባህርይ ውልድነት የሱስ ኣይኮነትን ንብል ዘሎና። ከመይሲ ንሱ ዘለኣለማዊ ውሉድ ኣምላኽ እዩ። ኣሞ'ኻ እዛ መዓልቲ እዚኣ ደኣ ኣየነይቲ መዓልቲ እያ? ንሳ እታ ብሞትን ትንሳኤን ዝተፈጸመት ኮይና፡ ነታ ናይ ትንሳኤ መዓልቲ እትገልጽ ጽሕፍቲ እያ።

"ከምቲ ኣብ ካልኣይ መዝሙር ንሰኻ ወደይ ኢኻ፡ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ ዚብል ጽሑፍ ዘሎ ኣምላኽ ንየሱስ ክርስቶስ ኣተንሲኡ ነቲ ነቢታትና ዝተዋህዎም ተስፋ ንዓና ንደቆም፡ ከም ዝፈጸሞ ንሕና ድማ ነበስረኩም ኣሎና።" (ግብ 13፡32-33)

ኣምላኽ ነዛ መዓልቲ ንየሱስ ክርስቶስ ኣተንሲኡ ዝፈጸማ መዓልቲ ምኳና ንጹር እንተኾይኑ፡ እዚ እተፈጸመ ውልድነት፡ ንመን እዩ ተፈጺሙሉ? ነዚ ቀጺልና ንርኣዮ።

ኣብ ትንሳኤ ዝተፈጸመ ፍጻመ

ከምቲ እዚ ንኻልኣይ መዝሙር ጠቒሱ ዚዛረብ ጽሑፍ ዚብሎ ዘሎ፡ እቲ ቀደም ነቢታትና ዝተዋህበ "ተስፋ" ኪብል ከሎ፡ ኣምላኽ ኣቑዲሙ ዝሃበ ተስፋ ኮይኑ ሓንቲ መዓልቲ ዚፍጸም ምኳኑ ኢና ንርዳእ። እዚ ድማ ኣምላኽ

ብክርስቶስ ንርእሱ ውሉድ ምእንቲ ኽንኮኖ ካብ ህዝብን ኣህዛብን ማለት፡ ካብቶም ብውልድነት ስጋ እስራኤል ዝኾኑን ዘይኮኑን ካብኡም ሓደ ሓድሽ ሰብ ወይ ድማ ውሉድ ንምግባር ብሓደ ስጋ ብየሱስ ክርስቶስ ገይሩ ብትንሳኤኡ ውሉድነት ሂቡና።

"እቲ ንዘይሓልፍን ዘይረክሰን ዘይጽምሉን ኣብ ሰማያት ተኣኪቡልኩም ዘሎ ርስቲ ብናይ የሱስ ክርስቶስ ትንሳኤ ካብ ምውታት ብብዝሒ ምሕረቱ ንህያው ተስፋ ብሓድሽ ዝወለደና ኣምላኽ ኣቦ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ይባረኽ።" (1ጴጥ 1፡3-4)

"ንሱ ነዞም ከልተሰ ሓደ ዝገበረ ነቲ ኣብ መንን ዘነበረ ከልካሊ ቀጽሪ ውን ዘፍረሰ ሰላምና እዩ ኣሞ ብርእሱ ዕርቂ እናገበረ ካብዞም ክልተ ሓደ ሓድሽ ሰብ ምእንቲ ክፈጥር ... ንኽልቲኣም ብሓደ ሲጋ ምስ ኣምላኽ ኣተዓረቐም....." (ኤፌ 2፡13-16)

እዚ "ብሓደ ስጋ" ዚብል ሓሳብ፡ ምሉእ ብሙሉእ ነቲ ውልድነት "ብየሱስ" ዚብል ቃል ዚገልጽ ሓሳብ እዩ። ስለዚ፡ ኣምላኽ እታ ዝመደባ መዓልቲ፡ ማለት እታ "ሎሚ" ኢሉ ዝተዛረበላ ንየሱስ ክርስቶስ ካብ ምዒታት ብምትንሳኡ ዝፈጸማ ፍጻሜ ምኳና ክንርዳእ ንኽእል። ስለዚ፡ ውሉድ ምኳንና፡ ብትንሳኤ የሱስ ካብ ኮነ፡ እዚ ኽኣ ፈጺሙ ዘይቅየር ሕጊ እዩ። ከምቲ ሓደ ቐልዓ ድሕሪ እታ ካብ ማህጸን ወላዲቱ ዝወጻላ ጊዜ ብዛዕባ ምውጽኡን ውሉድ ምኳኑን ነቲ ተፈጥሮ ዝዓደሎ ጸጋ ኪጠራጠሮ ዘይክእል፡ ከምኡ ድማ ድሕሪ ትንሳኤ የሱስ ውሉድ ኣምላኽ ምኳንና ፈጺምና ክንልውጦ ስለዘይንኽእል ብእምነት ብዘይ ምጥርጣር ክንቅበሎ ኣሎና። የሱስ ክርስቶስ ከም ዝተንስኤ እናኣመንካን እናተዛረብካን ብዛዕባ ውልድነትካ ግና ትጠራጠር እንተደኣ ኾንካ ካብ ንውልድነትካ ምጥርጣር ንናይ የሱስ ክርስቶስ ምትንሳእን ዘይምትንሳእን ምጥርጣር ይቐልል።

ምዕራፍ 2
ብክርስቶስ ተስፋ ኣምላኽ ኣሉና

መልእኽቲ ኤፌሶን ንኣህዛብ ዝተጻሕፈት መልእኽቲ ብምኳና ንዓና ምሉእ ብምሉእ ትውክለና መጽሓፍ እያ። ማለት፡ እቲ ብክርስቶስ የሱስ ሕጂ ዝረኽብናዮ፡ ቀደም ግና ዘይምልከተና ዚመስል ዝነበረ ተስፋ ኣምላኽ ከም ዚምልከተና እትገልጽ መጽሓፍ እያ። እዚ ሕጂ ብክርስቶስ ዝተገልጸልና ተስፋ ኣምላኽ ንዓና ከም ኣህዛብ ኮነ ነቶም ብስጋ እስራኤላውያን ዚምልከተና ኣይመስሎምን ኔሩ። ስለዚ ድማ ሓደ ጌዜ ሃዋርያ ጳውሎስ እቲ ተስፋ ናይ እስራኤል እዩ ነይሩ ኢሉ ኪዛረብ ከሎ ንርኢ።

"ደቂ እስራኤል ኢየም እም ውልደኑት፡ ክብሪ፡ ኪዳንን፡ ምሕጋግ ሕግን ምግልጋል ኣምላኽን ተሰዲን ናታቶም እዩ።" (ሮሜ 9:4)

ኣብዚ ጽሑፍ እዚ እንተርኢና እቲ ተስፋ ናታቶም እዩ ኪብል ከሎ ናይ ኣህዛብ ኣይኮነን ማለት እዩ ዜስምዕ። ኣዘራርባ ሃዋርያ ጳውሎስ ብመንጽር ብሉይ ኪዳን ኮይኑ ኪምልከቶ ከሎ እተዛረቦ እዩ እምበር፡ ተስፋ ኣምላኽሲ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ንኣህዛብ'ውን ዚምልከት እዩ ነይሩ። ከም ኣህዛብ ግና ካብ መጀመርታ ኣብ መደብ ኣምላኽ ከምዘይነበርና ኮይኑ እዩ ዚስመዓና። ብፍላይ ድማ ነዛ ጥቕሲ ክንርእያ ከለና ከምኡ ተስምዕ ትመስል። *"ናብቶም ናቱ መጸ፡ እቶም ናቱ ግና ኣይተቕበልዎን፡ ነቶም እተቕበልዎ ዘበሉ ኽሉም ብስሙ ንዚኣመኑ ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሃቦም።" (ዮሃ 1:12)*

እዚ ዚገልጸ ዘሎ እቶም ገለ ዘይምቕባሎም፡ ግን ከኣ ነቶም ዝተቕበልዎ ህይወት ምሃቡ ደኣ እምበር ብዛዕባና ኣይኮነን ዚዛረብ ዘሎ፡ ማለት ተስፋ ኣምላኽሲ ካብ መጀመርታ ነህዛብ ኣብ ግምት ዘየእተወ ምኳኑ ዝገልጽ ጹሑፍ ኣይኮነን። ኣህዛብ ካብ መጀመርታ ብዛዕባ ተስፋ ኣምላኽ ኣብ መደብ ኣምላኽ ምንባሮም ግና ብኽልተ መገዲ ክንርእዩ ጽቡቕ እዩ።

ተስፋ ኣምላኽ ብሄዋን

መጀመርታ ሰባት ብሓጢኣት ምስ ወደቑ ኣምላኽ ተስፋኡ ማለት ምምጻእ ናይ የሱስ ክርስቶስ ዝተዛረበሉ ቃል ኣብ ዘፍጥረት እዩ። ንሱ ድማ ንሄዋን ዝተዋህበ ተስፋ እዩ። እዚ ኽኣ ብዛዕባ ካብ ሰበይቲ ምውላዱ ዚገልጽ ትንቢታዊ ጽሑፍ እዩ። "ኣብ ምንሳኻን ኣብ መንሳ እዛ ሰበይትን ኣብ መንሳ ዘርእኻን ኣብ መንሳ ዘርኣን ክኣ ጽልኢ እተክል ኣለኹ። ንሱ ርእሰኻ ኪቁውፍልኽ እዩ ንሰኻ ድማ ሽኽንኡ ክትነክስ ኢኻ በሎ።" (ዘፍ 3፡15)

እዚ ትንቢታዊ ቃል ምስ ተፈጸመ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ክንርእዮ ከለና፡ ብዛዕባ የሱስ ምኂኑ ሃዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ኢሉ ኪገልጾ ከሎ ንርኢ፡-

"ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና ኣቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ ተሻይጡ ምእንቲ ከውጽኦም ንሕና ውን ውልደኦት ምእንቲ ክንረክብሲ ኣምላኽ ኣቲ ካብ ሰበይቲ ተወልደ ትሕቲ ሕጊ ዝኾነ ወዱ ለኣኸ።" (ገላ 4፡4-5)

ስለዚ እዚ ተስፋ ምምጻእ የሱስ፡ ካብ ዘመን ኣዳም ዚጅምር እንተኾይኑ፡ ኣብቲ ዘመን እቲ ድማ ምፍልላይ ናይ ህዝብን ኣህዛብን ዚበሃል ከም ዘይነበረ ርዱእ እዩ። ምእንትዚ ድማ እዩ ጳውሎስ ብዛዕባ እዚ ምልኣት ዘመን እዚ ንሰብ ገላትያውን ከም ኣህዛብ ይምልከቶም ምንባሩ ዝጸሓፈሎም። እሞ እዚ ተስፋ ካብ መጀመርታ ካብ ነበረ ንዓናውን ይምልከተና እዩ። እምበኣርከ ተስፋ ኣምላኽሲ ተረፍ ሓሳብ ኣይኮነን ዝኾነልና።

ተስፋ ኣምላኽ ብኣብራሃም

ኣምላኽ ንኣብርሃም ብዛዕባ ምምጻእ የሱስ ክርስቶስ ዝሃቦ ተስፋ ድሕሪ ምጥፋእ እታ ቐዳመይቲ ዓለም እዩ። ንሱ፡ "ንዘርእኻ" ኢሉ ኪዛረቦ ከሎ ቃል ብቓሉ እንተርኤናዮ ብዛዕባ ይስሓቕ እዩ እተዛረቦ። ኪንዮ እቲ ናይ ኩነታት ሓቂ ዘሎ መንፈሳዊ ሓቂ ክንርእዮ ኽለና ግና ብዛዕባ ክርስቶስ እዩ ዝዛረብ ነሩ።

"እቲ ንኣብርሃምን ንዘርኡን እተነግረ ተስፋ ድማ ንሓደ ከምዚብሃል ንዘርእኻ ንሱ ክኣ ክርስቶስ እምበር ንብዙሓት ከምዚብሃል ነዘርእቲ ኣይብልን እዩ።" (ገላ 3፡16)

ስለዚ ተስፋ ኣምላኽ በዚ ጽሑፍ መሰረት ክንርእዮ ከሎና ንእስራኤል ጥራይ ዚምልከትዶ ኔሩ ይኽውን? ብርግጽ "እስራኤል" ዚብል ዘርኢ ኣብርሃም እኳ እንተኾነ እቲ እስራኤል ዚብል ቃል ግና ካብ ያእቆብ እዩ ዚጅምር። ስለዚ ኣምላኽ እታ ተስፋ ንኣብርሃም ሂቡዎ ካብ በልና ተስፋ ኣምላኽሲ

ቅድሚ እስራኤል ዚብል ስም እዩ ኔሩ። ብኻልእ ገጹ እንተድኣ ርኢናዮ ከኣ ኣምላኽ ንኣብርሃም ተስፋ ኪህቦ ከሎ ቅድሚ ምግዛሩ ስለዝሃቦ ጳውሎስ ከምዚ ኢሉ ገሊጽዎ ኣሎ፡-

"እምበኣርከ ንኣብርሃም እታ እምነቱ ጽድቂ ኮይና ተቐጸረትሉ ንብል ኣሎና እሞኽ እዛ ብጽእና እዚኣ ንግዙራት ጥራይ ድያ ወይስ ንዘይተገዝሩውን። ከመይ ኢላ እያኽ እተቐጸረትሉ? ብግዝረት ከሎ ድያ ወይስ ብዘይግዝረት? ብዘይግዝረት ከሎ እምበር ብግዝረት ከሎስ ኣይኮነትን። ኑቶም ጽድቂ ምእንቲ ኪቕጸረሎም ኢሎም ከይተገዝሩ ከለዉ ዝኣመኑ ኩሎም ኣቦኣም ምእንቲ ኪኸውንሲ ንማሕተም እታ ብዘይግዝረት ከሎ ዝረኸባ ጽድቂ እምነት ናይ ግዝረት መፈለጥታ ተቐበለ።" (ሮሜ 4፡9-11)

ካብዚ ጽሑፍ እዚ እንተደኣ ክንርዳእ ክኢልና ብዛዕባ ህዝብን ኣህዛብን ኢዩ ዚዛረብ ዘሎ። ምኽንያቱ፡ እስራኤላውያን ብዛዕባ ኣህዛብ ኪዛረቡ ከለዉ ዘይግዙራት ኢሎም እዮም ዚጽውዑና ኔሮም። ሰለዚ፡ ተስፋ ኣምላኽ ንኣብርሃም ቅድሚ ምግዛሩ ዝተዋህቦ ካብ ኮነት፡ ተስፋ ኣምላኽሲ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ፡ ማለት ንኣህዛብ ኣብ ግምት ዘእተወ ምንባሩ ንጹር ዝኾነ ሓሳብ እዩ እምበር ብኢጋማዊ ዝኾነልና ነገር ኣይኮነን።

እተሰወረ ምስጢር

እዚ ተስፋ ኣምላኽ ንኣህዛብ ዘለኣለማዊ መደብ ኣምላኽ ምንባሩ ንብዙሓት ተሰዊሩ ዝነበረ ምስጢር እዩ። ሰለዚ'ዩ ድማ ሓደ ጊዜ ጴጥሮስ ነቲ ናይ መጀመርታ ካብ ኣህዛብ ወንጌል ዝሰመዔ ቀርኔሌዎስ ወንጌል ኪሰብክሉ ኢሉ ምስ ኣተወ ምስ ኣህዛብ ሓቢሩ ኢሎም ኽሰስዎ።

"ጴጥሮስ ናብ የሩሳሌም ምስ ደየበ ግና እቶም ካብ ግዝረት ዝኾኑ ናብ ዘይተገዝሩ ሰባት ኣቲኻ ምሳታቶም ከኣ በሊዕካ ኢሎም ተበኣሰዎ።" (ግብ 11፡2-3)

ስለዚ ተስፋ ኣምላኽ ንኣህዛብ ፈጺሙ ኣይምልከቶምን እዩ ዚብል ኣተሓሳስባ ከም ዝነበሮም ኢና ክንርዳኣ እንኽእል። ጴጥሮስ ንባዕሉ እኳ ንቀርኔሌዎስ ገባሪ ጽቡቕ ስለ ዝነበረ ደኣ ኣምላኽ ኪግለጸሉ ደልዩ እምበር ንኣህዛብ ብምሉኣም ተስፋ ኣምላኽ ከም ዚምልከቶምሲ ይመስሎ ኣይነበረን። ሰለዚ ከኣ ከምዚ ኢሉ ከዛረቦም ከሎ ንርኢ፡-

"ኣብ ኩሉ ህዝቢ ንኣምላኽ ዘፈርሀን ቅንዕና ዝገብርን እንተሎ ኣብኡ ቕቡል እዩ እምበር ኣብ ኣምላኽ ኣድልዎ ገጽ ከም ዘሎሎ ኣስተብሃልኩ።" (ግብ 10፡34-35)

እዚ ሓሳብ እዚ ጴጥሮስ ዚዛረቦ ዘሎ፣ አምላኽ፣ ዘለኣለማዊ መደቡ ንኣህዛብ ይገልጸሎም ከም ዘሎ ተረዲኡዎ ዘይኮነስ ብምኽንያት ጽቡቕ ግብሪ ናይ ቀርኔሌዎስ እዩ ተረዲኡዎ ኔሩ። ስለዚ ድማ ወንጌል ምስ ሰበኸሎም መንፈስ ቅዱስ ምስ ተቐበሉ ብምግራም አምላኽ ንኣህዛብ'ውን ከምዝጠመቶም፣ ማለት እቲ ዘለኣለማዊ መደቡ የግህደሎም ከምዘሎ ምስ ተረደኦ ከምዚ ኢሉ ከምዝተዛረበ ንርኢ።

"ጴጥሮስ ገና እዚ ቃል እዚ ኪዛረብ ከሎ ኣብቶም ኑቲ ቃል ዝሰምዕዎ ኩሎቶም መንፈስ ቅዱስ ወረደ... ሽዑ ጴጥሮስ እዚኣም ኮማና መንፈስ ቅዱስ ካብ ተቐበሉስ ከይጥመቕ ማይ ኪኸልክሎም ዚኽእል ደኣ መን እዩ እዩ መለሰ።" (ግብ 10፡44-46)

እዚ አምላኽ ንኣህዛብ ብዛዕባ ዘለዎ ተስፋ ዝነበሮ መደብ ንኹሉ ስዉር ምስጢር እዩ ኔሩ። ሕጂ ግና አምላኽ ብመንፈስ ኪገልጸሎም ምስ ጀመረ፣ ኣህዛብ'ሲ ብዛዕባ ተስፋ አምላኽ ካብ መጀመርታ ኣብ መደብ ምንባሮም ኪርድኡ ጀሚሮም። ስለዚ ድማ እዩ ጳውሎስ ከምዚ ዝበለ።

"ምስ ኣንበብኩም ኑቲ ኣብ ምስጢር ክርስቶስ ዘለኒ ፍልጠት ከተስተውዕልዎ ይኽእልኩም እዩ። ከምቲ እዚ ሕጂ ነቶም ቅዱሳን ሃዋርያቱን ነብያቱን ብመንፈስ ኣተገልጸሎም ከይኑ ኣብቶም ካልኦት መለዶ ንደቂ ኣዳም ኣይተፈልጠን። ማለት ኣህዛብሲ መዋርስቲ ሓደ ሲጋ ብወንጌል'ውን ኣብ የሱስ ክርስቶስ መማኽልቲ ተስፋ ከም ዝኾኑ።" (ኤፌ 3፡4-6)

ካብዚ ጽሑፍ እዚ እንርደኣ ነገር እንተደኣ ሃልዩ እቲ ተስፋ አምላኽ ንኣህዛብ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ምንባሩ ግናኸ ካብ ዘመን ኣዳም ኣትሒዙ ክሳብ ዘመን በዓል ጳውሎስ ንብዙሓት ዝተሰወረ ምስጢር ምንባሩ እዩ እምበር ተስፋ አምላኽ ንኣህዛብ'ሲ ካብ መጀመርታ እዩ ኔሩ።

"ማለት እቲ ካብ ዘልኣለምን ካብ ውሉድ ወሎዶ ተሰዊሩ ዝነበረ፣ ሎሚ ግና ንቕዱሳኑ እተገልጸ ምስጢር ሃብቲ ክቡሩ ነዚ ምስጢር እዚ ኣብ ኣህዛብ ኣንታይ ምኽኑ ኼፍልጠም ንዝደለዮም፣ ንሶ'ውን ክርስቶስ ኣባኻትኩም ተስፋ ክብሪ እዩ።" (ቈሎሴ 1፡26-29)

ዓይነታት ተስፋ

ተስፋ ሰብ። ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚታት ሰብ ንሰብ ተስፋ ኪኣትወሉ ይኽእል እዩ። ተስፋ ሰብ ግና ኪፍጸም ይኽእል ከይፍጸም ከኣ ይኽእል። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሓት ተስፋ ኣትዮም ግናኸ ዘይፈጸምዎ ኣለዉ። ንኣብነት ሓደ ጊዜ ዮሴፍ ኑቲ ምስኡ ዝነበረ ካብ ቤት ማእሰርቲ ኪወጽእ ከሎ ከይርስዖ ኺዝክሮ

ከም ዘለዎ ምስ ነገሮ እቲ ሓለቓ ክኣ ንኺዝክሮ ተስፋ ኣትዩሉ። እንተኾነ ግና ከምቲ ዝበሎ ኪንብረሉ ኣይንርእን፣ ማለት ምስ ወጸ ፈጺሙ ኣይዘከሮንዩ። *"እቲ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ሚስ ግና ንዮሴፍ ረሰዮ እምበር ኣይዘከሮንዩ።" (ዘፍ 40፡23)*

ተስፋ አምላኹ። አምላኽ እንተስ ብብዙሕ እንተስ ብውልቂ ንብዙሓት ተስፋ ይህብ እዩ። እንተኾነ ግና አምላኽ ከም ሰብ ስለ ዘይኮነ በቲ አምላኻዊ ባህርዩ፣ ተስፋኡ ዘይጠልም አምላኽ ምኹኑ እዩ። ስለዚ ድማ ኩሉ ጊዜ ተስፋኡ ኪፍጽም ከሎ ንርኢ። ንኣብነት ብዛዕባ ሳራ እንተርኢና፣ *"እግዚኣብሄር ድማ ከምቲ ዝበሎ ንሳራ በጽሐ እግዚኣብሄር ኸኣ ከምቲ ዝበሎ ገበረላ።" (ዘፍ 21፡1)*

ብርግጽ አምላኽ ከምቲ ዝበሎ ማለት ኑቲ ዝኣተዎ ተስፋ ዚፍጽም አምላኽ እዩ። ነዚ ድማ ብኽልተ መገዲ ንርእዮ።

- **ተስፋ አምላኽ ኣብ ዘመን ብሉይ ኪዳን።** አምላኽ ብዙሕ ጊዜ ንሰባት ተስፋ ይህብ እዩ። ተስፋኡ ኪህብ ከሎ ግና ዚፍጸም እዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝኣተዎ ተስፋታት ግና ዘይተፈጸመ ግናኸ ግዚኡ ሓልዩ ዚፍጸም ዝነበረ ተስፋታት እዩ። ንኣብነት አምላኽ ንእስራኤል ብዛዕባ እታ ናይ ተስፋ ምድሪ ኪዛረቦም ከሎ ዚፍጸም እምበር ዝተፈጸመ ተስፋ ኣይነበረን። ስለዚ ድማ እቲ ተስፋ ካብ ኣብርሃም ጀሚሩ ክኸሱ ዘእተዎም ግና እያሱ እዩ። እዞም ኣብ መንነ ዘመን ኣብርሃምን እያሱን ዝነበሩስ ነታ ናይ ተስፋ ምድሪ ኪረግጽዋ ኣይንርኢን ኢና። ሙሴ እኳ ንባዕሉ ብርሑቕ ጠሚትዎ እምበር ኣይረገጸንዩ። አምላኽ ግና ኣብ ተስፋኡ እሙን ስለ ዝኾነ ተስፍኡ ኪፍጽም ከሎ ንርኢ። *"እግዚኣብሄር ኸኣ ኣታ ኣቦታቶም ከህቦም ዝመሓለሎም ኩላ ምድሪ ንደቂ እስራኤል ሃቦም፣ ወረሰም ኸኣ ተቐመጥዎ።" (ኢያ 21፡43)*

  ስለዚ አምላኽ ይንዋሕ ይሕጸር ከምቲ ዝበሎን ዝተዛረቦን ኣብ ጊዜኡ ተስፋኡ ዚፍጽም አምላኽ እዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን እምበኣር ተስፋ ይቕድም ደሓር ድማ መፈጸምታ ይመጽእ።

- **ተስፋ አምላኽ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ።** አምላኽ ከምቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ንእስራኤል ብዛዕባታ ናይ ተስፋ ምድሪ ዝኣተወሎም እሞ ዝፈጸሞ፣ ከምኡ ድማ ኣብዚ ጊዜ እዚ ንህዝቡ ዝሃቦ ተስፋ ኣለዎ። ምኽንያቱ እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ተስፋ በቲ እዋን ዚፍጸምን ዚጠቅምን ኮይኑ ነዚ ሕጂ ዘሎ ተስፋ አምላኽ ጽላሎቱ እዩ ነይሩ።

"እምበኣርሲ ናብ ዕረፍቱ ንምእታው ተስፋ ካብ ዚተርፈልና ምናልባሽ ሓደ ካባኻትኩም ድሕሪት ተሪፉ ከይህሉ ንፍራህ ... ድሕሪ ነዊሕ ዘመን ብዳዊት ሎሚ ብምባል ከም ብሓድሽ ሓንቲ ፍልጥቲ መዓልቲ ይምድብ ኣሎ። ኢያሱ

ኣዕረፉምም እንተዚኾኑ ብድሕሪኡ ብዛዕባ ካልኦ መዓልቲ ኣይምተዛረበን ኔሩ።" (ኦብ 4፡1-8)

ግናኸ ነቲ ኣብ መንነ ናይ ብሉይ ኪዳንን ሓድሽ ኪዳንን ዘሎ ፍልልይ ተስፋ ኣመልኪቱ ኤርሚያስ እተዛረቦ ትንቢታዊ ቃል ምስእንርኢ፡ ናይ ሓድሽ ኪዳን ተስፋ ብሕጂ ኣብ ዚፍጸም ነገር ዘይኮነስ ኣብ ዝተፈጸመ ነገር ዘሎ ተስፋ ምኻኑ ዜመልክት ሓሳብ እዩ። *"ኣነ ዝሓስበልኩም ዘለኽ ሓሳብ እፈልጦ እየ። መፈጸምታን ተስፋን ክህበኩምሲ ሓሳብ ደሓን እምበር ናይ ክፉእ ኣይኮነን ይብል እግዚኣብሄር።" (ኤር 29፡11)*

ቅደም ተኸተል ናይዚ ጽሑፍ እዚ እንተርኤና መጀመርታ ምፍጻም ደሓር ግና ተስፋ እዩ ዚመጽእ ዘሎ። ከም ኣበሃህላ ተስፋ እዩ ዚቕድም፡ ብድሕሪኡ እዩ ምፍጻም ተስፋ ዚመጽእ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣምላኽ ንእስራኤል ብዛዕባ እታ ናይ ተስፋ ምድሪ ዝሃቦም እሞ ዝፈጸሞ ተስፋኡ እዩ። ኣብዚ ትንቢታዊ ቃል እዚ እንተርኢና፡ መጀመርታ ብዛዕባ ምፍጻም፡ ደሓር ድማ ብዛዕባ ተስፋ እዩ ዚዛረብ ዘሎ። እዚ ትንቢት እዚ ብዛዕባ ብምምጻእ ክርስቶስ ዚፍጸም ነገርን ብድሕሪኡ ዘሎ ተስፋን ዚገልጽ ሓሳብ እዩ። እዚ ድማ ነዚ ናይ ሓዲሽ ኪዳን ተስፋ ዚውክል እዩ። ንሱ ኽኣ ድሕሪ ሞት ህይወት ከም ዘሎ እቲ ዝዓበየ ተስፋና እዚ እዩ።

ብዛዕባ እዛ ተስፋ ሓደ ጊዜ ሰብ ቆረንቶስ ንጳውሎስ ምውታት ከመይ ኢሎም ክትንስኡ ይኽእሉ ምስ ሓተትዎ፡ ኪምልሰሎም ከሎ ዝተጠቀመሉ ሓሳብ እንተርኢና፡ መጀመርታ ምዉታት ከመይ ኢሎም ከም ዚትንስኡ ዘይኮነስ የሱስ ክርስቶስ ካብ ምዉታት ከም ዝተንስአ ኪጽሕፈሎም ከሎ ንርኢ። እዚ ድማ መጀመርታ ብዛዕባ ፍጻሜ እዩ ዚዛረብ ዘሎ፡ ብድሕሪኡ ከአ ተስፋ፡ ማለት ነዚ ኣሚኖሞ እንተደኣ ኾይኖም ንሳቶም ድማ ከም ዚትንስኡ እዩ ዚዛረቦም ዘሎ። እዚ ኽኣ ድሕሪ ፍጻሜ ዘሎ ተስፋ እዩ ዘመልክት።

"እቲ ኣነ እተቐበልክም ቅድሚ ኩሉ ነጊረኩም እየ። ከምቲ እቶም ጽሑፋት ዘብልዎ ክርስቶስ ምእንቲ ሓጢኣትና ሞተ፡ ተቐብረ ኽኣ። ከምቲ እቶም ጽሑፋት ዝብልዎ ብሳልሰይቲ መዓልቲ እውን ተንስኣ።" (1ቆረ 15፡3)

ካብዚ ምዕራፍ እዚ ከይወጻእና ከሎና እቲ ሓሳብ እንተርኢናዮ ከምዚ እዩ ዝብል። *"ክርስቶስ ዘይተንስኣ እንተኾይኑስ እምነትኩም ከንቱ እያ። ... ኣብዚ ህይወት እዚኣ ጥራይ ተስፋ እንተገበርናስ ካብ ኩሉ ሰብ እኒደንግጽ ምኾንና ኔርና።" (1ቆረ 15፡17-19)*

እምበኣር ናይ ሓዲሽ ኪዳን ተስፋ ልክዕ ከምቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ኪኸውን እንጽበዮ ዘይኮነስ ኣብ ዝኾነ ነገር እተመስረተ እዩ። ስለዚ ኽኣ ተስፋ ኣምላኽ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ፍጻመ እዩ ዚቕድም ዝበልኩ። ንሕናስ ድሕሪ ሞት ዘሎ

ተስፋና ክርስቶስ ካብ ምውታት ስለ ዝተንስኣ ኢና እንትንስእ እምበር ካብ ምውታት ምትንሳእ ሕጊ ስለ ዘፍቅዶ ኣይኮንናን እንትንስእ።

ምዕራፍ 3
ብክርስቶስ ኪዳን ኣኩና

ኪዳን ማለት ኣብ መንነ ክልተ ኣካላት ዚእቶ ውዕል ኮይኑ ምምሕላ ዚብል ቃል'ውን ኪውክል ይኽእል። ኣምላኽ ብዙሕ ጊዜ እንተስ ብውልቂ እንተስ ብሕብረት ምስ ህዝቡ ኪዳን ይኣቱ እዩ። ኣምላኽ ምስ ሰብ ኪዳን ኪኣቱ ኽሎ ሕብረት እዩ ዚገልጽ። ንምልክት ኪዳን ድማ ነገራት ወይ ምልክታት የቕውም። ንኣብነት፡ ኣምላኽ ንሰብ ኣብታ ቀዳማይቲ ዓለም ብማይ ኣይሂ ኣጥፊኡም፡ ብድሕሪኡ ግና ኣምላኽ ንሰብ ብኽምኡ ዓይነት ኣጠፋፍኣ ደጊሙ ከም ዘየጥፍኦ ኪዳን ኪኣትወሉ ከሎ፡ ንምልክት ቀስተ ደበና ኪህቦ ከሎ ንርኢ።

"... ኪዳነይ ክሳ ምሳኻትኩም ሌቕውም ኣለኹ። ድሕሪ ደጊም ሲጋ ዘበለ ኩሉ ብማይ ኣይሂ ኣየጥፍእን፡ ንምድሪ ዘጥፍእ ማይ ኣይሂ ድማ መሊሱ ኣይክውንን። ኣምላኽ ክሳ በለ ... ኑቲ ኣብ መንነይን ኣብ መንነኹምን ኣብ መንነ እቲ ምሳኻትኩም ዘሎ ኩሉ ህያው ነፍስን ንዘለኣለም ዝንብሮ ኪዳን ምልክቱ እዚ እዩ። ቀስተይ ኣብ ደበና ኣንብር ኣለኹ፡ ንሱ ድማ ኑቲ ኣብ መንነይን ኣብ መንነ ምድርን ዘሎ ኪዳን ምልክት ኪኸውን እዩ።" (ዘፍ 9፡11-12)

ኪዳን ኣምላኽ ምስቶም ብሲጋ "እስራኤል" ዝኾኑ

ኣምላኽ ኪዳኑ ምስ እስራኤል ከም ህዝቢ ኪኣቱ ከሎ ምስ ኣብርሃም እዩ ጀሚሩዎ። ንኣብርሃም ድማ ከምዚ ኢሉ ኪዛረቦ ከሎ ንርኢ፡-

"... ኣምላኽ ድማ ንኣብርሃም በሎ፡ ንስኻ ኮነ ኪዳነይ ክትሕሉ ኢኻ። ንስኻ ብድሕሪኻውን ዘርእኻ በብወለዶኦም ትሕልዉ። እቲ ኣብ መንነይን ኣብ መንነኻን ብድሕሪ ኻ ድማ ኣብ ዘርእኻ ዘሎ እም ንስኻትኩም ትትሕልውዎ ኪዳነይ እዚ እዩ፡ ኣባኹም ተባዕታይ ዘበለ ይገዝር፡ ሲጋ ፅልቦኹም ግዝሩ እዚ

ድማ ነቲ ኣብ መንነይን መንነኽምን ዘሎ ኪዳን ምልክት ኪኸውን እዩ።" (ዘፍ 17፡10-11)

ኣምላኽ ከምዚ ኣብዚ ጽሑፍ እንርእዮ ዘሎና ኣንዊሑ ዝጠመተ ኪዳን እዩ ምስ ኣብርሃም ዚኣትው ዘሎ። ንምልክት ድማ ምግዛር ዕልቦ ስጋ ይጥቀም። ነዚ ድማ ኪዳን ዘለኣለም እዩ ኢሉ ኣቓሞ። ስለምንታይ እዩ ግን ንምልክት ኪዳን ህዝቡ እዛ ብኢድ ኣብ ስጋ እትግበር ግዝረት መሪጹ? ማለት ምስቋር እዝኒ ከምኡውን ካልእ ምልክታት ዘይመረጸ? እዚ ኪምለስ ዘለዎ ሕቶ እዩ። ኣምላኽሲ ከም ምልክት ምግዛር ዕልቦ ስጋ ወዲ ተባዕታይ ዝመረጸሉ፡ ምግዛር ማለት ዚሽፍን ነገር ምቕንጣጥ ወይ ድማ ምእላይ ማለት እዩ። ብፍላይ ንሕና እቶም ሎሚውን ምግዛር እንጥቀም ሰባት እዚ ይርደኣና እዩ። ስለዚ ነቲ ሽዑ ጥቕሚ ዘለዎ ኾይኑ ንዚመጽእ ድማ ካብ ህዝቢ ኣምላኽ ዚቕንጠጥ ነገር ከምዘሎ ዚገልጽ ሓሳባት እዩ ነይሩ። ስለዚ ኣብቲ ጊዜ እቲ ዝነበሩ ህዝቢ ኣምላኽ (ብስጋ እስራኤል) ድማ ነቲ ዝዓበየ ምልክት ሕብረት ኣምላኽን ሰብን ግዝረት ስለ ዝነበረ ዚምክሕሉ ዝነበሩ። ሓደ ጊዜ ዳዊት ምስ ጎልያድ ኪገጥም ከሎ እዚ ዘይግዙር ብምባል ጥቅሚ ግዝረት ዚገልጽ ሓሳባት ኪዛረብ ከሎ ንርኢ።

"... ዳዊት ድማ ነቶም ምስኡ ደው ኢሎም ዘለዉ ሰባት እዚ ንሰራዊት ኣምላኽ ዘባርጩ ዘሎ ዘይግዙር ፍልስጤማዊ እዚ መን እዩ በለ።" (1ይ ሳሙ 17፡20)

እስራኤል እቲ ዝዓበየ ኪዳን ኣምላኽ ከምዘለዎም ዚምክሑሉ ዝነበሩ ትምክሕቲ ግዝረት እዩ ነይሩ። እዛ ብኢድ ኣብ ስጋ እትግበር ግዝረት ናይ መወዳእታ ዕላማ ኣምላኽ ነቲ ምልክት ኪዳን ኣብ መንነኡን ኣብ መንነ ህዝቡን ነይሩ እንተትኸውን ጳውሎስ ድሕሪ ትንሳኤ የሱስ ነዚ ሓሳባት እዚ ኣይምተቓወሞን ኔሩ። ማለት ግዝረት ስጋ ዋላ ሓንቲ ጥቕሚ ከምዘይብሉ ኣይምመሃረንን። እንታይ ድኣ፡ ኣብቲ ጊዜ እቲ ዝዓዱ ኮይኑ ጽላሎት ናይቲ ዳሕራይ ክርስቶስ ዝፈጸሞ ነገር ከምዝነበረ እዩ ዘረድኣና። ስለዚ ከኣ ኣምላኽ ካብ ህዝቡ ዚጋርድ፡ ዚሽፍን እሞ ዚቕንጠጥ ነገር ከምዘሎ ንምምልካት ካብ ኩሉ ክፍሊ ኣካላት ሰብ፡ ዕልቦ ስጋ ወዲ ተባዕታይ ዝመረጸ። እንተዘይኮነ ነይሩ እቲ ቀንዲ ዕላማ ግዝረት ስጋ ብኢድ ኣብ ስጋ እንተዝኸውን ንሱ ኪዳን ዘለኣለም ኮይኑ ምቕመ ነይሩ።

ኪዳን ኣምላኽ ብክርስቶስ

"ስለዚ ከኣ ኣቱም ኣህዛብ ብሲጋ በታ ኢድ ኣብ ሲጋ እትገብራ ግዝረት እትበሃል ቀደም ዘይግዝረት ከም ዝተበሃልኩም ዘክሩ።" (ኤፌ 2፡11)

ኣምላኽ፡ ንምልክት ኪዳን ኣብ መንነኡን ኣብ መንነ ህዝቡን ምግዛር ዕልቦ

ስጋ ወዲ ተባዕታይ ከም ኪዳን ዘለኣለም ጌሩ ካብ ኣቓሞ እሞኽ ሕጂ ኣምላኽ ንኺዳኑ ገዲፍዎ ድዩ? ያእ ኣይፋሉን። እትስ ጽላሎት ናይቲ ብክርስቶስ ዚፍጸም ነገር እዩ ዝነበረ። ስለዚ ከኣ ከም ጸላሎት ተጠቂሙሉ ዝነበረ። ብሓቀኛ ፍጻመ ማለት ብምምጻእ የሱስ ክርስቶስ እቲ ዝጋርድን ዝሽፍንን ዝነበረ ብምእላይ ከኣ ፈጺምዎ እምበር ኪዳኑስ ኣይሓደጎን።

ኩሉ ጊዜ ግዝረት ኪፍጸም ከሎ ዝዛረቦ መልእኽቲ ኔሩዎ እዩ። ንሱ ከኣ ዳሕራይ ዚቕንጠጥ ነገር ከምዘሎ'ሞ ኣምላኽ ነዚ ነገር እዚ ብምፍጻም ኪዳኑ ኣብ መንነኡን ኣብ መንነ ህዝቡን ከምዘጽንዕ ንርዳእ። ስለዚ ኸኣ ክርስቶስ ካብቲ ሓደ ስጋ ለቢሱ ኪመጽእ ዘድለዮ ምኽንያት እዚ እዩ። ምኽንያቱ ንሰብ ኣብ ኣካላት ስጋኡ ብምኻን ንነፍሱ ብምሓዝ ንመንፈሱ ካብ ኣምላኽ ዝፈለዮ ናብ ሓጢኣት ጥራይ ከኣ ዚመርሖ ኣረጊት ሰብ፡ ሓጢኣተኛ ስጋ፡ ሰብነት ስጋ ተባሂሉ ተገሊጹ ዘሎ፡ ግናኸ ምቕንጣጥ ዘድልዮ ነገር ከምዘሎ ዚገልጽ ስእላዊ መግለጺ እዩ ነይሩ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣብ መንነኻን ኣብ መንነ ኣምላኽን ኪዳንካ ንምጽናዕ ምልክት ሕብረትን ሓድነትን፡ ግዝረት ክትግዝር ዚግበኣካ፡ ከምኡ ድማ ሎሚ ብክርስቶስ ምስ ኣምላኽ ኪዳን ምእንቲ ክህልወና እቲ ዝሽፍነናን ዝጋርደናን ምእንቲ ካባና ክእለ የሱስ ኣብ ክንዳና ምግዛር ኣድሊይዎ። ንሕና ድማ ብናቱ ግዝረት ብምግዛርና ብእኡ ምስ ኣምላኽ ኪዳን ዘሎና ህዝቢ ኴንና።

"... ንስኻትኩም ድማ ብግዝረት ክርስቶስ ነቲ ናይ ሲጋ ስብነት ቀንጢጥኩም ብኢድ ብዘይኮነ ግዝረት ብእኡ ተገዝርኩም።" (ቆሎ 2፡11)

"... ከምኡ ድማ ነቲ ሓጢኣተኛ ሲጋኹም ካባኹም ብምቕንጣጥ ብእኡ (ብክርስቶስ) ተገዝርኩም። እዚ ድማ ብኢድ ሰብ ዘይኮነስ ብክርስቶስ ዝግዘር ግዝረት እዩ።" ካልኣይ ሕታም (ቈሎ 2፡11)

ኣብዚ ጽሑፍ ከም እንርእዮ ክልተ ኣካላት ኣሎ። ንሱ ድማ መጀመርታ ክርስቶስ ኪኸውን ከሎ ብእኡ ድማ፡ ብናቱ ምግዛር ዚግዘር ኣካል ከምዘሎ ዘረድእ ሓሳብ'ውን እዩ። ንሱ ኸኣ ካብቲ ዚመልኽን ዚጋርድን ዚሽፍንን ዝነበረ እሞ ካብ ሕብረት ኣምላኽ'ውን ፈልዩና ዝነበረ የሱስ ስጋ ብምልባስ ኣብ ክንዳና ብምግዛር ናቱ ድማ ንሕና ካብቲ ዚመልከና ዝነበረ ሓራ ብምውጻእ ምስ ኣምላኽ ኪዳን ዘሎና ህዝቢ ንምኻን በቒዕና።

ሎሚ ኣባናኽ ብኽመይ ይዓቤ?

እዚ ዕዮ እዚ ብክርስቶስ ስለዝኾነ ብሽነኽ ኣምላኽ ብክርስቶስ ዝተወደእ እዩ። ኣባና ምእንቲ ክዓቤ ግና ክንፈልጦም ዝግብኡና መንፈሳዊ ሕግታት ኣለዉ። ነዚኣም ከኣ ብመሰለት እዛ ጥቕሲ ክንርእዮም ኢና።

"ንስኻትኩም ግና ንክርስቶስ ከምዚ ጌርኩም ኣይተመሃርኩምዎን። እታ ሓ
ኣብ የሱስ ከም ዘላ ሰሚዕኩምዎን ኣብኡ ተምሂርኩምዎን እንተኾ ንኩምሲ ኑ
ቕደም ዝተመላለስኩምሉ ብትምኒት ሲጋ ዝጠፍእ ኣረጊት ሰብ ቀንጢጥኩ
በቲ ናይ ኣእምሮኹም መንፈስ ክትሕደሱ እሞ እቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅ
ቅድስናን ብመልክዕ ኣምላኽ እተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ልበሱ።" (ኤፌ 4፡20-23)

ምፍላጥ

ፍልጠት መሰረት እምነት ስለዝኾነ መጀመርታ ብግቡእ ነቲ ዝተፈጸመ
ዕዮን ዕላማ ኣመጻጸኡን ክንፈልጦ ኣለና። ንሱ ድማ እቲ ኣብ ብሉይ
ኪዳን ዚፍጸም ዝነበረ ግዝረት ጽላሎት ናይቲ ብምምጻእ ክርስቶስ ዚእለን
ዚቕንጠጥን ነገር ከምዝነበረ እሞ ሎሚ ግና ብምምጻእ ክረስቶስ እዚ ዕዮ
እዚ ከም እተፈጸመ ማለት ካባና ሓጢኣተኛ ስጋ ተባሂሉ ዘሎ ከምዝተኣልየ
(ከምዝተቕንጠጠ) ምፍላጥ።

ስለዚ ከኣ እቲ ናይዚ ጽሑፍ እዚ ቅደም ተኸተልውን እንተደኣ ርኢናዮ
መጀመርታ ንክርስቶስ ከምዚ ጌርኩም ኣይተመሃርኩምዎን ዚብል። እዚ ነቲ
ክንፈልጦ ዘሎና ምፍላጥ ዚውክል ሓሳብ እዩ። ነቲ ርግጽነት ናይቲ ዕዮ ድማ
እቲ ሓቂ ኣብኡ ማለት ኣብ ክርስቶስ ከምዘላ ተምሂርኩምዎ እንተ ኾይንኩምሲ
ብምባል ሓቅነትን ርግጽነትን ናይቲ ዕዮ ይገልጸልና። እዚ ኾኣ ምስኡ ዝተወደአ
ዕዮ ስለዝኾነ፡ ንሕና ዘይምቕባልና ነቲ ሓቅነቱ ክንልውጦ ኣይንኾእልን ኢና።
እንተደኣ ፈሊጥናዮ ግና ናብ እምነት ኪመርሓና ይኽእል።

ምእማን

እምነት ከምቲ ጽሑፍ ዚብሎ ናይቲ ዘይረአ ነገር ምርዳእ ካብ ኮነ ብርግጽ
ብዓይንና እኳ ዘይንርእዮ ንኹን እምበር ከምቲ ቃል ዚብሎ ብክርስቶስ ዝተፈጸመ
ፍጻመ ግና ኣሎ። ስለዚ ነዚ ብእምነት ክንቅበሎ ኪከኣለና ኣለዎ። ምእማን
ከኣ ነቲ ነገር ኣብ ህይወትና መንፈሳዊ ክውንነት ከምዚህልዎ ይገብር። ንሕና
ዘይምእማንና ነቲ ናይቲ ፍጻመ እሙንነትን ናይቲ ቃል ሓቅን ፍጹም ኪቕይሮ
ዘይክእል ነገር እዩ። ምስቶም ዝኣመንዎ ግና ከምኡ ኮይኑ ይዓዪ። ስለዚ ኾኣ
እቲ ጽሑፍ እንተደኣ ርኢናዮ ድሕሪ ምፍላጥ ምእማን ስለዚመጽእ ምእማን
ንሱ ኾኣ "ምኂን" ማለት ስለዝኾነ ቀንጢጥኩም ዚብል ሓሳብ ተጠቂሙ ዘሎ።
እዚ ግና ንሕና ንገብሮ ነገር ከምዘሎ ዘይኮነስ ንምእማንና እዩ ዘመልክት።

ምቕጻር

እዚ ምቕጻር ዚብል ሓሳብ፡ ብፍላይ ኣብ ኣእምሮኻ ዚፍጸም ፍጻመ ኮይኑ
ማለት ምስ ነፍሲ፡ ፍቕድ፡ ስምዒት ምትሕሓዝ ዘለዎ እዩ። እዚ ኾኣ ነቲ
ከዉን እዩ ኢልካ ዝኣመንካሉ ንገዛእ ርእስካ ኩነኔ ምኽኣል ማለት እዩ።
ስለዚ ኾኣ ኣብ መወዳእታ ሓሳብ ናይቲ ጽሑፍ ብናይ ኣእምሮኹም መንፈስ
ክትሕደሱ ዚብል ሓሳብ ተጠቂሙ ዘሎ።

ነዚ ሓሳባት እዚ ብዛዕባ እቲ ምግዛር ማለት እቲ ምቕንጣጥ ኣረጊት ሰብ፡
ብክርስቶስ ከም እተወድአ ንሕና ድማ ወላሓንቲ ክንምልኣሉ ከምዘይንኾእል
ንምምልካት እንበር፡ ኣብቲ ክርስትያናዊ ስነምግባር ማለት ብትእዛዝ ኣምላኽ
ኣብ ምምልላስ ናይ ሰብ ግደ የልቦን ማለት ከምዘይኮነ ክንርድኣ ይግባእ።
ከመይሲ ነቲ ዝተረዳእናዮ ሓቂ ከምኡ ኪንና ብምምልላስ ኢና እንገልጾ።
ብዘያዳ ኾኣ ኣብ ካልኣይ ክፋል ኣብ ትሕቲ ክርስትያናዊ ስነምግባር ዝብል
ሓሳብ ተገሊጹ ክንረኽቦ ኢና።

ጥቕሚ ግዝረት (ኪዳን) እንታይ እዩ?

ግዝረት ማለት ምልክት ኪዳን ካብ ኮነ ኪዳን ከኣ ሕብረትን ሓድነትን
ዝገልጽ እዩ። ንሕና ድማ ብግዝረት ክርስቶስ ብምግዛር ምስ ኣምላኽ ኪዳን
ወይ ከኣ ሕብረት ዘሎና ሰባት ምኂንና ካብ ተረደኣና፡ ጥቕሙ ፈሊጥና ነዚ
ድማ ብእምነት ብምቕባል ተጠቀምቲ ኽንከውን ኣሎና።

እዚ ጥቕሚ ምስ ናይ ብሉይ ኪዳን ዝነበረ እንዳ ኣነጻጸርና ኢና ክንርእዮ
ዘሎና። ምኽንያቱ ኣምላኽ ኣብ ብሉይ ኪዳን ምስ ህዝቡ ዝኣተዎ ኪዳን
ጽላሎት ናይዚ ሎሚ ብክርስቶስ ዝረኽብናዮ ኪዳን ኣምላኽ ካብ ኮነ፡ ልክዕ ከኣ
ከምቲ ብምኽንያት ኪዳን ኣብኣም ዚኸውን ዝነበረ ሎሚ'ውን ኣብቶም ሓቀኛ
ፍጻመ ናይዚ ኪዳን ዘለዎም ሰባት፡ ማለት ብግዝረት ክርስቶስ ግዝረት ኪዳን
ኣምላኽ ዘለዎም ልክዕ ከምኡ ኮይኑዮ ዚዓዪ። እዚ ማለት እቲ ጥቕሚ ኪዳን
ሎሚ'ውን ብእምነት ንክርስቶስ ምስ ዝተቕበልዎ ሰባት መንፈሳዊ ክውንነት
ኣለዎ። ገለ ካብቲ ጥቕሚ ኾኣ፡-

ኣምላኽ ምስኡ ዘሎ ህዝቢ እዩ

ኪዳን ማለት ምምሓል ዚብል ሓሳብ'ውን ዚገልጽ ካብ ኮነ፡ ከምቲ ኣብ ብሉይ
ኪዳን ብምኽንያት ኪዳን ኣምላኽ ምስ ህዝቡ ብምኂን ሕብረት ዚገልጸሎም
ዝነበረ፡ እሞ እስራኤል ድማ ካብ ኩሉ ዓሌት ብፍላይ ናይ ኣምላኽ ሰባት
ወይ ድማ ኣምላኽ ሰማይን ምድርን ዝኣምላኽም ተባሂሎም ዚፍለጡ ዝነበሩ፡

ሎሚ'ውን እዚ ምስቶም ብክርስቶስ ኪዳን ዘለዎም ሰባት ዚሰርሕ ሓቂ እዩ።

"ኣብ ያእቆብ ክፍኣት ኣይጠመተንዩ። ኣብ እስራኤል ድማ ሕሰም ኣይረኣየንዩ። እግዚኣብሄር ኣምላኹ ምስኡ እዩ እልልታ ንጉስ ድማ ኣብ ማእከሉ ኣሎ።" (ዘሁ 23፡21)

መርገም ኣብኡ ኣይዓይን እዩ

ኪዳን ኣምላኽ ዘለዎ ህዝቢ በረኽት ምስኡ ዝኾነ ወይ ከኣ ብሩኽ ህዝቢ እዩ። ስለዚ ኾኣ ቃሉ ከምዚ ይብል፡-

"... ኣምላኽ ንዘይረገሞ ከመይ ኢለ ክረግሞ። እግዚኣብሄር ንዘይጸየፎ ከመይ ገይረ ክጽየፎ..." (ዘሁ 23፡8)

ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ኪዳን ኣምላኽ ስለ ዘለዎም ጸላኢ ዝረገሞ መርገም ኣብኡ ከምዘይዓዪ ኢና ንርኢ። ልክዕ ድማ ሎሚ ከምኡ ምስቲ ብክርስቶስ ኪዳን ኣምላኽ ዘለዎ ህዝቢ መርገም ኣብኡ ኾነ ኣብ ዘርኡ ፈጺሙ ኣይዓዪን እዩ።

ኣብ ልዕሊ ተጻረርቱ ዕዉት ህዝቢ

ሓደ ግዜ ዳዊት ምስ ጎልያድ ኪገጥም ከሎ፡ ካብቲ ዝተዛረቦ ዘረባ እንተርኤና ከምዚ ዚብል ንረክብ፡-

"... ዳዊት ድማ ኦቶም ምስኡ ደው ኢሎም ዘለዉ ሰባት፡ እዚ ንሰራዊት ሀያው ኣምላኽ ዘጣቱ ዘሎ ዘይግዙር ፍልስጤማዊ መን እዩ?..." (1 ሳሙ 17፡26)

ብኣመለኻኽታ ሰብ፡ ዳዊት ንጎልያድ ኪስዕሮ ፈጺሙ ዘይሕሰብ ነገር እዩ። ግናኸ፡ ሓደ መሰረታዊ ፍልልይ ኣለዎም። ንሱ ድማ ግዝረት እዩ። ዳዊት ኪዳን ኣምላኽ ዘለዎ ኪኾነ፡ እቲ ዘይግዙር ተባሂሉ ዘሎ ድማ ኪዳን ኣምላኽ ዘይብሉ እዩ። ስለዚ ኾኣ ዳዊት ካብዚ ተበጊሱ ኪዕወት ከሎ ንርኢ። ከምኡ ኾኣ ንሕና ሎሚ ካብቲ ኪዳን ዝተላዕለ ኣብ ልዕሊ መንፈሳዊ ጸላእትና (ሓለቓ ስልጣናት ኣየር) ዕዉታት ክንከውን ንኽእል።

ምዕራፍ 4
ብክርስቶስ "እስራኤል" (ህዝቢ ኣምላኽ) ኢና

ብውልድነት "እስራኤል"

"እስራኤል" ዚብል ቃል፡ ህዝቢ ኣምላኽ ማለት ኪኾነ ከኣ ካብ ኣብርሃም ኮይኑ፡ እቲ ስም ግና ካብ ያእቆብ ዚጅምር መጸውዒ እዩ።

"ሽዑ ንሱ እንታይ እዩ ስምካ በሎ። ያእቆብ በለ። ንሱ ከኣ ምስ ኣምላኽን ምስ ሰብን ተቃሊስካ ኣሕሚቕካ ኢኻ እሞ ደጊም ስምካ እስራኤል ድኣ እምበር ያእቆብ ኣይበሃልን በሎ።" (ዘፍ 32፡27-28)

ስለዚ እዚ ኣብ ዘመን ብሉይ ኪዳን፡ "እስራኤል" ዚብል ሓሳብ "ዘርኢ ኣብርሃም" ዝኾነ ንዘበለ ካብ ያእቆብ ከኣ ንዝቑጸለ ብምሉኡ ኮይኑ ስለ ኣቦታት ኪዳን ዘለዎ ህዝቢ ስለዝኾነ፡ እስራኤል ተባሂሉ ይጽዋዕ። ብወገን ኣምላኽ ድማ መግለጺ ክብሩን ኣብ ምድሪ'ውን ምስክር መንነቱን ጌሩ ዘቆሞ ህዝቢ እዩ ኔሩ። ኣብ ዘመን እስራኤል ማለት ቅድሚ ምልኣት ዘመን ኣብ ምድሪ ካብ ዘሎ ዓሌት ብምሉኡ ንበይኑ ዝተፈልየ ዓሌት፡ ኣግዚኣብሄር ኣምላኹ ዝኾነ ህዝቢ፡ ናቱ ናይ ገዛእ ርእሱ ስርዓት ዘለዎ፡ ብሕጊ ኣምላኽ ኪመላለስ እተጸወዐ ምስ ካልኦት ዓሌት ኣህዛብ'ውን ኪጸናበር ዘይብሉ ህዝቢ እዩ ኔሩ። እዚ ድማ፡-

ንመምጽኢ መገዲ ምድሓን እተመደበ ህዝቢ

አምላኽ ብፍላይ ድሕሪ ምጥፋእ እታ ቕዳመይቲ ዓለም፣ ኪዳኑ ንመጀመርያ ምስ አብርሃም ኪኣቱ ከሎ ኢና ንርኢ። ብድሕሪኡ ምስ ይስሓቕ ቀጺሉ ኽኣ ምስ እስራኤል ተባሂሉ ዘሎ ያእቆብ ቀጸለ። እዚ ኽኣ አምላኽ ብሰንሰለታዊ መገዲ እቲ ንዓለም ንምድሓን ኪመጽእ ዘለዎ የሱስ ክርስቶስ ንምምጻእ ዝተጠቐመሉ አገባብ እዩ።

ፍሉይ ህዝቢ ኣብ ዘመኑ

አምላኽ አብ ኩሉ ዘመን፣ ርእሱ ብዘይምስክር ስለዘይሓድግ፣ እዚ ኣብቲ ጊዜ ከም ፍሉይ ህዝቢ አምላኽ ዚፍለጥ ዝነበረ ህዝቢ፣ ብባህርዩ አምላኽ ዚበሃል ከም ዘሎ ዚምስክር፣ ምስክር አምላኽ ኔሩ። ስለዚ ድማ እዩ አምላኽ ብፍሉይ ኣጠማምታ ዚጥምቶ ዝነበረ። ኣብ ኩሉ ነገራቱ ኽኣ ዚግለጸሉ ዝነበረ።

ጽላሎት ንናይ ሕጂ ህዝቢ አምላኽ

ዝበዝሐ ግዜ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘለዉ ትንቢታት፣ ንኽልተ ዘመን ዘመልክቱ ኮይኖም ንረኽቦም። ንኣብነት አምላኽ እታ ናይ ተስፋ ምድሪ ኢሉ ኪምድብ ከሎ፣ ቀዳማይ ዝኾነ ነታ ኣብ ጊዜ ሙሴ፣ ብሙሴ ተመሪሑም ኪወርስዋ ዝተበገሱ ምድሪ ዚገልጽ ሓሳብ እዩ። ቡቲ ካልኣይ ገጽ ድማ ብዛዕባ እታ ብሕጂ ክንወርሳ ንጸበ ዘሎና ናይ ተስፋ ሃገር ምኽና ዚዛረብ ትንቢታዊ ቃል እዩ። ምኽንያቱ፣ አምላኽ እታ ናይ መወዳእታ ዕላምኡ ነታ ኣብ ምድሪ ዓረብ ዘላ የሩሳሌም እንተዚኸውን ነይሩ፣ ማለት እቲ ናይ መወዳእታ ዕላማ ብእያሱ ተፈጺሙ ኔሩ እንተዚኸውን፣ ከምቲ ናይ እብራውያን ጸሓፊ ዝበሎ ብኣፍ ኣቦና ዳዊት ገይሩ ካልእ ናይ ተስፋ መዓልቲ ኣይምመደበን ነይሩ።

"... እያሱ ኣዕረፍዎም እንተ ዝኸውንሲ ድሕሪኡ ብዛዕባ ካልእ መዓልቲ ኣይምተዛረበን ኔሩ።" (ኣብ 4፡8)

ብክርስቶስ እስራኤል (ህዝቢ) አምላኽ

"ሃቲ ዘመን እቲ ብዘይ ክርስቶስ ከም ዝነበርኩም ካብ ሕብረት እስራኤል ፍሉያት..." (ኤፌ 2-12)

ካብዛ ጥቕሲ መበገሲ ብምግባር ናብቲ ቀንዲ ሓሳብ ናይዚ ጽሑፍ ክንርኢ እንተኺንና፣ እቲ "ዘመን" ክምኡውን "ከም ዝነበርኩም" ዚብል ቃላት ነቲ

ቕድሚ ክርስቶስ ምምጽኡ ዝነበርናዮ ሕሉፍ ታሪኽ ዚገልጽ፣ ሕጂ ግና ዘየለናዮ ዜመልክት ጽሑፍ እዩ። ቅደም ተኸተል ኣመጻጽኣ ናይዛ "እስራኤል" እትብል ቃል ኣብ ዘመን ብሉይ ኪዳን እንተርኢና ቅድሚ "እስራኤል" ዚብል ስም፣ አምላኽ ንኣብርሃም ተስፋ ምሃቡ ይቕደም። ንሱ ኽኣ ኣብ ዘፍ 12፡ አምላኽ ን ኣብርሃም ኪጽውዮ ከሎ ንርኢ። ኣብ ዘፍ 15 ድማ አምላኽ እቲ ተስፋ ንኣብርሃም ደጊሙ ኬጽንዓሉ ከሎን ኣብርሃም ድማ ነቲ ተስፋ ብእምነት ኪቕበሎ ከሎን ንርኢ። (ዘፍ 15፡1-6 ተመልከት)

ስለዚ፣ ከም ኣህዛብ ድማ ብዛዕባ ተስፋ አምላኽ ካብ መጀመርታ ኣትሒዝና ከም ዝነበርና ርኢና ኣሎና። (ተስፋ አምላኽ "ብክርስቶስ" ዚብል ተመልከት) ብድሕሪ ተስፋ ከኣ ኪዳን እዩ ዚመጽእ። ማለት፣ አምላኽ ኣብ ዘፍ 17 ምስ እስራኤል ኪዳን ኪኣቱ ከሎ ንርኢ። ኣብዚ'ውን እንተኾነ እቲ ምልክት ኪዳን ዚግበር ዝነበረ፣ ግዝረት፣ ጽላሎት እምበር እቲ ቀንዲ መደብ አምላኽ ብዛዕባ ኪዳን ከምዘይነበረ፣ ግና ኽኣ ነቲ ዳሕራይ ብክርስቶስ ዚፍጸም ነገር ይዛረብ ከም ዝነበረ ርኢና ኣሎና። (ኪዳን አምላኽ "ብክርስቶስ" ዚብል ተመልከት) ስለዚ ከም ኣህዛብ'ውን ኣብዚ ኪዳን ዚብል ካብ መጀመርታ ኣትሒዝና ኣብ መደብ አምላኽ ኔርና ኢና። እዛ እስራኤል እትብል ቃል ግና ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ኣብ ያእቆብ እያ ትጅምር። (ዘፍ 37፡27-28)

ኣብ ዘመን ብሉይ ኪዳን ካብ ኣብርሃም ዝተወልደ ዘበለ እስራኤል ናይ ምኽን መሰል ኣለዎ፣ ኣብ ዘመን ሓድሽ ኪዳን ግና እቲ ብክርስቶስ ዘሎ እዩ ህዝቢ አምላኽ ዚበሃል። ምኽንያቱ አምላኽ ንኣብርሃም ብዛዕባ ዘርኡ "ዘርእኻ" ኢሉ ኪዛረቦ ከሎ ኣብ ሓቅነት ናይቲ ኩነታት እንተድኣ ርኢና ብዛዕባ ይስሃቕ እዩ ዚዛረብ። ኪንዮ እቲ ዚረአ ኩነት ዘሎ መንፈሳዊ ሓቂ እንተደኣ ርኢና ግና፣ እቲ ካብ "ዘርእኻ" ዚብል ንክርስቶስ እዩ ዘመልክት።

"እቲ ንኣብርሃምን ንዘርኡን ኣተናግረ ተስፋ ድማ ንሓደ ከም ዚብሃል ንዘርእኻ ንሱ ኽኣ ክርስቶስ እዩ እምበር ንብዙሓት ከም ዚበሃል ነዘርእቲ ኣይብልን እዩ" (ገላ 3፡15-16)

ስለዚ ኣብዚ ጽሑፍ እዚ እንተድኣ ርኢና "እቲ ንኣብርሃም እተነግረ ተስፋ" ኪብል ከሎ እቲ ተስፋ ንሱ ክርስቶስ ምኽኑ ካብ ገለጸ ደጊሙ ድማ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ መድረኽ ሓድሽ ኪዳን ኮይኑ ኪዛረብ ከሎ ብዛዕባ እስራኤል ዚብል ሓሳብ ኩሉ ካብ እስራኤል ዝተወልደ እስራኤል ከምዘይኮነ ኪዛረብ ከሎ ንርኢ።

"ማናኽ እቶም ካብ እስራኤል ዘበሉ ኩላቶም እስራኤላውያን ኣይኮኑን እሞ ..." (ሮሜ 9፡6) ኣብዚ ጽሑፍ እዚ እንተደኣ ርኢና ከም ኣበሃህላ ኪበሃል ኣይከኣልን እዩ። ምኽንያቱ ኣብ እስራኤል ዘለዉ፣ ወይ ድማ ካብ እስራኤል ዝተወልዱ ኩሎም እስራኤላውያን ኣይኮኑን ኪበሃል ይከኣል እዩ። ካብ

እስራኤል ዝኾኑ ወይ ካብ እስራኤል ዝተወልዱ ኩሎም እስራኤል ኣይኮኑን ክትብል ግና ኣይከኣልን እዩ። ግናኸ ሃዋርያ ጳውሎስ ኪገልጸ ዝደለየ ሓሳብ እንተሃልዩ እቲ ውሉድ ተስፋ ንሱ እዩ ውሉድ ዝቑጸር እምበር፡ ብስጋ ስለ ዝተወልዱስ ውሉድ ኣይኮኑን፡ ወይ ድማ እስራኤል ኣይኮኑን። ስለዚ ድማ ደጊሙ ከምዚ ይብል።

"ዘርኢ ብይስሓቕ ክስመየልካ እዩ እምበር፡ ዘርኢ ኣብርሃም ስለ ዝኾኑ፡ ኩሉቶም ውሉድ ኣይኮኑን። ማለት፡ እቶም ውሉድ ተስፋ እዮም ንዘርኢ ዚቑጸሩ እምበር፡ እቶም ውሉድ ሲጋሰ ውሉድ ኣምላኽ ኣይኮኑን።" (ሮሜ 9፡7-8)

ስለዚ ከምቲ ኣብ ሳዕሊ ዝበልናዮ ይስሃቕ እቲ ዘርኢ ተስፋ ንክርስቶስ ዚውክል ካብ ኮነ፡ እስራኤል ዚበሃል እቲ ብክርስቶስ ዘሎ እዩ። ስለዚ ድማ ንሕና ብክርስቶስ እስራኤል (ህዝቢ) ኣምላኽ ኢና።

እዚ ማለትከ ኣምላኽ ኑቲ ብስጋ እስራኤል ዝኾነ ህዝቡ ተስፋኡ ዓጽዩሉ ማለት ድዩ? ማለት ኑቲ ብስጋ እስራኤል ዝኾነ ተስፋ ኣለዎ ድዩ? ብርግጽ ኣለዎ። ንሱ ድማ ብኽልተ መገዲ ክንርእዮ ንኽእል።

ሕጂውን ንህዝቡ ኣይሓደጎን

እዚ ማለት ድማ ከምቲ ጳውሎስ ዝበሎ ንህዝቡ ኣይረሰዮን። ሕጂውን ምድሓን ብክርስቶስ መታን ክኾነሎም ንየሱስ ዝተቐበልዎ ንዘበሉ ኩሎም ናይ ምድሓን ተስፋ ኣለዎም። ስለዚ እዩ ጳውሎስ ኣምላኽ'ዶ ንህዝቡ ሓዲግዎ እዩ ኢሉ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ከምዚ ኢሉ ዝተዛረበ።

"... እምበኣርሲ እብል ኣለኹ፡ ኣምላኽ ንህዝቡዶ ደርብይዎ እዩ? ዶኽ ኣይፋሉን። ኣነ እኳ እስራኤላዊ፡ ካብ ዘርኢ ኣብርሃም ካብ ዓሌት ብንያም እየ።" (ሮሜ 11፡1) ከምዚ ኢሉ ኪዛረብ ከሎ ድማ ነንብብ። እዚ ድማ ኣምላኽ ሕጂ'ውን ኑቲ ቀደም ዝፈለጦ ህዝቢ ኣብ ዘመን ምልኣት ኣህዛብ ብክርስቶስ ብምእማን ህዝቢ ኣምላኽ ናይ ምኻን ደገ ከፈቱሎም ኣሎ።

ዳሕራይ'ውን ብምሉኡ እስራኤል ክድሕን እዩ

እዚ ድማ ክርስቶስ ባዕሉ ንህዝቡ ኣብ መወዳእታ ዘመን ስለ ኪዳን ኣቦታት ኢሉ ከምዚዝክሮም ጳውሎስ ተዛሪቡ ኣሎ። ስለዚ ኣብ መወዳእታ'ውን ነቶም ብስጋ እስራኤል ተስፋ ኣሎ። ኣምላኽ ብምልኣት ከድሕኖም እዩ። እቲ ጽሑፍ ድማ ከምዚ ይብል።

"... ከምቲ ጽሑፍ፡ ተብጃዊ ካብ ጽዮን ኪመጽእ እዩ፡ ካብ ያእቆብ ክኣ ረሲእነት ኪርሕቕ እዩ፡ ሓጢኣቶም ምስ ኣርሓቕኩ፡ ኪኖነይ ምሳታቶም እዚ ኪኸውን እዩ ዚብሉ፡ ብዘሎ እስራኤል ኪድሕን እዩ።" (ሮሜ 11፡26-27)

ምዕራፍ 5
ብክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ሰይጣን ስልጣን ኣሎና

ብክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ስልጣን ኣሎና ክንብል ከለና፡ ክርስቶስ ዝገበሮ ኣመልኪትና ኢና እንዛረብ ዘሎና። እዚ ፍጻመ እዚ ድማ፡ የሱስ ክም ሰብ ድሕሪ ምምጻኡ ንዘሎ ግዜ እዩ ዘመልክት። ስለዚ ንሕና ብምምጻእ ናይ የሱስ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ስልጣን ወይ ምልኪ ካብ ኣድለየና፡ ቅድሚኡ ጸላኢ ኣብ ልዕሌና ስልጣን ወይ ድማ ምልኪ ስለ ዝነበሮ እዩ። ክምኡ እንተዘይከውን ምምጻእ የሱስ'ውን ኣይመድለየን ኔሩ። ግናኸ፡ የሱስ ነቲ ተመሊኹ ዝነበረ ሰብ፡ ስልጣን ብምሃብ ልዕሊ እቲ መሊኽም ዝነበረ ልዕል ኪብል ምእንቲ ምምጻእ ካብ ኣድለዮ፡ መጀመርታ ኪምለስ ዘለዎ ሕቶ ናይ ሰብን ናይ'ዚ ጸላኢ ንብሎ ዘሎና ሰይጣንን ርክብ መዓስ ጀሚሩ? ብኸመይከ? ዚብል ሕቶታት ኪምለስ ኣለዎ።

ብመሰረት ቓል ኣምላኽ፡ እታ ቐዳመይቲ ርክብ ሰብን ሰይጣንን ኣብ ገነት ኤድን እያ። ንሳ ኸኣ እታ ፈላሚትን ዓባይን ፍጻመ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ከይና፡ ነዚ ሎሚ እንርእዮ ዘሎና ኩሉ ኣብ ዓለምና ዘሎ ጭራሕምራሕ ድማ መበገሲቱ እያ። ንዓኣ፡ ምፍራስ ሕብረት ኣምላኽን ሰብን፡ ምጅማር ሕብረት ሰይጣንን ሰብን ንብላ።

"... እግዚኣብሄር ኣምላኽ ካብ ዝፈጠሮ ኩሉ ኣራዊት መሮር ተመን ይነረሕ ነበረ። ነታ ሰበይቲ ከኣ ኣምላኽሲ ካብ ኩሉ ኣም ገነት ኣይትብልዎ ኢሉዶ ኣዚዙ እዩ? በላ።" (ዘፍ 3፡1)

ነዚ እንርእዮ ዘሎና ምኽንያት እትኸውን ዘላ እምበኣር እዛ ትእዛዝ እዚኣ እያ። ኣምላኽ ንኣዳም እዛ ትእዛዝ እዚኣ እንተዘይሀቦ ነይሩ እሞ ኸኣ ሰይጣን መጺኡ ኣምላኽ ኣይትብልዎ ኢሉዶ ኣዚዝኩም እዩ እንተዚብሎም፡ ስለ ዘይተኣዘዙ ኸኣ ኣይበለናን እንተዚብሉም፡ እንታይ ምተፈጸመ ኢልኩም

ትሓስቡ? ሓንት'ኳ! እምበኣርከ፡ ብምኽንያት እዛ ትእዛዝ እዚኣ መንፈሳዊ ሞት ማለት ካብ ኣምላኽ ምፍላይ፡ ከምኡውን ርክብ ምስ ሰይጣን ኪህልወና ክኢሉ። ስለዚ ድማ እቲ ጽሑፍ ከምዚ ይብል፦

"... ንስኻትኩምሲ ቀደም ከም ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ፡ ከምቲ መንፈሱ ሕጂ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ዚገብሮ ዘሎ ሓሊቓ ሰልጣናት ኣየር እተመላለስኩም ብዘደልኩም፡ ብኣበሳኹም ምውታት ዝነበርኩም ንኣ ኻትኩም ህያዋን ዝረኩም።" (ኤፌ 2፡1-2)

ከምዚ ኣብዚ ጽሑፍ ንርእዮ ዘሎና፡ ብዛዕባ ክልተ ዓይነት ሰባት እዩ ዚዛረብ ዘሎ። ቀዳማይ፡ ንስኻትኩም ዚበሃለሎም ዘሎ ነቶም ኣመንቲ ኪኾኑን ከሎ፡ ነቶም ዘይኣመንቲ ከኣ ኣብ ትሕቲ ሓሊቓ ስልጣናት ኣየር ከምዘለዉ ይሕብር። ነቶም ኣመንቲ'ውን ቀደም ቅድሚ ምእማኖም ኣብኡ ከምዝነበሩ ዚገልጽ ሓሳብ'ውን እዩ። ነቶም ኣብ ትሕቲ ሓሊቓ ስልጣናት ኣየር ዘለዉን ዝነበሩን ኣብ ትሕቲ ሓሊቓ ስልጣናት ኣየር ምኳኖም ቀንዲ ምልክት ትእዛዝ እትብል ቃል እያ። ስለዚ'ዩ ኽኣ ደቂ ዘይምእዛዝ ዚብል ቃል ተጠቂሙ ዘሎ። እዚ ኽኣ ኩሉ ሰብ ብሰንኪ ዘይምእዛዝ ኣዳም ኣብ መንፈሳዊ ሞት፡ ካብ ኣምላኽ ምፍላይ፡ ኣብ ትሕቲ ሓሊቓ ስልጣናት ኣየር ተባሂሉ ዘሎ ሰይጣን ምንባሩ ዚገልጽ ሓሳብ እዩ። ብሰንኪ ዘይምእዛዝ ሕብረት ኣምላኽን ሰብን ካብ ፈረሰ፡ ብእኡ ምኽንያት ድማ ሰብ ኣብ ትሕቲ ጸላኢ ካብ ኮነ፡ እቲ መጀመርታ ኪኾውን ዘለዎ ሕብረት ኣምላኽን ሰብን ናብ ንቡር ምምላስ እዩ። እዚ ኽኣ ብምኽንያት ዘይምእዛዝ ኣዳም ካብ ፈረሰ፡ ብምኽንያት ምእዛዝ ክርስቶስ ድማ ናብ ንቡር ኪመጽእ ስለዘለዎ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ምእዛዙ ከርኢ ኣድልይዎ።

ምእዛዝ የሱስ ክርስቶስ

ካብቲ ቀንዲ ዕላማ ምምጻእ ናይ የሱስ ክርስቶስ ከም ሰብ ብናቱ ምእዛዝ ንሕና ህይወት ምእንቲ ክንረክብ እዩ።

"... ርእሱ ክሳዕ ሞት ኣትሓተ፡ ክሳዕ ሞት ኣብ መስቀል እኳ ደኣ ተኣዘዘ።..." (ፊሊ 2፡8)

ነቲ ብምኽንያት ዘይምእዛዝ ፈረሰ ዝነበረ ሕብረት ኣምላኽን ሰብን ናብ ንቡር ንምምላስ ስለዘድለየ፡ የሱስ ክሳዕ መወዳእታ ምእዛዙ ከርኢ ከሎ ንምልከት። *"ክሳዕ ሞት ኣብ መስቀል እኳ ደኣ ተኣዘዘ..."* ዚብል ሓሳብ፡ "ክሳዕ" ዚብል ቃል ናይ መወዳእታ ነጥቢ ዚገልጸ ሓሳብ እዩ። ስለዚ ምእዛዙ እናኣርኣየ ኪመጽእ ጸኒሑ ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ መስቀል ምእዛዙ ኣርእዩ ንምድሓንና ድማ ብቑዕ ኮይኑ ተረኽበ።

"እምብኣርሲ እቶም ብዙሓት በቲ ዘይምእዛዝ ሓደ ሰብኣይ ሓጥኣን ከም ዝኾኑ፡ ከምኡ ኽኣ ብምእዛዝ እቲ ሓደ እቶም ብዙሓት ጻድቃን ኪኾኑ እዮም እሞ፡ ከምቲ ብሓንቲ ኣበሳ ናብ ኩሉ ሰብ ኮነ ዝመጸ ከምኡ ድማ ብሓንቲ ግብሪ ጽድቂ እቲ ምጽዳቕ ንህይወት ናብ ኩሉ ሰብ መጸ" (ሮሜ 5፡18-19)

"... ንሱ ብዘመን ሲጋኡ ኽሎ፡ ብብርቱዕ ኣውያትን ንብዓትን ናብቲ ኻብ ሞት ከድሕን ዝኽኣሎ ጸሎትን ምህለላን ምስ ኣቕረበ፡ ብዛዕባ ንኣምላኽ ምፍራሁ ምስ ተሰምዔን፡ ወዲ እኳ ክኸሱ፡ በቲ እተሰቀዮ ሰቕያት ምእዛዝ ተማህረ። ከም መዓርግ መልኪጸዴቕ ብኣምላኽ ሊቀ ካህናት ተሰምዩ፡ ፍጹም ምስ ኮነ ክኣ፡ ነቶም ዘእዘዝሞ ዘበሉ ኩላቶም ንናይ ዘለኣለም ምድሓንም ምኽንያት ኮኖም።" (እብ 5፡7-10)

ቀዳምነት ነቲ ዘይምእዛዝ ብምእዛዝ ለዊጡ፡ መጀመርታ ካብ መንፈሳዊ ሞት እዩ ኣውጺኡና። ህያዋን ጌሩና። ህያዋን ማለት ድማ እቲ ቅድሚ ዘፍጥረት 3ይ ምዕራፍ ዝነበረ ሕብረት ኣምላኽን ሰብን ናብ ንቡር ምምላሱ እዩ ዘመልክት። ብድሕሪ ህያዋን ምኳን ከኣ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ሰልጣን ምእንቲ ኪህልወና ኣብ ላዕሊ ምስኡ ኣቕመጠና። ምስኡ ስለ ዝኾነ ግና መጀመርታ ዚመጽእ ምቕማጥ ናይ የሱስ እዩ። ነዚኣም ድማ ብቕደም ተኽተል ክንርእዮም ኢና።

ምቕማጥ የሱስ

"ኣምላኽ ንክርስቶስ ካብ ምውታት ኣተንሲኡ ኣብ የማኑ ኣብ ሰማያት ምስ ኣቕመጦ..." (ኤፌ 1፡21)

እዚ ካብ ምውታት ምትንሳእን ኣብ የማን ምቕማጥን ዚብል ቃል፡ ቃል ብቓሉ ንየሱስ ክርስቶስ ዚምልከት ድዩ? ማለት፡ ክርስቶስ ቅድሚ ህላው ስጋ ንሱ ኣምላኽ'ዶ ኣይኮነን? ካብ ቀደሙ'ውን ናይ ክብሪ ቦትኡ'ኽ ኣይኮነን?። ናይ ክብሪ ቦትኡ እምበር፡ ስለዚ ኽኣ ቅድሚ ሞቱን ትንሳኤኡን ከምዚ ብማለት ዝጸለየ።

"ሞ ኣቦይ ሕጂ ድማ በቲ ዓለም ከይተፈጥረት ኣብኻ ዝነበረኒ ክብሪ ኣብኻ ኣኽብረኒ።" (ዮሃ 17፡5)

በዚ ጽሑፍ መሰረት የሱስ ካብ መጀመርትኡ ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማያት እዩ ኔሩ ካብ በልና፡ ሕጂ ድማ ኣምላኽ ኣብ የማኑ ኣቕመጠ ዚብል ቃል ምጥቃምና ንሓድሕዱ ዚጋጮዶ ኣይኮነን? ያእ ኣይፋሉን። እዝስ፡ የሱስ ክርስቶስ ከም ሰብ ኮይኑ ምግላጹን ኣብ የማን ኣምላኽ ምቕማጡን ንሓደ ተልእኾ ምምጽኡን እቲ ተልእኾ ከም እተፈጸመን እዩ ዘረድኣና። እታ "ብ" እትብል ፊደል ሓደ

ገዛእ ርእሱ ዝኸአለ ኣካል ተሸኪማ ዘላ ዓባይ መንፈሳዊ ምስጢር ዘለዋ ፈደል እያ። ስለዚ ነዚ ሎሚ ብእምነት እንቕበሎ፣ ኣብ ህይወትና ድማ መንፈሳዊ ክውንነት ዘለዎ፣ ፍጻመ ሞትን ትንሳኤን ዕርገትን የሱስ፣ እምነትና ብምርኣይ ምስ ተፈጸመ ብጋህዲ እንኾኖ ምኳን ዚገልጽ ዕዮ እዩ።

እምበኣርከ፣ "ብ" እትብል ፈደል ፍጻመ ምእንቲ ኪህልዋ ቀዳማይ ምፍጻም ዕዮ ናይቲ "ብ" ተሰኪሙ ዘሎ ኣካል እዩ። ማለት፣ ንሕና ብክርስቶስ ኣብ ሰማያት ምእንቲ ክንቅመጥሲ መጀመርታ ምቕማጥ ናይ የሱስ ኣድለየ። ብድሕሪኡ ድማ ብእኡ ንሕና ምስኡ ምቕማጥና ይመጽእ።

ምስኡ ኣብ ሰማያት ኣቕመጠና

ንየሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ባህርይ ውሉድ ኣምላኽ መጠን፣ ቅድሚ ናብ ህላወ ስጋ (ከም ሰብ) ምምጽኡ፣ ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማያት ከምዝነበረን ኩሉ ዝረአን ዘይረአን ዝፋናት ኮነ ሕልቅነት ብእኡ ከም እተፈጥሩን እዩ መጽሓፍ ቅዱስ ዚነግረና።

"ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ፣ ዚረአን ዘይረአን፣ ዝፋናት ኮነ ጉይትነት፣ ሕልቅነት ወይ ሰልጣናት፣ ኩሉ ብእኡ ተፈጢሩ ኣሎ እሞ፣ ኩሉ ብእኡን ንዕኡን እዩ እተፈጥረ።" (ቈሎ 1፡16)

ኩሉ ብእኡ ተፈጢሩ እንተደኣ ኢልና፣ ብመሰረቱ ንሱ ልዕሊ ኹሉ ሕልቅነትን ስልጣናትን ኔሩ ማለት'ውን እዩ። ምኽንያቱ ፈጢሩ ዚብል ሓሳብ ቅድሚ ናብ ህላወ ስጋ ምምጽኡ ስለ ዚገልጽ።

ንሱ ልዕሊ ኩሉ ሕልቅነትን ስልጣናትን ጥራይ ዘይኮነስ ፈጣሪ ኩሉ'ውን እዩ እንተኢልና፣ መሊስና ከኣ ኣምላኽ ንክርስቶስ ካብ ምዉታት ብምትንሳእን ኣብ የማኑ ኣብ ሰማያት ብምቕማጥን ልዕሊ ኩሉ ሕልቅነትን ስልጣናትን ገበሮ ምባልናስ ኑቲ ኣቕዲምና ዝገለጽናዮ ሓሳብ ምፍራስናዶ ኣየስምዕን? ያእ ኣይፋልን። እዝስ እቲ ዕላማ ወይ ዕዮ ናይ የሱስ ክርስቶስ እዩ ዜመልክት። ምኽንያቱ፣ እቲ ቀንዲ ምምጻእ ጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ከም ሰብ፣ ንዓና በጃ ምእንቲ ኪኸውን እሞ፣ ንሕና ድማ ብእኡ ኑቲ ኣምላኽ ዝመደቦ መንፈሳዊ በረኸት ክንረክብ እዩ። ስለዚ ኸኣ፣ እቲ ቅደም ተኸተል እንተርኢናዮ ኑቲ ብዘይ ምእዛዝ ዝመጸ ሞት ብምእዛዙ ገይሩ ህያዋን ጌሩና። ኣብ ልዕሊ እቲ ዚመልከና ምእንቲ ክንመልኽ ከኣ ንሱ ኣብ ሰማያት ብምቕማጥ ንዓና ምስኡ ኣቕሚጡና።

"ምስኡ'ውን ኣተንሰኣና፣ ኣብቲ ዝመጽእ ዘመናት ብኢየሱኣቱ እቲ ብሉጽ ሃብቲ ጸጋኡ ብክርስቶስ የሱስ ኣባታትና ምእንቲ ኸርኢ ኣብ ሰማያት ብክርስቶስ የሱስ ምስኡ ኣቕመጠና።" (ኤፌ 2፡6-7)

እዚ ጽሑፍ እዚ ካብቲ ኣማኒ ብውልቂ ዘለም ቦታ ኣትሒዙ፣ ቀንዲ ድማ ብዛዕባ ማሕበር ኣምላኽ ዚገልጽ ሓሳብ ስለዝኾነ፣ ንሕና ኣብ ልዕሊ ኩሉ ስልጣን ምእንቲ ኪህልወና፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ሓለቓ ስልጣናት ኣየርን ብክርስቶስ ዝገበሮ ዕዮ ናይ ስልጣን ቦታ (ክፍሊ) ኣሎና። እዚ ኸኣ ብእምነት እንተተቐቢልናዮ ኣባና መንፈሳዊ ክውንነት ዝኾነ ሓቀኛ ፍጻመ እዩ።

ካልኣይ ክፋል

ንዝተጸዋዕካሉ ጽውዓ ብቕዕ ኳንካ ምምልካስ

"ብቕዕ ኳንካ" ማለት - ከምቲ እተጸዋዕኩምሉ ከምኡ ኳንኩም ተመላለሱ ወይ ቦታኹም ንሱ ኽኣ ናይ ውልድነት መዓርግኩም ሓልዉ ማለት እዩ።

መእተዊ

ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ናይ መልእኽቲ ኤፌሶን እንተርኢና ከምዚ ዚስዕብ ንዕዘብ። ቀዳማይን ካልኣይን ምዕራፍ እቲ ንሰብ ብክርስቶስ የሱስ ዝተገብረሉ መንፈሳዊ በረኽት ይነግር። ኪጅምር ከሎ ንኣብነት፡ እቲ *"ብመንፈሳዊ በረኽት ዘበለ ብክርስቶስ ገይሩ ... ዝባርኸና"* ይብል። ኣብ ሳልሳይ ምዕራፍ'ውን ኣምላኽ እቲ ንዘመናት ተሰዊሩ ዝነበረ ምስጢር ንኻልኦት ወለዶ ደቂ ኣዳም፡ ማለት ነቶም ቅድሚ ምምጻእ ክርስቶስ ዝነበሩ ፈጺሙ ዘይተገልጸሎም ምስጢር ብፍላይ ከኣ፡ ኣህዛብ ብክርስቶስ መማኽልቲ ተሰፋ ኣምላኽ ምኳኖም ከምዝተገልጸሉ እዩ ዜብርህ። (ኤፌ 3፡1-6 ኣንብብ)

ራብዓይ ምዕራፍ ኪጅምር ከሎ ግና ከምዚ ይብል፡- *"ደጊም ኣነ እሱር ብሳይታ፡ ነታ እተጸዋዕኩምላ ጽውዓ ብቑዓት ኬንኩም ክትመላለሱ፡ እምዕደኩም ኣለኹ።" (ኤፌ 4፡1)* ነቲ ዝተጸዋዕኩምሉ ጽውዓ ዚብል ሓሳብ፡ ነቲ ብክርስቶስ ዝኾናዮ ምኳን፡ ነቲ ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽ ዚገልጽ ሓሳብ እዩ። ማለት፡ ብክርስቶስ የሱስ ውሉድ ምኳንና፡ ብክርስቶስ ተስፋ ኣምላኽ ከምዘሎና፡ ብክርስቶስ ኪዳን ኣምላኽ ዘሎና ምኳንና፡ ብክርስቶስ "እስራኤል" (ህዝቢ ኣምላኽ) ምኳናን ብክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ስልጣን ዘሎና ምኳንናን ዚብል ሓሳብ እዩ ዚገልጽ። እዚ ኹሉ ብክርስቶስ ዝኾናዮ ምኳን እዩ። ነዚ ዝኾናዮ ምኳን ብእምነት ብምቕባል ኣብ ህይወትና ድማ መንፈሳዊ ክውንነት ብምልባስ ነቲ ክንመላለሰሉ ዝግበኣና ህይወት፡ ማለት ነቲ ዝተጸዋናሉ ጽውዓ ብቑዓት ኬንና ክንመላለስ ንኽእል። ስለዚ ኹሉ ኣቐዲሙ ጳውሎስ ቅድሚ ከምዚ ኬንኩም ተመላለሱ ምባሉ በቲ ብክርስቶስ ዝኾናዮ ምኳን ዚጅምር ዘሎ። ምኽንያቱ መንፈሳውነት ክትኮኖ ስለዝደለኻ እትኾኖ ምኳን ዘይኮነስ ከምኡ ስለ ዝኾንካ እትኾኖ ምኳን እዩ።

ምዕራፍ 6
ኣካይዳና ኣብ ማሕበር ኣምላኽ

ማሕበር ኣምላኽ ክንብል ከለና ብኽልተ ሓሳብ ኪግለጽ ዚኽኣል እዩ። ንሱ ድማ፡ ቀዳማይ ነታ ዓለም-ለኻዊት ማሕበር (ቤተክርስትያን) ኪገልጽ ከሎ፡ ካልኣይ ድማ ነታ ዘባዊት ማሕበር (ቤተክርስትያን) ዚገልጽ ሓሳብ እዩ። "ማሕበር" ዚብል ቃል ሕብረት፡ ሓድነት ዝብል ሓሳብ ዚገልጽ እዩ። ንሕና ብሲጋ ክርስቶስ ሓደ ዝኾንና፡ ግና ከኣ ንመንፈሳዊ ሕብረት ዝተጸዋዕና ስለዝኾንና፡ ነዚ ሕብረት እዚ ክንሕልዎ ክንጋደል ይግበኣና። ነዚ እዩ እቲ ጽሑፍ ክምዚ ዚብል፡-

"ብትሕትና ዘበለን ብለውሃትን ብሀድኣትን ንሓድሕድኩም ብፍቕሪ ኣናተጸዋወርኩም፡ ነቲ ሕብረት መንፈስ ብማእሰር ሰላም ጌርኩም ክትሕልውዎ ተጋደሉ።" (ኤፌ 4፡2-3)

ኣብዚ ጽሑፍ እቲ ቀንዲ ክንርድኦ ዘሎና ሓሳብ እዚ እዩ። ንሱ ድማ ሕብረት ክትገብርን (ክተምጽእን) ንሕብረት ክትሕልዎን ዚብል ሓሳብ ፍልልይ ክምዘለዎ እዩ። ሕብረት ምግባር ባዕልኻ ንእትገብሮ ተግባር ዚገልጽ ሓሳብ እዩ። ክትሕልዎ ዚብል ሓሳብ ግን ነቲ ዘሎ ክትሕልዎ ማለት እዩ። ንኣብነት ሓንቲ ዓዲ ነጻ ድሕሪ ምውጻኣ እትገብሮ ምክልኻል ነጻነት ንምምጻእ ዘይኮነስ ነጻነታ ንምዕቃብ ወይ ንምሕላው እዩ። ስለዚ ድማ ጳውሎስ ኣብዚ ጽሑፍ ነቲ መንፈሳዊ ሕብረት (ሓድነት) ክትሕልውዎ ኪብሎም ከሎ፡ እቲ ሓደ ምኽን፡ ብክርስቶስ ከም ዝተፈጸመ ዚገልጽ ሓሳብ እዩ። ምሕላዉ ግና ናትና ግደ እዩ። ውርድ ኢልና እንተርኢና ሓደ ዝገበሩና ሓሳብ ይገልጽ።

"ካምቲ ብሓንቲ ተሰፋ ጸውዓኹም እተጸዋዕኩም ድማ፡ ሓደ ሲጋን ሓደ መንፈስን እዩ። ሓደ ጎይታ፡ ሓንቲ እምነት፡ ሓንቲ ጥምቀት፡ እቲ ልዕሊ ኩሉን ብኹሉን ዘሎ ሓደ ኣምላኽን ኣቦን ኩሉ ንሱ ሓደ እዩ።" (ኤፌ 4፡4-6)

ሸብዓተ ዓበይቲ ኣዕኑድ ሓድነት

ሓንቲ ተስፋ

ከም ማሕበር (ቤተ-ክርስትያን) ብሓንቲ ተስፋ ዝተጸዋዕና ስባት ስለዝኾና፡ እዛ ተስፋ እዚኣ ንባዕላ ዝተዋህበትና ናይ ሓድነትና ምስጢር እያ። ስለዚ ሓንቲ ተስፋ ስለዘላትና ብዙሓት ክነስና ናይ ተስፋ ሓድነት ብክርስቶስ ዝረኸብና ስለ ዝኾንና ነዚ ሓድነት ክንሕልዎ እዩ ናትና ሓላፍነት እዚ ሓድነት ግና ብክርስቶስ ዝኾነልና እዩ።

ሓደ ስጋ

ሓደ ስጋ ዚብል ሓሳብ፡ እቲ ቐንዲ ገላጺ ናይ ማሕበር ኣምላኽ ሓድነት እዩ። እዚ ድማ እታ ስጋኡ፡ ንሳ ድማ ማሕበር ኣምላኽ እያ ተባሂሉ ተጻሒፉ ስለዘሎ፡- *"ንሱ ናቲ ሰጋኡ ድማ ርእሲ እዩ፡ ማለት ንማሕበር፡ ...።" (ቈሎ 1፡18)* እዚ ፍጻመ፡ ነቲ ብሞትን ትንሳኤን የሱስ ዝተፈጸመ ፍጻመ እዩ ዘመልክት። እዚ ኽኣ ባዕልና ዘይኮነስ ንሕና ብዙሓት ክነስና ብስጋ ክርስቶስ ግና ሓደ ምእንቲ ክንከውን ብሓደ ስጋ ምስ ኣምላኽ ብክርስቶስ ዝተዓረቕና። እዚ ሓድነት እዚ ብሓደ ስጋ ስለ ዚብል ሓድነትና መሰረቱ ኣብዚ ሓደ ስጋ ዚብል ሓሳብ እዩ። *"ብመስቀሉ'ውን ነቲ ጽልኢ ብእኡ ቕቲሉ ንኽልቲኣም ብሓደ ሰጋ ምስ ኣምላኽ ኣተዓረቐም...።" (ኤፌ 2፡16)*

"ከምቲ ሰጋ ሓደ ኽነሱስ፡ ብዙሕ ኣካላት ዘለዎ፡ ብዘሎ እቲ ኣካላት ሰጋ ኽኣ፡ ብዙሕ ክነሱስ፡ ሓደ ሰጋ ዝኾነ ክርስቶስ ከኣ ከምኡ እዩ።" (1ቆሪ 12፡12)

ሓደ መንፈስ

"... ንስኻትኩም'ውን ብእኡ ቃል ሓቂ፡ ናይ ምድሓንኩም ወንጌል ምስ ሰማዕኩም ብእኡ'ውን ምስ ኣመንኩም ብናይ ተስፋ መንፈስ ቅዱስ ተሓተምኩም።" (ኤፌ 1፡13)

እዚ ንስኻትኩም ዚብል ንብዙሓት ግናኽ ናይ መንፈስ ሓድነት ዘለዎም ዚገልጽ ሓሳብ እዩ። ስለዚ ንሕና ብዙሓት ክነስና ሓደ መንፈስ ዝተቐበልና ኢና። እዚ ኽኣ ብክርስቶስ ምስ ኣመንና ኣብ ህይወትና ዚኽውን ነገር እዩ። ኣብዚ ጽሑፍ እንተርኤና፡ "ብእኡ ምስ ኣመንኩም ብናይ ተስፋ መንፈስ ቅዱስ ተሓተምኩም" ዚብል ዘሎ። ደጊም መሰረቱ ኣብቲ ብክርስቶስ ዝኾነልና ነገር ካብ ኽነ፡ እሞ ኽኣ ንሱ መግለጺ ሓድነትና ካብ ኮነ፡ ሓደ ምኽንናሲ ባዕልና ግፈቶሮ ነገር ኣይኮነን ማለት እዩ። ናትና ግደ ነቲ ሕብረት ምሕላው እዩ።

ሓደ ጎይታ

ሓደ ጎይታ ዚብል ቃል ንምምሕዳር ወይ ከኣ ንጥርናፈ ዘመልክት ሓሳብ እዩ። ንምሳሌ ሓንቲ ሃገር ተባሂሉ፡ ክልተ ማዕረ ጽፍሒ ዘለዎም መራሕቲ ኪህልዉዋ ኣይክኣልን እዩ። ብሓደ ዓይነት ጽፍሒ ዘለዎም ክልተ ወይ ሰለስተ መራሕቲ እትምራሕ እንተኮይና ሓንቲ ሃገር ኣይኮነትን። ንሕና ኽኣ ሓደ ጎይታ እዩ ዘሎና። እዚ ድማ እቲ ዝዓበየ መሰረት ሓድነትና እዩ።

ሓንቲ እምነት

እምነት ዚብል ቃል ብብዙሕ መገዲ ክንርእዮ ዚከኣል እዩ። ግናኽ፡ ኩላትና እንኣምና እምነት ግና ኣላትናን። ንሳ ኽኣ እታ ናይ ምድሓን እምነትና እያ። በዚኣ ኽኣ ኢና ናብታ ናይ ሕብረት እምነት እንጽንበር። ኩላትና ነናትና እምነት ኣሚንና ኣይኮናን ማሕበር ተባሂልና ተጸዊዕና ዘሎና። ነቲ ምእንታና ዝሞተን ዝተንሰኤን የሱስ ብምእማና እምበር። ስለዚ ናይ እምነት ሓድነት ኣሎና።

ሓንቲ ጥምቀት

እዛ ጥምቀት እዚኣ መግለጺት ናይ እምነትና እያ። ምኽንያቱ ነቲ ዝኣመንናሉን ብተግባር እንሓብሮን ምሕባር እያ እተመልክት። ማለት ናብ ብክርስቶስ እተፈጸመ ፍጻመ ሞትን ትንሳኤን ንሕና ኽኣ ብጥምቀት ናብ ሞቱን ትንሳኤኡን ንሓብር። ስለዚ ነቲ ብሓደ ዝተፈጸመ ፍጻመ ኩላትና እንሓብሮ ካብ ኮንና፡ ኩላትና ናብ ሓድነት ኢና ንጥመቕ ዘሎና።

"ወይስ ብክርስቶስ የሱስ እተጠመቕና ዘበልና ኩላትና ብሞቱ ከም እተጠመቕናዶ ኣይትፈልጡን ኢ ኹም።" (ሮሜ 6፡3) "እተጠመቕና ዘበልና ኩላትና" ዚብል ቃል ንብዙሕነት ዘመልክት ኮይኑ "ብሞቱ" ዚብል ቃል ግና ናብ ሓደ ምሕባርናን ንሓድነትናን ዚገልጽ ሓሳብ እዩ።

ሓደ ኣቦ

ሓደ ኣቦ እንተደኣ ኢልና ብዛዕባ ውሉድ ክንዛረብ ከለና ድማ፡ ብዙሓት ዚብል ቃል ኣይንጥቀምን ኢና። ምኽንያቱ ሓደ ኣቦ እንተኢልና ሓደ ስድራ፡ ኣሕዋት ወይ ሓደ ገዛ ዚብል ቃላት ኢና እንጥቀም። ስለዚ ንሕና ኩላትና ብዙሓት ኣቦታት ኣይኮንን ዘለዉና። ሓደ መንፈሳዊ ኣቦ እንተደኣ

ሃልዩና ሓደ ስድራ ኢና።
"እቲ ልዕሊ ኽሉን ብኽሉን ኣብ ኩሉን ዘሎ ሓደ ኣምላኽን ኣቦ ኽሉን ንሱ እዩ።" (ኤፌ 4-6)

እምበኣር ናትና ሓድነት በዚ ፆብዓተ ዓበይቲ ናይ ሓድነት ኣዕኑድ ዝቕመ ሓድነት'ዩ ዘሎና። እዚ ድማ ከምቲ ኣቕዲምና ዝረኣናዮ ብክርስቶስ ዝኾነልና እዩ። ነዚ ሕብረት እዚ ኽኣ ንሕና ክንሕልዎ ይግበኣና። ነዚ ሓድነት ንምሕላዉ ግና ከመይ ዓይነት ህይወት ኪህልወና ኣለዎ። ማለት ኣብ ማሕበር ኣምላኽ ኣካይዳና ከመይ ኪኸውን ኣለዎ?

ንሓድሕድና ብፍቅሪ ምጽውዋር

"ብትሕትና ዘበለን ብለውሃትን ብህድኣትን ንሓድሕድኩም ብፍቅሪ እናተጸወርኩም፥ ኑቲ ሕብረት መንፈስ ብማእሰር ሰላም ጌርኩም ክትሕልውዎ ተጋዳሉ።" (ኤፌ 4፡2)

እዛ ፍቕሪ እዚኣ ኣብ ሕብረት ኣገዳሲት ዝኾነት ፍቕሪ እያ። ሕብረት ማለት ንሓድነት ናይ ብዙሓት ዚገልጽ ቃል እዩ። ስለዚ ኣብ ሕብረት ብፍላይ ኣብ ማሕበር ኣምላኽ ካብታ ዘለኻያ ናይ ኣገልግሎት ሕብረት ጀሚሩ ክሳዕ ምስ ምሉእ እቲ ማሕበር ዘለካ ሕብረት ዚገልጽ እዩ። ንኣብነት ንስኻ ኣብ መዘምራን ክትህሉ ትኽእል ወይ'ውን ኣብ ጉጁለ ጸሎት። ኣብዚ ሕብረት እዚ ብባህርይ መጺእካ ብዘሕ ባህርይ ዘለዎም ሰባት ኢዮም ዘለዉ። ገሊኦም ኮረይቲ ኪኾኑ ይኽእሉ፡ ገሊኦም'ውን ዕጉሳት። ብዝኾነ ግና ኣብ ሕብረት ብዙሕ ዝዓይነቱ ባህርይ ኣሎ። ከምቲ ኣቕዲምና ዝረኤናዮ ግን ነዚ ሕብረት እዚ ባዕልና ዘምጸእናዮ ኣይኮነን። ማለት ሓደ ማሕበር ናይ ዓዲ ወይ ድማ ናይ ሓንቲ ጋንታ ሕብረት ንተኣኻኽብ ኢልካ ኪምስረት ይከኣል እዩ። ዘየኽደካ ምስ ዚኽውን ድማ ፋሕ ተብሎ። እዚ ቃል ኣምላኽ ዚብሎ ዘሎ ናይ ሕብረት መንፈስ ግና ባዕልና ዘምጸእናዮ ዘይኮነ ብክርስቶስ የሱስ ዝኾነልና ምኽን እዩ። ነዚ ክንሕልዎ ቃል ኣምላኽ ይእዝዘና። ማለት እዛ ብክርስቶስ ዝተዋህበትና፡ ብእኡ ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም እተወደኣት ሕብረት፡ ኣብ ሞንጎ ብዙሕ ዓይነት ባህርይ ዘለዎም ሰባት ኪይና ክትሕሉ እንተኼይና፡ እዛ ምጽውዋር ዘድልያ ዓይነት ፍቕሪ እያ እተድልየና። ስለዚ ድማ እዩ "ንሓድሕድኩም ብፍቕሪ እናተጸዋወርኩም" ዚብል ዘሎ። ከምዚ ኣብዚ ጽሑፍ ጠቂሰዎ ዘሎ ግና ንምጽውዋር ዘድልየና ከኣማዕብሎ ዘሎና ባህርይን ኣሎ።

ትሕትና

ትሕትና ኪበሃል ከሎ ምትሓት ካብ ዚብል ቃል ዝተወሰደ ኮይኑ፡ ካብቲ ንስኻ ዘለኻዮ ወይ ዝኾንካዮ ትሕት ምባል ማለት'ውን እዩ። ግናኸ፡ እዛ ትሕትና ብቕሊል እትመጽእ ኣይኮነትን፡ ኣዝያ ክብድ ዝበለት እያ። ብፍላይ እኳ ብተግባር ኪረአ ኸሎ። እትጥምቶን እትርእዮን ነገር እንተሃሊዩካ ግና ትሕት ክትብል ከቢድ እይኮነን። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ምስ እንርኢ እቲ ዝዓበየ ናይ ትሕትና ኣርኣያ ጎይታ የሱስ ክርስቶስ እዩ። ጎይታ የሱስ ኣብቲ ከም ሰብ ኮይኑ፡ ዚዓየሉን ዘገልግለሉን ዝነበረ ብትሕትና'ውን ኣርኣያ ኮይኑና እዩ። ብፍላይ እታ ዝዓበየት ናይ ትሕትና ተግባር እንብላ ኣእጋር ደቀ መዛሙርቱ ምሕጻቡ እያ። ንሕና ኣእጋር ከምዝሓጸበ ጥራይ ኢና እንምህረላ። እቲ ጽሑፍ ግን የሱስ ከም ሰብ ነዛ ተግባር ኺፍጽማ ከሎ ነዚ ነገር እዚ ዝደረኾ ነገር ኣሎ። ስለዚ ድማ እቲ ጽሑፍ ከምዚ ይብል፡-

"የሱስ ከኣ ኣቦኡ ኹሉ ኣብ ኢዱ ከምዝሃቦ፡ ካብ ኣምላኽ ድማ ከምዝመጸ ናብ ኣምላኽ'ውን ከምዚ ኼይዱ ፈሊጡ፡ ካብ ድራር ተንሲኡ ክዳውንቱ ኣንበረ። ዓለባ ኣልዒሉ'ውን ተዓጥቀ፡ ደሓር ማይ ኣብ ገበራ ኣዕረቐ ኣእጋር ደቀ መዛምርቱ ኪሓጽብን በቲ እተዓጥቆ ዓለባ ገይሩ ኪደርዝን ጀመረ።" (ዮሃ 13፡3-5)

እዚ ኣቀማምጣ ናይቲ ጽሑፍ ንባዕሉ መልእኽቲ ኣለዎ። ከመይሲ፡ ኣብዛ ምዕራፍ እቲ ቀንዲ ዮሃንስ ኪዛረበሉ ደልዩ ዘሎ ጉዳይ፡ የሱስ ክርስቶስ ኣእጋር ደቀ መዛሙርቱ ከምዝሓጸበ እያ እትገልጽ። እቲ ጽሓፊ ትኽ ኢሉ ናብኡ ኪኣቱ ምተገበኦ ኔሩ። ስለምንታይ ግና ፈለማ "ኣምላኽ ንኹሉ ኣብ ኢዱ ከምዝሃቦ፡ ካብ ኣምላኽ ከምዝመጸ፡ ናብ ኣምላኽውን ከምዚኽይድ ፈሊጡ" ዚብል ዘሎ? እንተበልና፡ የሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ጊዜ'ቲ ከም ሰብ ኮይኑ ዚገብሮ ዘሎ ዕዮ ስለዝኾነ፡ ልክዕ ከምቲ ሰብ መግቢ ምስ ዘይበልዕ ዚጠምይ የሱስ'ውን ዝጠመየ፡ ከም ሰብ ድማ ክብረትካ ገዲፍካ ትሕት ምባል'ውን ከምቲ ንሰብ ኣዝያ እትኽብዶ ንየሱስ'ውን ከም ሰብ ክባድ እያ። ግናኸ፡ እትርእዮም ነገራት ንእትገብሮም ነገራት ዓቢ ጽልዋ ስለዘለዎም፡ የሱስ'ውን ከም ሰብ ኣማዕዲዩ ዚረኣዮ ዝነበረ ምኻድ ናብቲ ናይ ክብሪ ቦታ፡ ነዚ ሕጂ ዚገብሮ ዝነበረ (ኣእጋር ደቀ መዛምርቱ ምሕጻብ) ቀሊል ጌሩዎ።

ሎሚ'ውን ንሕና ትሕት ክንብል ከም ሰብ እኳ እንተኽበደና እቲ ብእምነት ኣማዕዲና እንርእዮ ተስፋ ጽውዓና ንሱ ትሕት ክንብል ሓይሊ ይኾነና እዩ። ምኽንያቱ ትሕትና ካብቲ ናትካ ነገር'ውን ውርድ ምባል ስለዝኾነ ከም ሰብ ከቢድ እዩ። የሱስ ክርስቶስ "ጎይታን መምህርን ኢዩ ትብሉኒ" ብርግጽ ድማ "ከምኡ እየ"። ግናኸ፡ ከምዚ ኣነ ኣእጋርኩም ዝሓጽበኩም ንሓድሕድኩም ከምኡ ግበሩ ኢሉ ትሕት ምባል ካብቲ ናትካ ነገር ውርድ ምባል ምኽኑ ዚገልጽ ዘሎ። ልክዕ ድማ ሎሚ ንኣሕዋትና ክንጸወር እንተኼንና መጻኢ

ተስፋናን ብምጥማት፡ ዘሎና ክብሪ ብምፍላጥ፡ እዚ ዓይነት ትሕትና ኪህልወና ይግባእ እዩ። ካልእ'ውን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣርኣያ ጸዋር ምኳንን ብትሕትና ዚፍለጥን ይሳኮር እዩ። ይሳኮር በዚ እዩ ተመስኪሩሉ ዘሎ።

"ይሳኮር ሓያል ኣድጊ ኢዩ። ኣብ መንጎ ደምበታት ማል ይድቅስ። እታ መዕረፊት ጽብቕቲ፡ እታ ምድሪ ድማ ልምዕቲ ከምዝኾነት ረኣየ። እሞ መንኩቡ ንምሰነም ኣትሓተ ጸዓራይ ግዙእ ድማ ኮነ።" (ዘፍ 49፡14-15)

ይሳኮር፡ ካብቲ ኣዝዩ ዚገርም ባህርያቱ ንምላክም መንኩቡ ዝተሓተ ሰብ ምንባሩ እዩ። ስርዓት ናይቲ ጽሑፍ እንተርኢና ግና ነዚ ንኺገብር ዝደረኾ ነገር ከምዘሎ ኢና ንርዳእ። ንሱ ድማ "እታ መዕረፊት ጽብቕቲ፡ እታ ምድሪ ድማ ልምዕቲ ከምዝኾነት ረኣየ እሞ" እዩ ዝብል። ከምኡ ድማ ንሕና ኣቐዲምና ነቲ ብክርስቶስ ዘሎና ቦታ ምእንቲ ክንፈልጥ፡ እሞ ንዕኡ ብምፍላጥ ድማ ደስ ዘብል ህይወት ሒዝና ምእንቲ ክንመላለስ፡ ብክርስቶስ ዘለና መንነት ዝረኣና። እዚ ኽኣ ብክርስቶስ ዝተፈጸመ መንፈሳዊ ሓቂ እዩ። ንሱ ናትና መንነት እዩ። ስለዚ እትርእዮን እትጥምቶን ነቲ እትገብሮ ወሳኒ እንተኾይኑ፡ ንሕና'ውን ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ኣብ የማን ኣምላኽ ብክርስቶስ ዝተቐመጥና ሰባት ስለዝኾንና፡ ብትሕትና ንሓድሕድና ብፍቕሪ ክንነብርን ነቲ ሕብረት መንፈስ ድማ ብማእሰር ሰላም ጌርና ክንሕልዎን ኣይከብደናን እዩ።

ለውሃት

ለውሃት ኣብ ሕብረት ኣገዳስነት ኣለዎ። ዘይትለዋዋህ እንተኴንካ ምጭኽኻን ኣሎ። ኣብ ሕብረት መንፈስ፡ ማለት ኣብ መንፈሳዊ ስድራቤት ግና፡ ቀንዲ ብፍቕርን ብምጽውዋርን ነቲ ሕብረት መንፈስ ክንሕልዎ ዚግበኣና ምኽንያት፡ ኣብ ሓድሕድና ብዚህሉ ምልውዋህ እዩ። ኣብ ስድራቤት ማለት ካብ ኣብኡን ኣዲኡን ዝተወልደ ሓውን ሓብትን ዘይለዋዋህ ሰብ ዳርጋ ውሑድ እዩ። እቲ ሕውነት ምህላዉ ግና ንባዕሉ ከም ኣሕዋት ክትለዋዋህ ይገብረካ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ መጀመርታ ነዚ ባህርይ ንምምዕባል ቤቲ መንነት፡ ንሱ ኽኣ ብክርስቶስ የሱስ ዝኾነልና "ምኳን" ዚጅመር። ማለት፡ ንሕና ብክርስቶስ ዝኾነልና ምኳን፡ መንፈሳዊ ስድራ ዘሎና ሓደ ኣቦ'ውን ዘሎና ሰባት ስለዝኾንና፡ ነዚ መንፈሳዊ ስድራ ሓድነቱ ንምሕላው ክንብል ንሓድሕድና ተለዋዋህቲ ክንከውን ይግበኣና እዩ።

"... ደረጃ ደቂ ዓዶም ንቕዱሳንን ሰድራቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር ኣጋይሽን መጻእተኛታትን ኣይኮንኩምን።" (ኤፌ 2፡19-20)

ዝኾነ ሰብ ሓድነት ስድርኡ ኪትንከፍ ወይ ድማ ወረ ስድርኡ ኪኽፍእ ባህ ዚብሎ የለን። ከምኡ ድማ፡ ንሕና ብመንፈሳዊ ኣዘራርባ መንፈሳዊ ስድራቤት

ኢና። እዚ ኽኣ ብክርስቶስ ዝኾነልና መንፈሳዊ ሓቂ እዩ። ስለቲ ሓድነት ስድራቤት ክንብል ብለውሃት ንሓድሕድና ንጸዋወርን ከምኡ ድማ ስለቲ መንፈሳዊ ስድራቤት ክንብል ንሓድሕድና ተለዋዋህቲ ብምኳን ነቲ ሕብረት መንፈስ ብማእሰር ሰላም ክንሕልዎ ኣሎና።

ህድኣት

ህድኣት ዚብል ቃል ምስ ነገራት ምግንዛብ፡ ብትዕግስቲ ምርእኣይ ዝኣመሰለ ይመሳሰል እዩ። እዚ ኽኣ ብፍላይ ኣብ ሕብረት ማለት፡ እዚ ሕጂ ንዛረበሉ ዘሎና መንፈሳዊ ስድራቤት ኣድላዪ ባህርይ እዩ። ኣብ ሕብረት ብዙሕ ዝዓይነቱ ባህርያት ስለዘሎ፡ ነቲ በበይኑ ዓይነት ባህርያት ብምጻር ነቲ ሕብረት መንፈስ ክንሕልዎ ኽንክእል እንተኴንና ህድኣት ኪህልወና ኣለዎ። ኣብ ሕብረት ዘይምርድዳእ፡ ምግጫው ኪረኤ ዚከኣል እዩ። ግናኸ፡ ንነገራት ብህድኣት እንርእዮ እንተኴንና ነተሃዳድኦ ሰባት ኴና ኢና ንርከብ። ህድኣት ማለት ነገራት ናይ ምግንዛብ ኣኻእሎ እዩ እንተኢልና፡ ንዝሰማዕናዮ ቀልጢፍና ብታህዋኽ ውሳነ ካብ ምሃብን ምስቶም ዝተፈጥሩ ነገራት ካብ ምጉዓዝ ንጥንቀቕ ኢና። ነገራት ብህድኣት ዚዋምት ሰብ ንነገራት ኣብ ምፍታሕ ዜድህብ ሰብ እዩ። እዚ፡ ንኹሉ ብዘይ ታህዋኽ ብመጽናዕቲ ስለዚገብሮ እዩ። ስለዚ፡ ህድኣት ኣብ ሕብረት ኣገዳሲት ባህርይ እያ።

ምዕራፍ 7
ከም ደቂ ብርሃን ኴንኩም ተመላለሱ

መንነት የሱስን ኣገልግሎቱን

ብመሰረቱ እዚ ብርሃን ዚብል ቃል መጀመርታ ኣብ የሱስ እንረኽቦ ሓሳብ እዩ። ማለት ንሱ እዩ ብርሃን ዓለም ተባሂሉ። እዚ ማለት ድማ ክርስቶስ ቅድሚ ምምጽኡ፡ ከም ሰብ ናብ ምድሪ፡ ዓለም ብምልእታ ጸልማት ምንባራ ዚገልጽ ሓሳብ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ እቲ ጽሑፍ ከምዚ ዚብል *"ጓሂ ንነፍሲ መክፍ ሰብ ዘብርህ ብርሃን ሓቂ ናብ ዓለም ይመጽእ ነበረ።" (ዮሃ 1፡8)*

እዚ ብርሃን እዚ ንዓለም ምስቲ ዘይረአ ኣምላኽ ዘላሊ፡ ማለት ንኣምላኽ ዘማህድን ንጸልማት ብምእላይ ንሰባት ብርሃን ብምሃብ ምስ ኣምላኽ ሕብረት ከምዚፈጥሩ ዚገብርን፡ ህይወት ዚህብ ብርሃንን እዩ።

"ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረኣዮ የልቦን፡ እቲ ኣብ ሕቑፊ ኣቦኡ ዘሎ ሓደ ወዲ ንሱ ኣማሃዶ።" (ዮሃ 1፡18)

"'ህይወት ኣብኡ ነበረት እታ ህይወት ከኣ ብርሃን ሰብ ነበረት...።" (ዮሃ 1፡4)

ንኣብነት፡ ኣገልግሎት ዮሃንስ እንተርኢናዮ፡ ብዛዕባ እቲ ናብ ዓለም ዚመጽእ፡ ጸልማት ዘርሕቕ፡ ማለት ንሰባት ህይወት ዚህብ ብርሃን ንሱ ድማ ክርስቶስ ይሰብኽ ነይሩ፡ እምበር፡ ንሱ ባዕሉ ከኣ ብርሃን ኣይነበረን።

"ዮሃንስ ዝስሙ ሰብኣይ ካብ ኣምላኽ ተልኢሹ ተንስኤ። ኩሎም ብእኡ ናብ

እምነት ምእንቲ ኪበጽሑ፡ ብዛዕባ ብርሃን ኪምሰክር ንሱ ንምስክር መጸ፡ ብዛዕባ ብርሃን ደኣ ኽምስክር መጸ እምበር ንሱስ ብርሃን ኣይነበረን።" (ዮሃ 1:6-8)

ስለዚ፡ እዚ ብርሃን ሓቂ እዚ ክርስቶስ እዩ። ክርስቶስ ድማ ብርሃን ምኳኑ፡ ኣብ ዓለም ብርሃኑ ዚገልጸሉ ዝነበረ መገድታት ንኣምላኽ ምግሃድን ንሰባት ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ምምሃርን እዩ። ምኽንያቱ ንሱ ብርሃን ኮይኑ ብርሃኑ ደኣ ኪገልጽ ንርእዮ እምበር፡ ምስ ጸልማት ብምትሕብባር ጸልማት ኮይኑ ኪኸይድ ኣይንርእዮን። ብርሃን ኣብ ጸልማት የብርህ እምበር ብርሃን ኣብ ጸልማት፡ ጸልማት ኮይኑ ኣይከይድን፡ ሕጊ ዘፍቅዶ ሓቂ'ውን እዩ። *"ብርሃን ኣብ ጸልማት የብርህ ጸልማት'ውን ኣይሓዞን" (ዮሃ 1:5)*

የሱስ ከም ሰብ፡ እዚ ዕዮ እዚ ዓዩ ምስ ወድኡ፡ ነዚ ዕዮ ንዓና ማለት ነዞም ብስሙ እንኣምን እዩ ሓዲጉልና ከይዱ። እዚ፡ ባዕልና ብርሃን ክንከውን ዘይኮነስ፡ ብእኡ ብርሃን ብምኳን ንዓለም ብርሃን ክንከውን እዩ ዜመልክተና። እቲ ትንቢታዊ ቃል ኣምላኽ ብኢሳይያስ ዝተገልጸ ምእንቲ ኪፍጸም እዩ። *"ብርሃንኪ መጺኡ ክብሪ እግዚኣብሄር ኸኣ መጺኡልኪ እዩ እም ተንስኢ ብርሂ።" (ኢሳ 60:1)*

እዚ ቃል እዚ እንተርኢናዮ፡ ንሳ ቡቲ ብርሃን፡ ብርሃን ምኳና ዚገልጽ ሓሳብ እዩ ዘለዎ እምበር መብራህቲ ሒዛ ከተብርህ ምኳና ዚገልጽ ሓሳብ ኣይኮነን። ካብዚ እተላዕለ እዩ፡ ብርሂ ዚብል ሓሳብ ተጠቂሙ ዘሎ።

ብሳይታ ብርሃን ኢና

ንሕና ኣብ ዓለም፡ ልክዕ ከምቲ ኣገልግሎት ናይ ዮሃንስ ብዛዕባ ብርሃን ክንምስክር ዘይኮነ፡ ኣገልግሎትናስ ምስቲ ብየሱስ ዝረኽብናዮ መንነትና ምትሕሓዝ ዘለዎ እዩ። ንዮሃንስ ብዛዕባ የሱስ፡ ማለት ብዛዕባ እቲ ብርሃን ኪምስክር እዩ መጺኡ እምበር ንሱ ብርሃን ኣይነበረን ኪብል ጸኒሑ ብዛዕባና ኪዛረብ ከሎ ግና ብሳይታ ብርሃን ምኳንና እዩ ዚዛረብ። እዚ ከኣ ብድሕሪ ትንሳኤ ዝኾንናዮ ናይ መንነት ለውጥን ዝኾነልና ኣግልግሎትን እዩ ዘመልክት። እዚ ጽሑፍ እዚ ፈጺምና ክንልውጦ ዘይንኽእል ሓቂ እዩ። ብክርስቶስ ስለ ዚብለና ብመን ከም ዝኾንና ደኣ ክንዝንግፆ የብልናን እምበር፡ ነቲ ቡቲ ዝኾነልና ምኳን ዝረኽብናዮ መንነትን ዕዮ መንነትንሲ ንምቕባሉ ክንጠራጠር ወይስ ከነመሓይሾ ክንፍትን ኣይግባእናን። እቲ ጽሑፍ ከምዚ ይብል፡- *"... ብሳይታ ግና ሕጂ ብርሃን ኢ ኹም...።" (ኤፌ 5:8-10)*

ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ጽሑፍ ኪጽሕፍ ከሎ፡ ነዚ ዕዮ ምስ ናይ መንነት ለውጢ ብምትሕሓዝ እዩ ዚዛረቦሉ ዘሎ። ምኽንያቱ፡ ካብቲ ጽሑፍ ከይወጻእና እንተርኢናዮ፡ ቅድም ዝነበረ መንነትና ብምግላጽ እዩ ዚጅምር። *"ቕደም*

ጸልማት ኣርኩም ኢ ኹም እም... ብሳይታ ግና ሕጂ ብርሃን ኢ ኹም።" (ኤፌ 5:8-10)

እዚ መንነትን ዕዮ መንነትን ብሳይታ ዝተወድአ ዕዮ እዩ። ንሕና ክንውስኽሉን ከነጉድለሉን እንኽእል ነገር የልቦን። ምፍላጥና ግና ኣገዳስነት ኣለዎ።

እዚ ጽሑፍ እዚ፡ ብዛዕባ ምስ ዘይኣመንቲ ኪህልወና ዘለዎ ሕብረት ኪገልጽ ከሎ፡ ብዛዕባ ኣካይዳና ዝተጻሕፈ ጽሑፍ እዩ። ከምቲ የሱስ ነቲ ዘይረአ ኣምላኽ ዘማሃዶ፡ ብጽቡቕ ስነ ምግባርን ኣካይዳን ከምኡ'ውን ነቲ ቃል ብምምሃር ንሰባት ናብ ህይወት ዘምጽኦምን ምስ ኣምላኽ ዘተዓርቐምን ዝነበረ፡ ሎሚ'ውን ብኣና እዚ ዕዮ ኪዕየ ስለዚደሊ እዩ፡ ብርሃን ዓለም ዚብል መንነትን ምስቲ መንነት ዝተተሓሓዘ ዕዮን ተዋሂቡና ዘሎ። *"ንስኻትኩም ብርሃን ዓለም ኢ ኹም...።" (ማቴ 5:14)*

የሱስ ንሰባት ብርሃኑ ኬብርሃሎም ከሎ ህይወቶም ምእንቲ ኬመሓይሽ ኣይኮነን። ጽቡቕ ስነ ምግባር መታን ኪህልዎም ጥራይ ኣይኮነን። ግናኸ ህይወት ምእንቲ ኪረኽቡ እምበር። *"ህይወት ኣብኡ ነበረት፡ እታ ህይወት ከኣ ብርሃን ሰብ ነበረት።" (ዮሃ 1:4)*

ሎሚ ድማ፡ እዚ ናትና ማለት ናይ ቤተክርስትያን ዕዮ ብርሃን፡ ንሰባት ጽቡቕ ስነ ምግባር ኪህልዎም ጥራይ ዘይኮነ፡ ሰባት ህይወት ምእንቲ ኪረኽቡ እዩ። ቤተክርስትያን መኣረሚ ጠባይ ወይ መደበር ፖሊስ ኣይኮነትን። እቲ ጽቡቕ ስነ ምግባርሲ ካብ ብክርስቶስ ዘሎና ናይ መንነት ለውጢ ዚመጽእ እዩ።

ብርሃንና እንገልጸሉ መገድታት

ብናብራና

ፈለማ ብርሃንና እንገልጸሉ መገዲ ነቲ ብክርስቶስ ዝኾንናዮ መንነት ክንነብሮ ክንጅምር ከሎና እዩ። ንሕና ብርሃን ዝኾንና ብምኽንያት እቲ ብክርስቶስ እተገበረልና ግብሪ እዩ። እዚ ድማ ናይ መንነት ለውጢ ምርካብና ዚገልጽ ሓሳብ እዩ። ነዚ መንነትና ክንነብሮ ከሎና ብርሃንና ንገልጽ ኣሎና ማለት እዩ። *"... ብሳይታ ግና ሕጂ ብርሃን ኢ ኹም ንንይታ ዘሐጉሶ እና'መርመርኩም ከም ደቂ ብርሃን ኪ ንኩም ተመላለሱ።" (ኢፌ 5:8-10)*

እዚ "ተመላለሱ" ዚብል ቃል ነዚ ኣብ ኩሉ መዳይ እንነብሮ ዕለታዊ ናብራ ዚገልጽ ሓሳብ እዩ። ቅደም-ተኽተል ወይ ኣበሃህላኡ እንተርኢናዮ፡

መጀመርታ ብዛዕባ እቲ ዝኾንናዮ ምኽን ኪዛረብ ከሎ ውዱእ ስራሕ እዩ ዚዛረብ ዘሎ እምበር ንሕና እንውስኽሉ ነገር የለን። *"ብነይታ ግና ሕጂ ብርሃን ኢኹም"* እዩ፡ እምበር ሓደ ነገር ምስ ገበርኩም ብርሃን ክትኮኑ ኢኹም ኣይኮነን ዚብል። ግናኸ ነቲ ብነይታ ዝኾንናዮ ምኽን ኩንናዮ ብምምልላስ ንገልጸ። ብድሕሪኡ ዘሎ ሓሳብ እንተርኢና "ኩንኩም ተመላለሱ" ኢሉ ናይ ሰብ ግደ ይነግር። እምበኣርሲ፡ እቲ ቐዳማይ ብርሃንና እንገልጸሉ ኣብ ኩሉ ናብራና ንነይታ እናኣሓሰስና ክንመላለስ ከሎና እዩ። በዚ መገዲ ብርሃንና ኣብ ጸልማት ማለት ኣብ ዓለም ይበርህ።

ብምዝራብ

እዚ ምዝራብ ዚብል ሓሳብ ካብቲ ብርሃንና እንገልጸሉ መገዲ ሓደ እዩ። እዚ ድማ ምምሃር፡ ምግናሕ፡ ንሰባት ሓቂ ምፍላጥ፡ ንሓጢኣት ሓጢኣት እዩ ምባል ዝኣመሰለ ሓሳብ ኬስምዕ ይኽእል። እንተዘይኮነ ግና ንሓጢኣት እናረኣኻ ንስኻ ከምኡ ስለ ዘይገበርካ እኹል ብርሃንካ ተብርህ ኣሎኻ ማለት ኣይኮነን። ብዘይምዝራብካ፡ ተቓውሞኻ ብዘይምስማዕካ፡ ንሓጢኣት ሓጢኣት እዩ ብዘይምባልካ፡ ብመጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣበሃህላ ምትሕብባር እዩ ዚቐጸር። *"ግንሕምም ደኣ እምበር ነቲ ፍረ ዘይብሉ ግብሪ ጸልማትኒ ኣይትሕበርዎ።"* *(ኤፌ 5፡11)*

እዚ ግንሕምም ዚብል ሓሳብ ተበኣስዎም ዚብል ከም ዘየስምዕ ንኹላትና ርዱእ እዩ። ግናኸ፡ ልክዕ ከምቲ ክርስቶስ ዚገብሮ ዝነበረ፡ ሓቂ ምፍላጥን ምዝራብን በዚ ኽኣ ብርሃንካ ምብራህ ማለት እዩ። ብርግጽ እዚ ዕዮ እዚ ዋጋ ዘኽፍል ዕዮ እዩ። ግናኸ፡ ካብ ሓይሊ ጸልማት፡ ሓይሊ ብርሃን ስለ ዚዓቢ ከምኡ ድማ፡ እዚ ኣገልግሎት እዚ ምስ መንነትና ማለት ምስቲ ብክርስቶስ ዝኾነልና ምኽን ስለ ዚተሓዝ፡ ኣሰሩ ኸንክተል ይግበኣና እዩ። *"ዓለም ንዓኻትኩም ክትጸልኣኩም ኣይክኣላን እዩ፡ ንዓይ ግና ግብሩ ክፉእ ምኽኑ እምሰክር እየ እም ትጸልኣኒ እየ።"* *(ዮሃ 7፡7)* ስለዚ ንዓለም ግብሩ ክፉእ ምኽኑ ምንጋር ልክዕ ከም ክርስቶስ ዋጋ ኮኽፍለና ይኽእል እዩ።

ፍረ ብርሃን

"ፍረ ብርሃን ብሰናይ ዘበለን ብጽድቅን ብሓቅን እዩ..።" *(ኤፌ 5፡8-10)* እዚ ፍረ ብርሃን ዚብል ህይወት ወይ ድማ ናብራ ክርስትና ዘመልክት ሓሳብ እዩ። ንሱ ዚረአን ዚንበብን ህይወት እዩ። ስለዚ፡ ብርሃንና ኣብ ጸልማት ማለት ኣብ ቅድሚ ዘይኣመንቲ ኪበርህ ከም ዘለዎ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። ንሱ'ውን፡-

ሰናይ

ሰናይ ምስ ተግባር ዚተሓሓዝ ሓሳብ እዩ። ከም ደቂ ብርሃንን ከም ብርሃንን ኣብዛ እክይቲ ዓለም፡ ከምቲ ክርስቶስ ንኣምላኽ ማለት ነቲ ሓቀኛ ኣምላኽ፡ ብባህርዩ ድማ ኣምላኽ ዝኾነ ኣምላኽ ዘግሃዶ፡ ንሕና'ውን ብሰናይ ግብሪ ዘበለ፡ ኣብዛ ጸልማት ዓለም ብርሃንና ብምብራህ ከነግህዶ ተጸዊዕና ኣሎና። ንጽወናና ብቑዓት ኩንና ክንመላለስ ከኣ ይግበኣና እዩ። ብዙሓት ሰባት ኣምላኽ ጥራይ ናይ ውሽጠይ ይፍለጠ እምበር፡ ናይ ሰብ ኣይግድሰንን'ዩ ይብሉ እዮም። እዚ ግና ብመሰረቱ ጌጋ እዩ። ምኽንያቱ ንኣምላኽን ንሰብን ክንነብር ኢና ተጸዊዕና፡ ማለት ብሰናይ ተግባርና ንደቂ ሰብ ንኣምላኽ ክንገልጸሎም፡ ብእኡ ኣቢሎም ድማ ንዕኡ ምእንቲ ኪፈልጥዎ። *"ሽምኡ ኽኣ ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእየም ኣብ ሰማይ ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ኬመስግንም፡ ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ።"* *(ማቴ 5፡16)*

ሰባት ኩሉ ጊዜ ብዚርእይዎን ብዚሰምዕዎን እዮም ዚፈርዱ። ካብዚ እተላዕለ እዩ ጽቡቕ ዝኾነ ኣካይዳ ካባና ዘድሊ። መግለጺ ኣመንቲ ምኽንና ናይቲ ውሽጣዊ መንነትና እቲ ብደጌና ዚርኢዎ ሰናይ ተግባር እዩ።

ጽድቂ

ኣብዚ ጽሑፍ፡ ጽድቂ ተባሂሉ ተጠቒሱ ዘሎ ምእዛዝ ወይ ድማ ካብ ሓጢኣት ዝተፈልየ ህይወት ኪገልጽ እዩ። እሞኽ ጽድቂ ኪህልወና ኣለዎ ክንብል ከለና፡ ባዕልና ክንፍጽሞ ዘሎና ጽድቂ ወይ ጽድቂ ርእስና ኬስምዕ ይኽእል ይኽውን? ከምኡ ኣንተኾይኑ እሞ ናይ ክርስቶስ ምሟት ኣይመድለየን ነይሩ። እንታይ ማለትና ደኣ እዩ? ሓጢኣት ኣብ ኣመንትን ኣብ ዘይኣመንትን ኣተዓይያኡ በበይኑ እዩ፡ ማለት ኣማኒ ብምእማን ሞትን ትንሳኤን የሱስ ካብቲ ዚመልኮ ሓራ ወጺኡ ኣዩ። *"ትሕቲ ጸጋ ኣምበር ትሕቲ ሕጊ ስለ ዘይኮንኩም ሓጢኣት ኣይመልከኩምን እዩ..."* *(ሮሜ 6፡13-14)*

እዚ ቃል እዚ ነቶም ትሕቲ ጸጋ ዘለዉ ኣመንቲ እዩ ዚውክል። እቶም ዘይኣመንቲ ግና ብሰንኪ ዘይምእማኖም ኣብ ትሕቲ ሓጢኣት እዮም ዘለዉ። ምኽንያቱ እቲ ቐዳማይ ሓጢኣት ዘይምእማን ስለዝኾነ፡ *"ንሱ ምሰ መጸ ክሳ ንዓለም ብዛዕባ ሓጢኣትን ብዛዕባ ጽድቅን ብዛዕባ ፍርድን ኪረትዓ እዩ። ብዛዕባ ሓጢኣት ብኣይ ስለዘይኣመኑ።"* *(ዮሃ 16፡8-9)*

ንኣማኒ ግና ዚመልኮ ሓጢኣት የብሉን ብፍቓዱ ግና ንሓጢኣት ርእሱ ኪህብ ይኽእል እዩ። ንጽድቂ ምንባር ማለት ብትእዛዝ ኣምላኽ ምምልላስ ማለት ካብ ኮነ፡ ብትእዛዝ ኣምላኽ ክትነብር እንተጀሚርካ ብጽድቂ ትነብር ኣለኻ ማለት እዩ። *"ንምእዛዙ ባሮት ክትኮኑ ርእሰኽኩም ንእትህብሎ ንሓጢኣት እንተኾይኑ ንሞት፡ ንምእዛዝ እንተኾይኑ ንጽድቂ ኣቲ እትእዘዝሞ ባሮቱ ኮም*

ዝኾንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም?" (ሮሜ 6፡16)

ካብዚ ጽሑፍ እዚ ከም እንምልከቶ ኣማኒ ፈትዩ ርእሱ ብምሃብ ደኣ እዩ ንሓጢኣት ዚግዛእ እምበር ሓጢኣትሲ ኣይመልኮን እዩ። እምበኣርከ ብጽድቂ ምንባር ማለት ብትእዛዝ ኣምላኽ ምምልላስ ማለት እዩ።

ክርስቶስ ኬብርሃልካ እዩ

ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ኣመንትን ኣብ መንጎ ዘይኣመንቲ ኪህሉ ዘለም ኣኻይዳን ኪዛረብ ከሎ መጠቓለሊ ሓሳባቱ ዝተጠቐመሉ ጥቕሲ ኣንተርኢና *"ስለዚ ኽኣ ኣታ ደቂስካ ዘለኻ ንቓሕ እም ካብ ምውታት ተንስኣ ክርስቶስ ክሳ ኬብርሃልካ ኢዩ ይብል።" (ኤፌ 5፡14)*

ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ከም እንርእዮ ብዛዕባ ክልተ ነገር እዩ ዚዛረብ ዘሎ። ንሱ ኽኣ ብዛዕባ ዝሞተን ዝደቀሰን፣ ግናኸ ምዉትን ድቂስን ዘመሳሰሎም ነገር ኣሎ፣ ዚፈላልዮም ነገር'ውን ኣሎ። እቲ ዚፈላልዮም እቲ ዝደቀሰ ዘተንፍሰላ ትንፋስ ስለዘላቶ ኪኽውን ከሎ፣ እቲ ዝሞተ ግና ትንፋስ ዘይምህላዉ እዩ። ዘመሳሰሎም ከኣ ክልቲኦም ካብቲ ከም ሰባት ኪፍጽምዎ ዚግብኦም ዕለታዊ ተግባር ብኹራት ምኳኖም እዩ። ኣታ ደቂስካ ዘለኻ ዚበሃለሉ ዘሎ፣ ነቲ ኣማኒ ኪኽውን ከሎ፣ ከመይሲ ንክርስቶስ ብምእማኑ ህይወት ረኺቡ እዩ። እቲ ምዉት ተባሂሉ ዘሎ ግና ነቲ ዘይኣማኒ እዩ። ከመይሲ እቲ ዘይኣማኒ መንፈሳዊ ሞት ሞይቱ ስለዘሎ። ኣማኒ ነቲ ዝተጸወዓሉ ጽውዓ ብቑዕ ኮይኑ እንተ ዘይተመላሊሱ ምስቶም ዘይኣመንቲ ሓደ ዝኾነ ኣካይዳን ናብራን እንተደኣ ሃልይም ልክዕ ከምቲ ኣብ ማእከል ምዉታት ዝደቀሰ ድቂስ እዩ። እንተደኣ ነቒሉ ግና፣ ማለት ከምቲ ዝተጸወዓሉ ጽውዓ ኪመላለስ እንተጀሚሩ ክርስቶስ ብርሃኑ ብእኡ ስለ ዘብርህ፣ ኑቶም ኣብ ሞት ዘለዉ ከኣ ንህይወት ምኽንያት ይኾኖም። *"ህይወት ኣብኡ ነበረት እታ ህይወት ድማ ብርሃን ሰብ ነበረት።" (ዮሃ 1፡4)*

እዛ "ክርስቶስ ኬብርሃልካ እዩ" እትብል ቃል፣ ክርስቶስ ነቲ ሰብ ብርሃን ኬብርሃሉ ዘይኮነት ተስምዕ፣ ክርስቶስ ነቲ ሰብ ብብርሃኑ ብርሃን ጌሩ ኪጥቀመሉ እዩ ዚብል ሓሳብ እያ እተስምዕ። እዚ ማለት ድማ ምስ ናይ መንነት ለውጢ ብክርስቶስ ዝኾነልና ምኳን ብርሃን ምኳንና ዚገልጽ እዩ። *"... ቀደም ጸልማት ኣርኩም ኢኹም እሞ ብጎይታ ግና ሕጂ ብርሃን ኢኹም።" (ኤፌ 5፡8-10)*

ምዕራፍ 8
ዕውት ሓዳር

ከም ሰብ ኣብ ኩሉ ነገራትና ዕዉታት ክንከውን ንደሊ ኢና። ከምኡ ድማ ኣብ ሓዳርና ዕዉታት ክንከውን ኪከኣለና ኣለዎ። ዕዉት ክርስትያናዊ ሓዳር ኪህልወና እንተኾይኑ ግን ክንፈልጦ ዘሎና ነገር ኣሎ። ንሱ ድማ ሓላፍነት ሰብኣይ ኣብ ሓዳር፣ ከምኡውን ሓላፍነት ሰበይቲ ኣብ ሓዳር እንታይ እዩ ዚብል ሓሳብ እዩ። ምኽንያቱ ሓዳር ማለት ብኽልተ ተጻይ ጾታ ዝቕሞ ስለዝኾነ። ሰብኣይ ሓላፍነቱ ኪፍልጥ ከሎ፣ ከምኡውን ሰበይቲ ሓላፍነታ ክትፈልጥ ከላ እቲ ሓዳር መቕረት ዚህልዎ። በዚ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ኤፌሶን ኪጽሕፈሎም ከሎ፣ ሓደ ካብቲ ንዝተጸዋዕካሉ ጽውዓ ብቑዕ ኴንካ ምምልላስ ዚብል። እምበኣርከ ቅድሚ ናብቲ ሓላፍነት ሰብኣይ ከምኡውን ሓላፍነት ሰበይቲ ኣብ ሓዳር ዚብል ሓሳብ ምእታውና ኣቐዲምና ክንርድኣ ዘሎና ሓሳብ ክገልጽ።

መንፈሳዊ መበገሲ ነጥቢ ብዛዕባ ሓዳር

ናይ ሓዳር ጀማሪ ኣምላኽ እዩ። ሓዳር፣ ሰብ ዝጀመሮ ነገር ኣይኮነን። ማለት ኣምላኽ ቅድሚ ንሰባት ናብ ጋህዲ ዓለም ምምጽኡ እዩ ኣብ መደቡ ነይሩ። ምኽንያቱ ንምድሪን ኣብኣ ዘሎ ምልኣታን ኣምላኽ ኪገብር (ኪፈጥር) ከሎ፣ ሰብ ዚበሃል ኣብ መደቡ ከምዝነበረ ኢና ክንርዳእ እንኽእል። ምእንትዚ ድማ ቃሉ ከምዚ ዚብል *"ሰማያትሲ ናይ እግዚኣብሄር ሰማያት እየም ምድሪ ግና ነደቂ ሰብ ሃቦም።" (መዝ 115-16)*

ምድሪ ንደቂ ሰብ ንምሃብ ኢሉ ዝገበራ ካብ ኮነት፣ ንምድሪ ዚመልእ ሰብ ድማ ኣብ መደቡ ከምዝነበረ ርዱእ እዩ። እዚ ድማ ሓዳር ብምምስራት እዩ ዚኽውን እምበር ብህላወ ሓደ ሰብኣይ፣ ብኣዳም ጥራይ ዚኽውን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ብህላወ ክልተ ተጻይ ጾታን ብእኣም ብዚኽውን ስርዓት ምብዛሕን እዩ ዚኽውን። ነዚዩ ኣምላኽ ሓዳር ምስ መስረተ ከምዚ ኢሉ ዝባረኾም

"ኣምላኽ ከኣ ባረኾም። ኣምላኽ ድማ ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ከኣ ምልእዎን ምለኸዎ በሎም።" (ዘፍ 1-28)

ሓዳር፡ ኣምላኽ ቅድሚ ንሰብ ምፍጣሩ ኣብ መደቡ ካብ ነበረ፡ ሓዳር ሰባት ዝጀምርዎ ነገር ኣይኮነን። ሰባት እቲ ናብኡ ንምእታው ኣብ መንጎኡም ዚግበር ናይ መጀመርታ ሌላ ንሱ መጀመርያ ናይ ሓዳር ኮይኑ ይስምየም እዩ። ንሱ ግና ናብቲ ናይ ኣምላኽ ምጅማር ሓዳር ዘእተወካ ነገር ደኣ እምበር ንሰብ ናይ ሓዳር ምጅማር ኣይኮነን። እዚ ምፍላጥ ዘደልየና ምኽንያት ኽኣ፡-

ብሓዳርካ ወገን ኣምላኽ ምእንቲ ኽንከውን

እቲ ዘይረአ ኣምላኽ ብግብሩ ግና ዚፍለጥ፡ ኣብ ምድሪ መንነቱን ክብሩን ክገልጽ ኢሉ ምስ ሓሰበ መጀመርያ ዝገበሮ ነገር እንተሃልዩ ሓዳር እዩ። ሰይጣን ከኣ ቀዳማይ ተቓውሞኡ ኣንጻር ክብርን ስርዓት ኣምላኽን ስለዝኾነ፡ ኩሉ ግዜ ኣንጻር ስርዓት ኣምላኽ ኪቃለስ ኪብል ኣንጻር ብዙሕ ሓዳር ኪለዓል ከሎ ንርኢ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓሳብ ብምልኣት እንተተረዲኡና፡ ብሓዳርና ውግእ እግዚኣብሄር ክንዋጋእ፡ ማለት ብሓዳርና፡ ወገን ኣምላኽ ክንከውን ንኽእል ኢና። ሓዳር፡ ኣምላኽ ዝጀመሮ ምጅማር እዩ እንተኢልና፡ እሞ ኽኣ ኣብ ምድሪ ንኽብሩ ምእንቲ ኪገልጽ ኢሉ ካብ ገበሮ፡ ሰይጣን ከኣ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ክሳዕ ሕጂ ተቓውምኡ ኣንጻር ክብሪ ኣምላኽ ስለዝኾነ፡ ሕጂ'ውን ኣብ ሓዳር ከምኡ እዩ። ማለት፡ ኣንጻር ኣምላኽ ኪቕውም ኪብል ንሓዳርን ስርዓቱን ኬበላሹ፡ ከምኡ'ውን ሓዳር ከፍርስን ካብ ምድላይ ፈጺሙ ኣይዓርፍን እዩ። ሓዳርና ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ሓይልታት ከምዘሎ ክንርዳእ እንተኽኢልና፡ ብኡ ወገን ኣምላኽ ክንከውን ኢልና ንሓዳርና ከም ፍቓድ ኣምላኽ ክንመርሖ ንኽእል ኢና። ኣምላኽን ሰይጣንን ንነንበይኑ ዕላማታት ኣብ ነገራት ይራኸቡ እየም። ማለት፡ ኣምላኽ ንሰናይ ዕላማ፡ ሰይጣን ድማ ብኣንጻሩ ንኽሱእ ዕላማ። ንኣብነት ሓደ ጊዜ ኣምላኽን ሰይጣንን ብዛዕባ ሰጋ ሙሴ ኪከራኸሩ ከለዉ ንርኢ።

"ሚካኤል እቲ ሊቀ መላኣኽቲ ብዛዕባ ሰጋ ሙሴ ምስ ድያብሎስ እናተኸራኸረ ምስ ተማሃተ፡ እግዚኣብሄር ይግናሕካ ደኣ በሎ እምበር ፍርዲ ጸርፊ ኪዛረቦ ኣይደፈረን" (ይሁዳ 1-9)

ኣብዚ ጽሑፍ እዚ ሚካኤልን ሰይጣንን ብዛዕባ ሰጋ ሙሴ እየም ዚከራኸሩ ዘለዉ። ከም ኣዘራርባ ሰብ ብዛዕባ ሰጋ ሙሴ እንታይ ገዲስዎም ይከራኸሩ ኣለዉ ክንብል ዚከኣል እዩ። ከመይሲ፡-

1. ሰጋ መንግስቲ ኣምላኽ ኣይወርስን እዩ።
2. ቅድሚ ሙሴ ካልኦት ናይ እምነት ኣቦታት ሞይቶም እየም። ንኣብኹት ኣብርሃም፡ ይስሃቕ፡ ያቆብ፡ ዮሴፍ እዚኣቶም ኩሎም ኣብ ዚፍለጥ ቦታ እዮም ተቐቢሮም። ብዛዕብኣም ዝተገበረ ክርክር ሓንትኳ ኣይነንብብን።

"ኣብርሃም ድማ ጸቡቕ ኣርማና ኣሪጉ ዕድመ ጸጊቡ ትንፋሱ መጸት ሞተውን፡ ኣብ መንጸር መዎሬ ዘላ በዓቲ ማክፌላ ቐበርዎ።" (ዘፍ 25፡8-9)

ብዛዕባ ሰጋ ሙሴ ደኣ ሰይጣን ስለምንታይ ይከራኸር ኣሎ? ኣምላኽኸ ሰለምንታይ ኪስውሮ ደልዩ ኢልና ክንሓትት ዚከኣል እዩ። ከልቲኦም ዘገድሶም ዘሎ እምብኣር ኪንዮ እቲ ናይ ኩነታት ዘሎ መንፈሳዊ ሓቂ እዩ። ንሱ ድማ ኣብ ዘመን ሙሴ እስራኤላውያን ንኣምላኽ ብሙሴ እየም ዚፈልጥዎ ኔሮም። ምእንትዚ ድማ ዝኾነ ነገር እንተገጢሙዎም ንሙሴ እየም ዚሓትዎ ዝነበሩ። ስለዚ ኽኣ ሙሴ ኣብ ዚፍለጥ ቦታ እንተተቐቢሩ ንሙሴ መጺኦም ኩሉ ከምልኽዎን ኪጅምሩ እየም። ምእንትዚ ኽኣ ሰይጣን ስርሑ ኣንጻር እቲ ስርዓትን ክብሪ ኣምላኽን ምቕዳም ስለዝኾነ፡ ንሙሴ ኣብ ዝፍለጥ ቦታ ኪቕበር ደልዩዎ። ኣምላኽ ከኣ ናይ መጻኢ ብምርኣይ ሰዊርዎ። እምብኣር ከምቲ ኣብ ጉዳይ ሰጋ ሙሴ፡ ኣምላኽን ሰይጣንን ዝተራኸቡ ከምኡ ድማ ኣብ ሓዳር ይራኸቡ እየም። ስለዚ፡ ንሕና ነቲ ናይ ኩነታት ሓቂ ጥራይ እንተርኢና፡ ከይተረድእና ኣብ ሓዳርና፡ ወገን ጸላኢ ኽንከውን ንኽእል ኢና። ኪንዮ እቲ ናይ ኩነታትና ሓቂ ዘሎ መንፈሳዊ ሓቂ እንተተረዲኡና ግና፡ ወገን ኣምላኽ ኢና እንኾነውን። እዚ ማለት ኣብ ሓዳርና ንኣሽቱ ዘጋጥዉ ኩነታት ኪጋጥሙ ይከኣል እዩ። ነዚ መመኽሰይታ ክጥቀመሉ ዝደሊ ጸላኢ ግና ኣሎ። ስለዚ ንሕና ነቲ ነገራት ጥራይ ብምርኣይ ኪንዮኡ ዘሎ ናይ ሰይጣን ሓሳብ እንተዘይርኢና፡ ነቲ ነገር ከም ኣመለኻኽታ ተራ ሰብ ንርእዮ፡ ከም ኣፈታትሓ ተራ ሰብ ከኣ ክንፈትሖ ንፍትን። ነቲ ጉዳይ ከኣ ናብ ዘይተደልየ ነገር እነምርሖ። ነቲ ጉዳይ ብመንፈሳዊ ዓይኒ ርኢና፡ ብመንፈሳዊ መገዲ ክንፈትሖ እንተፈቲንና ግን፡ ብሓዳርና ወገን ኣምላኽ ክንከውን ንኽእል።

"ካርዩ ሓጢኣት ከኣ ኣይትግበሩ። ኣብቲ ኹራኹም ጸሓይ ኣይትዕረብኩም። ንድያብሎስ ከኣ ሰፍራ ኣይትሃብሞ።" (ኤፍ 4፡26-27)

በዚ ኣተሓሳስባ እዚ ንሓዳር ክንርእዮ እንተደኣ ከኢልና፡ እቲ ቕንዲ ኣብ ሓዳር ክንገብሮ ዚግበኣና ሓላፍነትና ብግቡእ ምፍላጥ እዩ።

ሓላፍነት ሰበይቲ ኣብ ሓዳር

"ከምቲ ክርስቶስ ርእሲ ማሕበሩ ዝኾነ፡ ንሱ ምድሓን ሲጋሉ ከኣ እዩ፡ ሰብኣይ ከኣ ርእሲ ሰበይቱ እዮም፡ ኣትን ኣንስቲ፡ ከም ንጎይታ ጌርክን ንሰብኡትክን ተኣዘዝኣም። ከምቲ እታ ማሕበር ንክርስቶስ እትእዘዝ፡ ከምኡ ኾኣ ኣንስቲ ንሰብኡተን ብኹሉ ይተኣዘዛኣም። (ኤፌ 5፡22-24)

እዚ "ይተኣዘዛኣም" ዚብል ቃል ብመሰረት ስርዓት ኣምላኽ ክንርእዮ ጽቡቕ እዩ። ምኽንያቱ እዚ ሓሳብ እዚ ንገለ ዘይጥዕም ኪኸውን ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር ኣምላኽ ካብ መጀመርታ ንሓዳር ኬቕሞ ኢሉ ምስ ሓሰበ (ምስ መደበ)፡ ስርዓት ኣትሒዙ እዩ ኣቑሙዎ። ከመይሲ፡ ኣምላኽ ንምድርን ኣብኣ ዘሎ ዘበለን ኪገብር ከሎ ኣብ መደቡ ንምድሪ ዚመልእ ሰብ ከምዝነበረ ርኢና ኣሎና። እዚ ኽኣ ብህላወ ክልተ ተጻይ ጾታ፡ ማለት ብሰብኣይን ሰበይትን እምበር ብህላወ ሓደ ጾታ ጥራይ ዚፍጸም ከምዘይኮነ ኩላትና ንሰማምዓሉ ሓቂ እዩ። እሞኽ ደኣ ኣምላኽ ስለምንታይ መጀምርታ ንሰብኣይ ፈጠረ (ገበረ)፡ ብድሕሪኡ ድማ ካብ ሰብኣይ ሰበይቲ ፈጠረ (ገበረ)።

"እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ሰብኣይ በይኑ ኪኸውን ጽቡቕ ኣይኮነን እሞ ንዕኡ እትበቕዕ ደጋፊት ክንብረሉ እየ በለ።" (ዘፍ 2፡18)

እዚ ጽሑፍ እዚ ኣምላኽ ንሰብኣይ ምስ ገበሮ፡ ደሓር ግና ተረፍ ሓሳቡ፡ ወይ ድማ ሰብኣይ በይኑ ምኽኑ ድሕሪ ምርእዩ ሓሲቡ ዝገበራዶ የስምዕ ይመስል? ከምኡ እንተኾይኑ እሞ ምስቲ ኣምላኽ ቅድሚ ሰብ ምግባሩ ዝገበሮ ተግባር ዚጋጮ እዩ፡ ማለት፡ ኣምላኽ ምድርን ኣብኣ ዘሎን (ምልኣታ) ኪገብር ከሎ፡ ንሰብ መታን ክህቦ ኢሉ እዩ ብዚብል ሓሳብ ተሰማሚዕና ኣሎና። ከመይሲ *"ምድሪ ድማ ንወድሰብ ሃባ" ተባሂሉ ስለዘሎ (መዝ 115፡16)።* ንምድሪ ዚመልእ ሰብ ድማ ቅድሚ ምድሪ ምግባሩ እዩ ኣብ መደቡ ነይሩ። እዚ ኽኣ ብህላወ ክልተ ተጻይ ጾታ ከምዚኽውን ርዱኡ እዩ። እምበኣር እዚ ካብ ኮነ፡ ኣምላኽ ነቲ ስርዓት ኬትሕዞ ዝደለየ ሓዳር፡ ካብ ኣፈጣጥራ ኣትሒዙ ስርዓት ከምዘትሓዞ ደኣ ክንርዳእ ንኽእል እምበር፡ ንሰበይቲ ተረፍ ሓሳቡ ኣይኮነን ፈጢርዎ።

እምበኣርከ፡ ስለምንታይ እያ ሰበይቲ ንሰብኣያ እትእዘዝ እንተኢልና፡ ስርዓት ኣምላኽ ስለዝኾነ እዩ። ነዚ ሓሳብ፡ ብኻልእ ስኡሓሳብን ብተግባርን ዚቃወም እንተሃልዩ ከይተረድኦ ወጊን ሰይጣን ብምኹን ኣንጻር ስርዓት ኣምላኽ እዩ ዚቃወም ዘሎ። ብምዕባለ ዚመስል'ውን ምስ ቃል ኣምላኽ ዘይሰማማዕ ስኡሓሳብ እንተሃልዩ ብመሰረት ቃል ኣምላኽ ዘይቅኑዕ እዩ።

"ስርዓት እግዚኣብሄር ቅኑዕ እዩ ንልቢ ድማ የሐጉሰ።" (መዝ 19፡8) ሓዳር እምበኣር፡ መቕረት ኪህልዎ እንተኾይኑ፡ ክልቴኻ ብመሰረት ቃል ኣምላኽ

ሓላፍነትካ ክትፈልጥ ከለኻን ፈሊጥካ ድማ ክትነብረሉ እንተድኣ ክኢልካን እዩ። ስለዚ ሰበይቲ ሓላፍነታ ኣብ ሓዳር ንስለ ሰርዓት ኣምላኽ ክትብል ንሰብኣያ ብኹሉ ክትእዘዞ እዩ። ኣምላኽ ድማ ከምኡ ገይሩ እዩ ፈጢርዎ።

ሓላፍነት ሰብኣይ ኣብ ሓዳር

"ከምቲ ክርስቶስ ንማሕበሩ ዘፍቀረ፡ ኣቱም ሰብኡት ኣንስትኹም ኣፍቂሩ። ክርስቶስ ብቓሉ ገይሩ ብምሕጻብ ማይ ምስ ኣጽረያ ምእንቲ ኪቕድሳ፡ ርስሓት ወይስ ዕማር ወይስ ገለ ነዚ ዚመስል ዜብላ፡ ብዘይ መንቅብ ቅድስትን ክብርትን ማሕበር ገይሩ ንእኡ ምእንቲ ኬቕማ ኢሉ፡ ርእሱ በቓኣ ሃበ" (ኤፌ 5፡25-27)

ኣምላኽ ንሓዳር ስርዓት ዘለዎ ገይሩ ኬቕሞ ከሎ፡ ካብ ኣፈጣጥራ ኣትሒዙ እዩ ስርዓት ኣትሒዝዎ ኢልና ኣሎና። ስለዚ ድማ እቲ ጽሑፍ "ሰብኣይ ርእሲ ሰበይቱ እዩ" ይብል። እዚ ሓሳብ እዚ ግና ንማዕረነት ተጻይ ጾታ ዘይምቕባልዶ የስምዕ ይኸውን? ኣይኮነን። ኣብቲ ኣፈጣጥራ ሰብ ናይ ምኽንን ክብሪ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽንሲ እባ ማዕረ እዮም። መጽሓፍ ቅዱስ ኽኣ ከምኡ ይእምን። ኣብ ሓዳር ግና ከምኡ ኣይኮነን። ምእንቲዚ ድማ እዩ ሰብኣይ ርእሲ ሰበይቱ ተባሂሉ ዘሎ። እዚ ግና ርእሲ ሰበይቱ ደኣ እምበር፡ ሰብኣይ ስለዝኮነ ርእሲ ኩለን ኣንስቲ እዩ ማለት ኣይኮነን። ከምኡ እንተኾይኑ እሞ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ስራሕ ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ ብጽፍሒ ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮ ኪኾና የብለንን ማለት እዩ። ከምኡ ግና ኣይኮነን። ሓዳር ናቱ ስርዓት ስለዘለዎ፡ ኣብ ሓዳር ሰብኣይ ርእሲ ሰበይቱ እዩ። እዚ ድማ ፈጺሙ ዘይቅየር ስርዓት እዩ። ስለዚ ድማ ብሓላፍነት ተሓታቲ ሓዳር ስለዝኾነ፡ ሰብኣይ ዝያዳ ሓላፍነትን ተሓታትነትን ኣብ ኣለዎ። ብመሰረት እቲ ጽሑፍ ክንርእዮ እንተኹንና ከኣ፡-

ሰብኣይ ንሰብይቱ የፍቅራ

ነዚ ሓሳብ እዚ ንምጽሓፍ፡ ጳውሎስ ዝተጠቀመሉ ሓሳብ "ከምቲ ክርስቶስ ንማሕበሩ ዘፍቀራ" ዚብል ቃል እዩ። ክርስቶስ ግና ንማሕበሩ ፍጽምቲ ስለዝኾነት ኣይኮነትን ኣፍቂርዎ። ግናኸ ገና ከምዘላቶ እዩ ኣፍቂርዎ። ስለዚ ድማ ሰብኣይ፡ ሰብኣይ ተባሂሉ ምስ ተጸውዐ፡ ሓዳር ምስ ገበረ፡ ኪገብሮ ዘለዎ ነገር እንተድኣ ሃልዩ ንሰበይቱ ምፍቃር እዩ። እዚ ዓይነት ፍቕሪ ግና ከምቲ ክርስቶስ ንማሕበሩ ዘፍቀራ ዓይነት ፍቕሪ እዩ።

ኣብ ሓዳር ዘይምርድዳእ ኣየጋጥምን እዩ ማለት ኣይኮነን። ኪጋጥም ይኽእል እዩ፡ ግናኸ ነቲ ሓዳር ናይ ምእላይ ሓላፍነት፡ ናይ ክልቲኦም እኳ እንተኾነ፡ ብዝያዳ ናይ ሰብኣይ ሓላፍነት እዩ። ብዝኾነ ኣጋጣሚ ሰበይቲ

እንተኾረየት ሰብኣይ ድማ ምስኣ ዝኹሪ እንተኾይኑ ሓላፍነቱ ዘንጊዑ ኣሎ። እንታይ ደኣ እቲ የፍቅራ ዚብል ውዱእ ስራሕ ኮይኑ፡ ኣብ ናይ ፍቕሪ ባይታ ኮይኑ ነቲ ዘጋጠመ ጸገም ኪኣልዮ ደኣ ኪፍትን ኣለዎ እምበር፡ ደድሕሪ እቲ ዘጋጠመ ነገር ኪስዕብ ኣይግብኦን እዩ። እዚ የፍቅራ ዚብል፡ ምስዚ ክዛረበሉ ደልየ ዘለኹ ኣብ ሓዳር ንዘጋጥም ዘይምርድዳእ፡ ብፍቕሪ ነቲ ጉዳይ ኪፈትሑ ኣለዎ። ማለት፡ ንሳ ስለዝኾረየት ንሱ ድማ ልክዕ ከምኣ ኮይኑ ነቲ ጉዳይ ብኹራ ኪፈትሑ እንተፈቲኑ፡ ዝገደደ ዘይምርድዳእ እዩ ዚፍጠር እምበር ለውጢ ኪመጽእ ኣይክእልን እዩ። ግናኸ ሰብኣይ ነቲ ጉዳይ ብፍቕሪ፡ ማለት ፍቕሩ ኣብ ቦትኡ ከሎ፡ በዚ ኣገባብ ንነገራት ኪፈትሕ ኣለዎ። ስለዚ፡ ቃል ኣምላኽ ንሰብኣይ ዝያዳ ሓላፍነት ከምዘለዎ ንምግላጽ ከምዚ ይብል፡-

"ኣቱም ሰብኡት፡ ጸሎትኩም ምእንቲ ከይዕገት፡ ከም ምስ ድኹምቲ ፍጥረት፡ ከም መዋርሰትኽም ንጺጋ ህይወት ጊረኩም እናኸበርኩምወን፡ ከምኡ ምስ ኣንስትኽም በእምሮ ንበሩ።" (1ጴጥ 3፡7)

ኣብዚ ጽሑፍ ከም እንርእዮ፡ ዝያዳ ሓላፍነት ንሰብኣይ እዩ ዘሰክሞ ዘሎ። ምእንቲዚ ድማ ነቲ ሓዳር በእምሮ ናይ ምእላይ ሓላፍነት ናይ ሰብኣይ እዩ።

ንሓዳር - ቅርጺ ሓዳር ምትሓዝ

ብዙሕ ጊዜ ኣብ ሓዳር ምስ ኣተና ውዱእ ስራሕ ኢና ንጽበ። በዚ ድማ ኣብ ሓዳር ዘይተጸበናዮ ነገራት ኪጋጥመና ከሎ፡ ከምዚ ድዩ ሓዳር፡ ከምዚ ዘይመሰለኒ፡ ከምዚ እንተዚኸውን ኣይምተመርዓኹን፡ ወዘተ... ዚብል ቃላት ክንዛረብ ንስማዕ። ግናኸ ሓዳር ውዱእ ስራሕ ኣይኮነን። ሓዳር ምግባር፡ ንሓዳርካ ቅርጺ ሓዳር ንምታሓዝ እትድምሮ ምድማር እዩ። መብዛሕትና ግና እዚ ስለዘይርድኣናን ዘይንጽበዮን ብሰንኪ ዘይምርድዳእ ብዙሕ ሓዳር ናብ ፍትሕ የምርሕ። ግናኸ ካብዚ ጽሑፍ እዚ ከምእንርድኣ ብዝያዳ ንሰብኣይ ሓላፍነት ከሰክሞ ኸሎ፡ ምስ ናይ ክርስቶስ ዕዮ ብምምሳል ከምዚ ዚብል "ክርስቶስ ብቻሉ ገይሩ፡ ብምሕጻብ ማይ ምስ ኣጽረያ፡ ምእንቲ ኪቕድሳ፡ ርስሓት ወይስ ዕጣር ወይስ ገለ ነዚ ዚመስል ዘይብላ፡ ብዘይ መንቅብ ቅድስትን ክብርትን ማሕበሩ ገይሩ፡ ንዕኡ ምእንቲ ኬቕማ ኢሉ፡ ርእሱ በጃኣ ሃበ" ይብል።

ኣብዚ ጽሑፍ ከም እንርእዮ ከምቲ ክርስቶስ ንማሕበሩ ዘፍቀራ፡ ሰብኣይ ድማ ንሰብይቱ የፍቅራ ዚብል ሓሳብ ዘሎ፡ ቀንዲ ሓላፍነት ሰብኣይ ምስቲ ክርስቶስ ኣብ ማሕበሩ ዝገበሮን ዚገብሮ ዘሎን እናኣመሳሰለ እዩ ዚዛረብ ዘሎ።

ብዛዕባ ማሕበር ክንዛረብ እንተኺንና፡ ምእንታና ምስሞተልናን፡ ፍቕሩ ምስገለጸልናን፡ ናይ ክርስቶስ ስራሕ ተወዲኡ ድዩ? ብርግጽ ቤቲ ውዱእ ዕዮ ሞትን ትንሳኤን ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ተወዲኡ እኳ ኾነ፡ ነታ ማሕበር ፍጽምቲ ገይሩ ክሳዕ ዜቕማ ግና እቲ ዕዮ ይቕጽል ኣሎ። ስለዚ ድማ ምእንቲ ኪቕድሳ ርስሓት ዘይብላ ገይሩ ምእንቲ ኬቕማ ዚብል ቃላት ሃዋርያ ጳውሎስ ዚጥቀም ዘሎ። እቲ ዕዮ ቀጻሊ ምኽኑ ክንርዳእ ንኽእል። ልክዕ ድማ ከምኡ ሰብኣይ ንሓዳር ቅርጺ ሓዳር ናይ ምትሓዝ ሓላፍነት ናቱ ስለዝኾነ፡ እቲ ስራሕ ቀጻሊ ምኽኑ ብምርዳእ፡ ሓላፍነቱ ብዘይ ምዝንጋዕ (ብዘይምርሳዕ) ነቲ ሓዳር ቅርጺ ንምትሓዝ ክጽዕር ዘለዎ። ፍጹም ነገር ወይ ድማ ውዱእ ስራሕ ኣብ ሓዳር ኪጽበ የብሉን። ግናኸ ሓዳር እናተመሓየሸን እናተዓረየን ዚኸይድ እዩ። እዚ ድማ ከምቲ ክርስቶስ ንማሕበሩ፡ ሰብኣይ ድማ ንሰበይቱ፡ ማለት ነቲ ሓዳር ርእሱ ብምሃብ ብዘይ ምስልካይ ኪዕየ ዚግባእ ዕዮ እዩ።

ምዕራፍ 9

ክርስትያናዊ-ሕይወ-ፀጋ

ስድራቤት ማለት ምህላው ሰብኣይን ሰበይትን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ምህላው ውሉድ'ውን ምኽኑ ርዱእ እዩ። ግናኸ ምህላው ውሉድ መሰረቱ ምህላው ሓዳር እዩ። ማለት፡ ክልተ ዝተፈላለዩ ጾታ ናብ ሓዳር ምስ መጹ፡ ብእኣም ብዚኸውን ስርዓት ምብዛሕ ከኣ ምህላው ውሉድ ይመጽእ። ስለዚ ከምቲ ንምህላው ሓዳር መሰረቱ አምላኽ ዝኾነ፡ ንምህላው ውሉድ'ውን ከምኡ እዩ። ኣዳምን ሄዋንን ናብ ሓዳር ምስ መጹ፡ ነዚ ስርዓት አምላኽ ምስ ኣቓሞ ናይ ውሉድ ምህላው ገና ከይፈለጡ ከለዉ፡ አምላኽ እቲ መደቡ ብምህላው ውሉድ ብምብራኽ ብኡ ገይሩ ኬፍልጦም ከሎ ንርኢ። *"አምላኽ ከኣ ባረኾም፡ አምላኽ ድማ ፍረዩን ተባዝሑን... በሉም።"* (ዘፍ 1፡28)

ስለዚ ነዛ ዜቕማ ዘሎ ስድራ፡ አምላኽ አምላኽሮስርዓት ስለዝኾነ ስርዓት ኣትሒዙ እዩ ኣቑምዎ። ውሉድ ከም ውሉድ ኣብታ ስድራ፡ ወለዲ ድማ ከም ወለዲ ሓላፍነቶም ፈሊጦም ኪነብሩ እዩ ፈጢርዎም። ውሉድ ከመይ ኢሎም ኪመላለሱ ከም ዘለዎም፡ ከምኡውን ወለዲ ንውሉዶም ከመይ ጌሮም ኪሕዝዎም ከምዘለዎም እኳ ኣብቲ መጀመርታ፡ ቅድሚ ውድቀት ሰብ ዘሎ ተጽሒፉ እንተዘይረኽብናዮ አምላኽ ግና ንኹሉ ጽቡቕ ስርዓት ከም ዝገበረሉ ካብቲ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ ስርዓት አምላኽ ኣብ ተፈጥሮ ክንርድኦ ዚከኣል ሓቂ እዩ። ኩሉ ፍጥረት በቡቲ ዝተሰርዓሉ ስርዓት ኪመላለስ ከሎ፡ ሰይጣን ግና ነቲ ንምድርን ኣብኣ ዘሎን ኪገዝእ ሓላፍነት ዝተዋህበ ሰብ ብምውዳቕ ንኹሉ ስርዓት ምድሪ ኬበላሽዎ ከሎ ነንብብ። ካልእ ፍጥረት ግና (ፍጥረት ሰማይ) በቲ ዝተሰርዓሉ ስርዓት ክብሪ አምላኽ እናኣዘንተወን ስርዓት አምላኽ እናገለጸን ይነብር ኣሎ *"ሰማያት ክብሪ ኣምላኽ የዘንትዉ፡ ጠፈር ከኣ ግብሪ ኣእዳዉ የውሪዱ።"* (መዝ 19፡1)

"ሲጋ ዘበለ ኹሉ መገዱ ኣብ ምድሪ ኣበላሽዩ ነበረ እሞ፡ ኣምላኽ ከኣ ንምድሪ ረኣያ እነሆ ምድሪ ድማ ተበላሽያ ነበረት።" (ዘፍ 6፡11-12) ብኻልኣ ወገን እንተርኢናውን ስርዓታት ምድሪ ከም ዝተበላሸው፡ አምላኽ ንኹሉ ኣብ

ትሕቲኡ ኪግዛእ ሂብዎ ክሰራስ ፍጥረት ተጸባኢ ወዲ ሰብ ኮይኑ ንርእዮ። *"ኣምላኽ ከኣ፡ ብመልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንግበር፣ ንዓሳ ባሕሪ ነዋፍፍ ሰማይን ንእንስሳ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብልን ኩሉ ለመምታ ይግዛኡ፡ በለ።"* *(ዘፍ 1፡26)*

ስለዚ፡ ልክዕ ከምዚ እንርእዮ ዘለና እዚ ስርዓት ስድራውን ከምዚ ሎሚ ኣብ ምድርና ዘሎ፡ ኣይኮነን፡ እቲ መደብ ኣምላኽ ነይሩ። ግናኸ ከምቲ ዝተበላሸወ ስርዓታት ምድሪ ከምኡ ከምዝተበላሸወ ኢና ክንርዳእ እንኽእል። ሕጂ ግና ክርስቲያናዊት ስድራ ከመይ ክትከውን ኣለዋ ዚብል ሓሳብ ምእንቲ ክንርኢ፡ ካብ መሰረቱ ክንፈልጦ ዘድለየና። ብሓዳርና ንኣምላኽ ምእንቲ ክንገልጸ፡ ናይ ብሓቂ ስርዓት ኣምላኽ ዘለዋ ስድራ ክትህልውና ኣለዋ። ነዚ ንምግባር ግና ከም ወለዲ ክንገብሮ ዘለና ነገር ኣሎ። ከም ውሉድ'ውን ከምኡ፡ ነዚ እንገብሮ ግና ብመሰረት ስርዓት ኣምላኽ ክንትግብሮ እንተኽኢልና ኢና ክንዕወት እንኽእል።

ዝምድና ውሉድን ወላድን

"ኣቱም ውሉድ፡ ኣዚ ቅኑዕ እዩ እም፡ ንወለድኹም ብጎይታ ተኣዘዝሙም። ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፡ ጽቡቕ ኪኾነልካ፡ ኣብ ምድሪ'ውን ዕድሜኻ ኪነውሕ፡ እዚ ተስፋ ዘለዎ ቀዳማይ ትእዛዝ እዩ።" *(ኤፌ 6፡1-3)*

መንፈሳዊ ዕላማ ሓዳር፡ መግለጺ ክብሪ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ካብ ኮነ፡ እዛ ስድራ ኽኣ ውሉድን ወላድን ካብ ሃለዉዋ፡ ውሉድ ከም ኣባል እዛ ስድራ ንስርዓት ኣምላኽ ኪብል ኣብ ቤቱ ከም ውሉድ ንወለዱ ብምእዛዝ ኪነብር ኪኽእል ኣለዎ። ስለዚ ድማ እዩ "ብጎይታ" ዚብል ቃል ዚጥቀም ዘሎ። ማለት፡ ነቲ ካብ መጀመርታ ዝነበረ ጽቡቕ፡ ግን ከኣ ብሰንኪ ሓጢኣት ዝተበላሸወ ስርዓት ኣምላኽ ኣብ ስድራቤት፡ ጎይታ፡ ብሞቱን ብትንሳኤኡን ንመንነት ሰብ ብምልዋጥ ንኹሉ ስርዓቱ (ስርዓት ምድሪ) ቡቲ ዝተለወጠ መንነት ሰብ ኪልወጥ ስለዝደለየ እዩ። ናብ ጎይታ ምምጻእ ማለት መሰረታዊ ናይ መንነት ለውጢ ስለዝኾነ፡ ከምቲ መንነትካ ኼንካ፡ ከም ውሉድ ከኣ ኣብታ ስድራ ክትነብር ኣሎካ። እዚ ኽኣ ንወለድኻ ብምእዛዝ ዚግለጽ ነገር እዩ።

ብምእዛዝ ዚርከብ በረኸት

"ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፡ ጽቡቕ ኪኾነልካ፡ ኣብ ምድሪ'ውን ዕድሜኻ ኪነውሕ፡ እዚ ተስፋ ዘለዎ ቀዳማይ ትእዛዝ እዩ።" *(ኤፌ 6፡2-3)*

ቅድሚ ንወለድኻ ብምእዛዝ እትረኽቦ በረኸት ምርኣይና፡ "ተስፋ ዘለዎ ቀዳማይ ትእዛዝ እዩ" ዚብል ሓሳብ ክንርኢ። ተስፋ ዘለዎ ማለት እንታይ ማለት እዩ? ኢልና እንተሓተትና፡ እቲ ተስፋ ኣባኻ ዚፍጸም፡ ንስኻ ኽትገብሮ ዘሎካ ምስእትገብር ምኽኑ ዜረድኣ ሓሳብ እዩ። ከመይሲ፡ ተስፋ ዚፍጸም ነገር እዩ። ስለዚ፡ ኣምላኽ ነቲ ዝበሎ ተስፋ ኪፍጽም ብእኡ ወገን እሙን እዩ።

"ተስፋ ኣምላኽ ዘበለሰ ኣብኡ እወ እዩ። ስለዚ ኣምላኽ ብኣና ምእንቲ ኪኽብርሲ ብእኡ ኣሜን እዩ።" *(2ይ ቆሪ 1፡20)*

ተስፋ ኣምላኽ ብወገን ኣምላኽ ከም ቃሉ እሙን ካብ ኮነ፡ ናይዚ ተስፋ ተጠቀምቲ ምኽንን ዘይምኽንን ግና ናትና ግደ እዩ። ስለዚ ንወለድና ከም ውሉድ እንተተኣዚዝና ንኣምላኽ ኣብዛ ምድሪ ምኽባር ጥራይ ዘይኮነስ ንዓና'ውን ጥቅሚ ኣለዎ። ንሱ ኽኣ፡-

ጽቡቕ ኪኾነልካ

ጽቡቕ ዘይደሊ ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን። ግናኸ ጽቡቕ ምርካብ ብመሰረት ቃል ኣምላኽ ስርዓት (ሕጊ) ኣለዎ። ካብኡ ሓደ ኽኣ ንእቦኻን ኣዴኻን ምኽባር እዩ። እዚ ስርዓት (ሕጊ) ስለዝኾነ ፈጺሙ ዘይቅየር ሓቂ እዩ። ግናኸ፡ ኣብዚ ጽሑፍ እንተርኢና "ጽቡቕ ኪኾነልካ" ዚብል፡ ኪኾነልካ ማለት ተስፋ ምኽኑ እዩ ዜመልክት። ተስፋ ኽኣ ድሕሪ ቅድመ ኩነት ዚኽውን ምኽን እዩ። ስለዚ ጽቡቕ ዘበለ ካብ ኣምላኽ ምእንቲ ኪኾነልና፡ ከም ውሉድ ኴንና ብጎይታ ንወለድና ከንእዘዝ ኣሎና። ዝምድና ውሉድን ወላድን እምበኣር ብስርዓት ኣምላኽ ዝቕመ ካብ ኮነ፡ ንስለ ስርዓት ኣምላኽ ኢልና ከም ውሉድ ንወለድና ንእዘዝ እንተኴንና፡ ኣምላኽ ከኣ ንስርዓቱ ኪብል ቃል ተስፋኡ ኣባና ይፍጽም እሞ፡ ዘመንና ኹሉ ጽቡቕ ይኾነልና።

ዕድሜኻ ኪነውሕ

እዚ "ዕድሜኻ ኪነውሕ" ዚብል ቃል ምስዚ "ጽቡቕ ክኾነልካ" ዚብል ቃል ምትእስሳር ዘለዎ እዩ። ከመይሲ ጽቡቕ ዕድመ ምጽጋብ ኣሎ፡ ጽቡቕ ዘይኮነ ዕድመ ምንዋሕ ኽኣ ኣሎ። ስለዚ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ በረኽት እንብሎስ ዕድመ ምንዋሕ በይኑ ዘይኮነ፡ ጽቡቕ ዕድመ ምጽጋብ ደኣ እዩ። *"ኣብርሃም ድማ ጽቡቕ እርማና ኣሪጉ ዕድመ ጸጊቡ ትንፋሱ ወጸት ሞተውን ናብ ህዝቡ ኽኣ ተኣከበ"።* *(ዘፍ 25፡8)* ኣብዚ ጽሑፍ እንተድኣ ርኢና፡ ኣብርሃም ጽቡቕ እርጋን ኣሪጉ፡ ወይ ድማ ጽቡቕ ዕድመ ጸጊቡ እዩ ሞይቱ እምበር፡ ዕድመ ጸጊቡ ጥራይ ኣይኮነን ዝሞተ። ስለዚ፡ ንሕና ከኣ ንወለድና ብምእዛዝ ናይዚ በረኽት እዚ ተኻፈልቲ ኽንከውን ንኽእል ኢና።

ዝምድና ወላድን ውሉድን

"ኣቲም ኣቦታትኩም፡ ነቶም ውሉድኹም ብናይ ጎይታ ተግሳጽን ምዕዶን ደኣ ኣዕብይዎም እምበር፡ ኣይተኽርይዎምን።" (ኤፌ 6፡4)

ንዝኾነ ነገር ዕላማ ኣገዳሲ እዩ። ከመይሲ፡ ንሱ ንእትገብሮን ኽትገብሮ ንእትደልን ነገር መበገሲ ነጥቢ ኪኾነካ ይኽእል እዩ። ከምኡ ድማ ወለዲ ውሉድ ኪወልዱ ኽለዉ እቲ ቐንዲ ኪፈልጥዎ ዘለዎም፡ ዕላማ ኣምላኽ እዩ። እቲ ንስኻ እትሕዙ ዕላማ ኣብ መበገሲታቱ ኪፈላለ ይኽእል እዩ። ማለት፡ ውሉድ ከተዕቢ ከለኻ መበገሲ ነጥብኻ ንዓኻ ኪጠቕሙኻ ኢልካ እንተተበጊስካ ዕላማኻ ካብኡ እዩ ዚጅምር። ኣፈጻጽማኡ ድማ ብመጠን እቲ ኣጀማምርኡ ይኽውን። ግናኽ መበገሲ ነጥብኻ ካብቲ ኣምላኽ ንሰብ ኪፈጥር ከሎ ዝነበሮ ዕላማ፡ እንተጀሚሩ ኣተዓባብያኻ ኽምኡ ይኽውን። ኣምላኽ እምበኣር ንሰብ ዝፈጠሮ፡ ኣብ ምድሪ ንዕኡ ምእንቲ ኪገልጽ ኢሉ እዩ። ስለዚ እምበኣር፡ ብዛዕባ ኣተዓባብያ ከም ወለዲ ዘሎና መበገሲ ነጥቢ፡ ካብ ዕላማ ኣምላኽ ዚጅምር እንተኾይኑ፡ ኣብ ምድሪ ንኣምላኽ ዚኾኑ ሰባት ኢና እነፍሪ። ምእንትዚ ድማ እቲ ጽሑፍ እንተርኢናዮ "ብናይ ጎይታ ተግሳጽን ምዕዶን ኣዕብዩዎም" ዚብል።

ምዕራፍ 10
ስርዓት ዕዮ

ኣምላኽ፡ ኣምላኽ ስርዓት ካብ ምኳኑ ዝተላዕለ፡ ንኹሉ ስርዓት ኣቑሙ ካብ ፈጠሮ፡ ከምኡ ኽኣ ንምድርን ኣብኣ ዘሎን ኪገብር ከሎ፡ ንምድሪ ዚዓዩ ሰብ ብምግባር ስርዓት ዕዮ'ውን ገይሩ እዩ ፈጢርዎ። ከመይሲ፡ ንኣዳም ንምድሪ ኪዓያ ትእዛዝ ኪህቦ ከሎ፡ ንኣዳም በይኑ ኣይኮነን ዚርኢ ነይሩ። ንሱ ኣብ ዓለም ኪመጽእ ዘለዎ ህዝቢ ብምርኣይ ስርዓት ዕዮ እዩ ዘእቱ ነይሩ። *"እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኸኣ ንሰብ ወሲዱ ኪዓያን ኪሕልዎን ኣብ ገነት ሔድን ኣቐመጦ" (ዘፍ 2፡15)* እዚ ቃል እዚ ንምድሪ'ውን እዩ ዜመልክት፡ ምኽንያቱ እቲ ቃል ከምዚ ስለዚብል፡-

"እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ገና ኣየዝነመን ነበረ። ንምድሪ ዝዓዩ ሰብ'ውን ኣይነበረን እም ገና ገለ ኣም መሮር ኣይነበረን። ሳዕሪ መሮር ክኣ ሓንቲኳ ኣየብቆለትን ነበረት።" (ዘፍ 2-5)

ብመሰረት እዚ ጽሑፍ እዚ፡ ኣዳም ጥራይ በይኑ ንምድሪ ኪዓያ ኣይክእልን እዩ። ግናኽ ብኣዳም ኣቢሉ ንምድሪ ዚዓዩ ኣብ ምድሪ ዚኽውን ሰብ ይርኢ ስለዝነበረ እዩ። ነዚ ዜረድኣና ሓደ ሓሳብ ክንርኢ። ኣዳምን ሄዋንን ንበይኖም ከለዉ ኣምላኽ ንነዊሕ ዝጠመተ ስርዓት ሓዳር ኬእቱ ኽሎ፡- *"ስለዚ ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን ይሓድግ ምስ ሰበይቱ ክኣ ይጠብቕ፡ ሓደ ሲጋ ድማ ይኾኑ፡" ይብል። (ዘፍ 2-24)*

ኣብዚ ጽሑፍ ኣምላኽ፡ ስርዓት ድኣ እዩ ዜእቱ ዘሎ እምበር ምሕዳግ ኣቦን ኣደንሲ ንኣዳም ኮነ ንሄዋን ብቕጥታ ዚምልከቶም ኣይኮነን። ከመይሲ፡ ኣቦን ኣደን ኣይነበርዎምን። ከምኡ ኽኣ ኣምላኽ ንምድሪ ዕየያ ኪብሎ ኽሎ ንነዊሕ ዝጠመተ ስርዓት ደኣ እዩ ዜእቱ ዘሎ እምበር፡ ኣዳም ንበይኑስ ንምድሪ ኪዓያ ኢሉ ኣይኮነን።

ንምድሪ ምዕያይን ናይ ምዕያይ ስርዓትን ሰብ መጀመርታ ናብ ምድሪ

ምስ መጸ እዩ ተዋሂብዎ። እዚ ኽአ ሰባት ንምድሪ ኪዓይዋ ስርዓት ኬእቱ ኽሎ ንኹሎም ብሓደ ዓይነት ጽፍሒ ሓላፍነት ከምዘይኮነ ርዱእ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ቃል አምላኽ ከምዚ ዚብል፡ *"ብሓምላኽ ዘይኮነስ ሰልጣን የልቦን፣ እቶም ዘለዉ ሰልጣናት ኸኣ ብሓምላኽ እተሰርዑ እዮም እሞ፣ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ሰልጣን ዘለዎ ይገዝኣዮ። ስለዚ ኽኣ ነቲ ብዓል ሰልጣን ዚቃወም ነቲ ስርዓት ኣምላኽ እዩ ዚቃወሞ።" (ሮሜ 13፡1-2)*

ኣብዚ ጽሑፍ፡ ነቲ ሰብን ነቲ ስርዓትን ክልቲኡ ብምፍልላይ እዩ ዚዛረበሉ ዘሎ። ንሱ ኽኣ እቲ "በዓል ስልጣን" ዚብል ቃል ነቲ ሰብ እዩ ዜመልክት፡ "ነቲ ስርዓት" ዚብል ቃል ግና፡ ነቲ ምኽሪ ኣምላኽ እዩ ዘመልክት። ስለዚ ኽኣ'ዩ ነቲ በዓል ስልጣን ዚቃወም ነቲ ስርዓት እዩ ዚቃወም ዚብል ዘሎ። ከመይሲ፡ ቅድሚ ሰብ ስርዓት እዩ ዚቕድም።

ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ስርዓት ዘእተወ፡ ኣብ ሰማይ፡ ኣምላኽ ስርዓት ስለዝኾነ እዩ። እቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ጽቡቕ ስርዓታት ብምሉኡ ነጸብራቕ ናይ ሰማይ ስርዓት እዩ። ነዚ ዜረድኣና ጽሑፍ ንርኣ፦

"እቲ ሓለቃ ሚእቲ ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፡ ጎይታይ፡ ኣነ፡ ንስኻ ናብ ቤተይ ክትኣቱ፡ ኣይበቕዕን እየ እሞ፡ ሓንቲ ቓል ጥራይ ድኣ በል፡ ቆልዓይ ድማ ይሓዊ። ኣነ ኽኣ ኣብ ትሕቲ መላኺ ዝግዛእ፡ ብትሕተይውን ሜኍራ ዘሎኒ ሰብ እየ እሞ፡ ነዚ ኪድ ኣብሎ ይኸይድ፡ ንሓደ ካልእ ኸኣ ንዓ፡ ይመጽእ። ንባርያይውን እዚ ግበር፡ ይገብር ኸኣ።" (ማቴ 8፡8-9)

ኣብዚ ጽሑፍ እዚ እቲ ሓለቓ ሚእቲ ንየሱስ ኪዛረቦ ኽሎ፡ ናይ ስራሕ ሌላ ዚገብረሉ ዘሎ ይመስል። ግናኸ፡ እዚ ሓለቓ ሚእቲ ዝተዓዘቦ እሞ ኽኣ ንየሱስ ዘስተንከሮ ነገር፡ እቲ ናቱ ምእዛዝ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎን ምእዛዝ ናይቶም ትሕቲኡ ዘለዉን፡ ካብ ርእሶም ዘይኮነስ መሰረቱ እቲ መንፈሳዊ ዓለም ምኽኑ ምርድኡ እዩ። ስለዚ ድማ ነዚ ምድራዊ ስርዓት መወከሲ ብምግባር ንየሱስ ሓንቲ ቃል ጥራይ ተዛረብ ወደይ ድማ ይሓዊ ይብሎ። እዚ ማለት ከኣ ኣብ ምድሪ ልዕሌኻ ንዘሎ ምእዛዝ ካብ ሃለወ፡ መሰረቱ ሰማያዊ እዩ። ንስኻ ድማ ሰማያዊ በዓል ስልጣን ኢኻሞ፡ ኩሉ ስለ ዚእዘዘካ ተዛረብ ጥራይ ይብሎ። ብኻልእ ኣበሃህላ ድማ ኣነ ዝእዘዝ እቶም ገላዎይውን ዚእዘዙኒ ዘለዉ ኣምላኽ ንሰብ ብስርዓት ስልጣን ኺነብር ስለ ዝፈጠሮ'ዩ እዩ ዚብል ዘሎ። ስለዚ፡ ቅድሚ ህላወ ሰብ ኣብ ምድሪ፡ ህላወ ኣምላኽን ስርዓቱን እዩ ዚቕድም። ስርዓት ምድሪ ድማ መሰረቱ ስርዓት ሰማይ ካብ ኮነ፡ ስርዓት ምፍልላይ ጽፍሒታት ሓላፍነት ሰብ ዝፈጠሮ ወይ ሰብ ዝሰርየ ኣይኮነን። ሰብ ብዝተፈላለየ ጽፍሒታት ዕዮ ኪዓዱ ኽሎ፡ ናብቲ ኣምላኽ ዝሰርየ ምፍልላይ ጽፍሒታት ደኣ እዩ ኣትዩ እምበር፡ ሰብ ኣይኮነን ነቲ ስርዓታት ዝሰርየ። ኣተኣታትዋ ናብቲ ጽፍሒታት ሓላፍነት ብዝተፈላለየ መገዲ ኪኸውን ይኽእል። እቲ ስርዓት ከም ስርዓት ግና ኣምላኽ ዝሰርየ ስርዓት እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ምድሪ ስርዓት ኣዛዝን ተኣዛዝን

ምህላዉ ካብ ኣምላኽ እዩ።

ዝምድና ሰራሕተኛን ኣስራሕን

"ኣቱም ግዑኣት፡ ነቶም ብሲጋ ጎይቶትኩምሲ ብፍርሃትን ብምንቅጥቃጥን፡ ብገርህት ልብኹም ከም ንክርስቶስ ጌርኩም፡ ተኣዘዝዎም። ከም ግዑኣት ክርስቶስ ኪንኩም ነቲ ፍቓድ ኣምላኽ ካብ ልቢ ክትገብርዎ ደኣ እምበር፡ ንሰብ ባህ ከም እተብሉ ብገጽርኤ ኣይኮነን" (ኤፌ 6፡5-6)

ኣብዚ ጽሑፍ እዚ፡ ግዑኣት ከመይ ኢሎም ንጎይቶቶም ኪግዝእዎም ከም ዘለዎም ኪዛረብ ከሎ፡ "ነቲ ፍቓድ ኣምላኽ ካብ ልቢ ክትገብርዎ" ዚብል ቃል ይጥቀም። እቲ ቀደም ባርያን ጎይታን ተባሂሉ ዚፍለጥ በዚ ጊዜ እዚ ኣብ ዝተፈላለየ ዕዮ ንዘለዉ ሰራሕተኛታትን ኣስራሕትን ዚብል ቃል ዚውከል ሓሳብ እዩ። እሞ ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ሰባት ማለት ኣስራሕን ሰራሕተኛን እናተዛረበ ክሰኡ፡ ስለምንታይ እዩ "ነቲ ፍቓድ ኣምላኽ" ዚብል ቃል ዚጥቀም ዘሎ? ብዛዕብኡም ጥራይ ዘይዛረብ? መሰረት ናይዚ፡ ስርዓት ሰራሕተኛን ኣስራሕን ምኽኑ ከም ስርዓት፡ ካብ ኣምላኽ ምኽኑ ንምርዳእ እዩ።

ንሕና ግና እቲ መንፈሳዊ ዕላማ (ሓሳብ) እንተዘይተረዲኡና ናይ ስራሕ ነገር ኣብ መንጎ እቶም ሰባት ጥራይ ጌርና ስለ እንርድኡ፡ ከም ክርስትያናት ምስ ኣስራሕትና ዘሎና ዝምድና ከምቲ ኣምላኽ ዚደልዮ ኽይከውን ይኽእል እዩ። ኣረዳድኡና ስርዓት ኣምላኽ ካብ ዚብል እንተጀሚርና ግና፡ ንስርዓት ኣምላኽ ክንብል፡ ምስ ኣስራሕትና ዘሎና ዝምድና ከምቲ ኣምላኽ ዚደልዮ ስለዚኽውን፡ ብእኡ ድማ ንኣምላኽ ኣብዛ ምድሪ ከነኽብሮ (ክንገልጾ) ንኽእል።

ዝምድና ኣስራሕን ሰራሕተኛን

"ባርያ ኾኑ ሞዋ ኾኑ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰናይ ዚገብር ካብ ጎይታ ከም ዚቕበሎ ፍለጡ። ኣቱም ጎይቶትውን፡ ከምኡ ግበሩሎም፡ እቲ ጎይትኣምን ጎይታኹምን ኣብ ሰማይ ምህላዉ እሞ ኣብኡ ኣድልዎ ገጽ ከም ዜልቦ ፈሊጥኩም፡ ምፍርራሀ ሕደጉ።" (ኤፌ 6፡8-9)

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ስርዓት ምፍልላይ ጽፍሒታት ካብ ኣምላኽ ካብ ኮነ፡ ብሓላፍነት ምዕያይ'ውን ካብ ኣምላኽ እዩ። ስለዚ ሓላፊውን እንተኾነ ካብቲ ኣምላኽ ዝሰርየ ቦታ ኳንካ ትዓዩ ስለዘሎኻ፡ ሓሳብ ኣምላኽ ተረዲኡካ ንሓላፍነትካ ብግቡእ ክትዓየሉ ኽትክእል ኣሎካ። ብዙሕ ጊዜ ኣብ ሓለፍቲ ዚርእ ንሰራሕተኛታቶም ምጭቋንን ምፍርራህን ስለዝኾነ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ

ኣብዚ ጽሑፍ ከምዚ ኢሉ ዝጸሓፈ፦ *"እቲ ጎይታኣምን ጎይታኹምን ኣብ ሰማይ ምህላዉ እሞ ኣብኡ ኣድልዎ ገጽ ከምዘየሎ ፈሊጥኩም ምፍርራህ ሕደጉ።"* (ኤፌ 6፡9)

እዚ ቃል እንተርኢናዮ፡ ኣምላኽ ንዕዮ ምእንቲ ኪጥዕም ስርዓት ከኣ ኪህልዎ ስለዘለዎ እዩ ምፍልላይ ጽፍሕታት ሓላፍነት ፈጢሩ እምበር፡ ከም ሰብሲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓደ እዮም። ስለዚ ድማ እዩ "ኣብኡ ኣድልዎ ገጽ ከብ ዜልቦ ፈሊጥኩም" ዚብል ቃል ዚጥቀም ዘሎ፡ ከመይሲ ምፍላጥ ኣገዳስነት ስለዘለዎ።

ብዙሕ ጊዜ ግና እዚ ብዘይምፍላጥ ልክዕ ብገዛእ ርእስና ሓለፍቲ ከም ዝኾንና ንገዛእ ርእስና ድማ ፍሉያት ጌርና ብምውሳድ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታትና ክንትይተት ንርኤ። ሕሉፍ ሓሊፉ ኣብቶም ክርስትያናት እዚ ነገር እዚ ይንጸባርቕ እዩ። ካልኣይ ክንርድኣ ዘሎና ነገር እንተሃልዩ ድማ፡ ካብዚ ጽሑፍ ከይወጻእና "ጎይታኣምን ጎይታኹምን ኣብ ሰማይ ምህላዉ ፈሊጥኩም" ዚብል ሓሳብ እዩ። እዚ ኽኣ ካብቲ ቀንዲ ንሰራሕተኛታትካ ብጽቡቕ ክትሕዝ ዚገብር ምኽሪ/ሓሳብ እዩ። ከመይሲ፡ ጎይታኻ ኣብ ላዕሊ ከምዘሎ እንተፈሊጥካ ንሱ ኽኣ ብፍቕርን ትዕግስትን ዚመርሓካ ካብ ኮነ ንምንታይ ደኣ እሞ ንስኻ ናቱ ኣርኣያ ዘይትወስድ? ስለዚ፡ እቲ ኣብ ልዕሌኻ ዘሎ ጎይታኻ ከምቲ ንዓኻ ንስኻ ድማ ከምኡ ነቶም ሰራሕተኛታትካ (ግዙኣትካ) ክትሕዞም ይግበኣካ እዩ። *"ኣቱም ጎይቶት ንኣኻትኩም'ውን ኣብ ሰማይ ጎይታ ከም ዘለኩም ፈሊጥኩምሲ ንግዙኣትኩም ቅኑዕን ግቡእን ግበሩሎም"* (ቈሎ 4፡1)

መደምደምታ

ንዛ መጽሓፍ እዚኣ ሓፈሻዊ ገለጻ ናይ ትሕዝቶ መልእኽቲ ኤፌሶን ከይና፡ ብመሰረት እታ መልእኽቲ ኣብ ክልተ ክፋል እትኽፈል ገይረ እየ ጽሒፈያ ዘለኹ። ናይዘን ክልተ ክፋል ሓሳብ ድማ፡ ማለት "ጽወዓኻ ምፍላጥን" ""ንጽወዓኻ ብቑዕ ኴንካ ምምልካስን" ኮይኑ፡ ብምዕራፋት ናይታ መልእኽቲ እንተርኤና ኽኣ 1ይ፡ 2ይ፡ ከምኡውን 3ይ ብክርስቶስ ዘሎካ ጽወዓ ምፍላጥ ኪኸውን ከሎ 4ይን 5ይን ምዕራፋት፡ ከምኡውን ገለ ክፋል 6ይ ምዕራፍ (ማለት ካብ 1-9 ዘሎ ፍቕድታት) ድማ ነቲ ጽወዓኻ ብቑዕ ምኻን ዚብል ሓሳብ ሒዘን እየን ዘለዋ። እዛ ኣብ ሻድሻይ ምዕራፍ ሃዋርያ ጳውሎስ ብምሳሌኣዊ ኣዘራርባ ተጠቂሙላ ዘሎ ኽኣ መጠቓለሊ ሓሳብ ናይተን ሓሙሽተ ምዕራፋትን ገለ ፍቕድታት 6ይ ምዕራፍን እያ። እተን ጥቕስታት እንተድኣ ርኢናየን ከምዚ እየን ዚብላ፦

"እቲ ቕልሰና ምስ ሕልቅነትን ሰልጣናትን ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ ኣከይን ኣብ ሰማያት እዩ እምበር፡ ምስ ሲጋን ደምን ኣይኮነን እሞ፡ ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋሙ ምእንቲ ኽትከእሉ፡ ኩሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ። ስለዚ በታ እከይቲ መዓልቲ ምቅዋም ምእንቲ ኽትከእሉ፡ ኩሉ ምስ ኣለጥኩምውን ደው ክትብሉ ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ኣልዕሉ። ደጊም ሕቑኽም ብሓቂ ተዓጢቕኩም ድርዒ ጽድቂውን ተኽዲንኩም ቁሙ። ነቲ ናይ ወንጌል ሰላም ምድላው ኣብ ኣእጋርኩም ከም ኣሳእን ኣእቲኹም ደው በሉ። ምስናይ እዚ ኹሉ ነቲ ናይቲ ኽፉእ ርሱን መንትግ ዘበለ ኽተጥፍኡ ክትኽእሉ ዋልታ እምነት ኣልዕሉ። ናይ ምድሓን ቁራዕ ርእሲ ኣእትዉ ናይ መንፈስ ሰይፈውን፡ ማለት ቃል ኣምላኽ ሓዙ።" (ኤፌ6፡11-17)

ኣብዘን ጽሑፋት እንተርኢና፡ ተመሳሳሊ ቃላት ተጻሒፈን ዘለዋ "ልበሱ"፡ "ኣልዕሉ"፡ "ተዓጠቑ"፡ "ኣእትዉ" ዚብላ ቃላት እየን። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ስእላዊ መግለጺ ተጠቂሙሉ ዘሎ ሰብኣይ፡ ቅድሚ እዘን ተባሂለናሉ ዘለዋ ምግባሩ፡ ብሓሳብና እንተደኣ ስኢልናዮ ዋላ ሓደ ዕጥቂ (ኣጽዋር) ዘይብሉ ሰብኣይ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ "ኣእቱ"፡ "ልበስ"፡ "ኣልዕል" ዝበሃለሉ ዘሎ። እዚ ኽኣ ብመንፈሳዊ ኣዘራርባ ንመንፈሳዊ ውግእ ዚጠቅም ኣጽዋር እዩ። ማለት ኣንጻር ጸላኢ ደው ክትብል ዘኽእለካ ነገር እዩ። ብመሰረት መልእኽቲ ናብ ሰብ ኤፌሶን እንተደኣ ርኢናዮ ኽኣ እዚ ደው ምባል ዚብል ሓሳብ፡ እዘን

ክልተ ኣርእስትታት፡ ማለት "ጽውዓኻ ምፍላጥን" "ብቑዕ ኴንካ ምምልላስን" ዚብላ ኣንጻር ውዲትን ፍሕሶን ስራሕ ጸላእን ደው ንኽትብል ዘኽእላኻ ቅድመ ኩነት እየን። ስለዚ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝበልክዎ እዚ ዋላ ሓደ ዕጥቂ ዘይብሉ ኢልና ብሓሳብና ዝሰኣልናዮ ሰብኣይ፡ እዘን ኣጽዋር እንተደኣ ገይሩ፡ ለቢሱ፡ ኣእትዩ፡ ኣልዒሉ ኣንጻር ዕዮ ጸላኢ ደው ኢሉ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ ኽኣ እቲ ጽወዓኻ ምፍላጥ ናይ ቁራዕ ርእስን ዋልታ እምነትን ዚብል ሓሳብ ኪገልጽ ከሎ፡ ብቑዕ ኴንካ ምምልላስ ዚብል ድማ ኑቲ ክርስትያናዊ ስነ ምግባር ዚገልጽ ኮይኑ፡ ድርዒ፡ ዕጣቕ፡ ኣሳእን፡ ከምኡውን ሴፍ ዚብል ቃልን ሓሳብን ዚውክል እዩ።